# ቃለ-መሕትት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

# ኣብ ዓለማዊ፡ ዞባውን ዘቤታውን ጉዳያት




*ክቡር ፕረዚደንት፡ ዓለምና ቅልውላውን ነውጽን ብዝበዝሖ እዋን ትሓልፍኣላ። ኩነታት ዩክሬን፡ ምትህልላኽ ዓበይቲ ሓይልታት ኣብ ባሕሪ ደቡብ እስያ፡ ግጭት እስራኤል ምስ ሓማስ፡ ሕዝቡላህ፡ ኢራን፡ ሑቲ፡ ብዙሕ ህይወት ይቕዝፍ ኣሎ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ'ውን ኲናት ሓድሕድ ሱዳን፡ ውሽጣዊ ግጭታት ኢትዮጵያን ሶማልን ኣሰካፊ እዩ። ኣብዚ ሕጽር ዝበለ ቃለ-መጠይቕና ናብዚ ዝተጠቕሰ ዓለማውን ዞባውን ኩነታት፡ ብዓቢኡ ድማ ናብ ዘቤታዊ ጉዳያት ዝቐንዐ ሕቶታት ሒዝና ቀሪብና ኣለና። ዕድል ስለዝሃብካና ብስም ተኸታተልቲ እናኣመስገንና ብኣህጉራውን ዞባውን ኩነታት ክንፍልም። ሕቶታትና ብፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ ክንፍልም ኢና። ፕረዚደንት ትራምፕ ብዓብላሊ ድምጺ ንኻልኣይ እብረ ተዓዊቱ ኣሎ። ምስ ምምጻእ ሓዲሽ ምምሕዳር ኣመሪካ፡ ክስራሓሉ ኣብ ዝጸንሐ ፖሊሲታት ናይዛ ርእሰ-ሓያል ሃገር ኮነ ህሉው ዓለማዊ ኩነታት ለውጢ ክመጽእ ይኽእል'ዶ?*

ተራ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዓለምና ቀሊል ኣይኮነን። ናይ ትራምፕ ዳግማይ ናብ ስልጣን ምምጻእ ኣብ ውሽጢ ገፊሕ መቓን (context) ክርአ ዘለዎ እዩ። ብግዜ እንተርኢናዮ፡ ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ዝነበረ እዋን ዝሑል ኲናት፡ ናይ ኣመሪካ ቦታ ኣብ ዓለምና እንታይ ይመስል ነይሩ? እንታይ ጽልዋታት ነይሩዎ? ዝሑል ኲናት ምስተወደአ፡ ኣብ ዝሓለፈ ልዕሊ 30 ዓመታት፡ እንኮ ቀጽራዊ ዓለም ንምፍጣር ኣብ ዝተሃቀነ ጻዕሪ ተራ ዋሽንግተን እንታይ ነይሩ? ናይ ፕረዚደንታት ምቅይያራት እንታይ ግደ ነይሩዎ። ትራምፕ ፈለማ ዝመጻሉ እዋን እንታይ ምልክታት ሰዲዱ ነይሩ? ሕጂ'ኸ ምስ ዳግማይ

ምምጻእ ትራምፕ እንታይ ክንጽበ ንኽእል? ለውጢ ክመጽእ ይኽእል ድዩ? እንታይ ዓይነት ለውጢ? ምስቲ ዝሓለፈ ነዊሕ ታሪኽ ኣዛሚድካ ክርአ ዘለዎ እዩ።

ከም መበገሲ 'ማጋ' (Make America Great Again) ዝብል ኣርእስቲ ንውሰድ። 'ማጋ' ማለት "ንኣመሪካ መሊስካ ሓያል ግበራ" ዝብል ጭርሖ ኣብ ቆብያም፡ ኣልባሳቶም ክንርእዮ ዝጸናሕና፡ ትራምፕ ድማ ደጋጊሙ ዝዛረበሉ ኣርእስቲ'ዩ። "ንኣመሪካ መሊስካ ሓያል ግበራ" እንታይ ማለት እዩ? እንተድኣ ኢልና "ኣመሪካ የላን፡ ከምቲ ንሓስባ ዓባይ ኣይኮነትን፡ ስለዚ ሓያል ንግበራ፡ ዓባይ ንግበራ" ዝብል መልእኽቲ ዝሓዘ እዩ። ብናይ ትራምፕ ኮነ ብዙሓት ዝስዕብዎ ኣመሪካውያን መረዳእታ፡ 'ኣመሪካ ዓባይ ኣይኮነትን ዘላ'። ስለምንታይ እያ ዓባይ ዘይኮነት? ስለምንታይ'ያ ሕጂ ከም ብሓድሽ ክትሕይል ዘለዋ? ዝብል ሕቶ ክስዕብ ይኽእል። ብርግጽ ኣመሪካ ኣብዚ ሕጂ እዋን ከምቲ ቀደም ኣብ እዋን ዝሑል ኲናት ኮነ ድሕሪኡ ዝነበረቶ ኣይኮነትን ዘላ። ኣብዞም በሃራት (Elite) ኣመሪካ ዘሎ መረዳእታ (ኩሉ ከምኡ ይሓስብ'ዩ ኢልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን) ሓቅነት ኣለዎ።

ካልኣይ ኲናት ዓለም ድሕሪ ምብቅዑ ኣብ ዝነበረ እዋን ስርዓታት ኣመሪካ ዓብላሊ ተራ እዩ ነይሩዎም፡ ግን ቁሩቊስ'ዩ ነይሩ። ዳርጋ ን50 ዓመታት ኣብ መንጎ'ቲ ሶቭየት እትመርሖ ኪዳን 'ዋርሶው'ን ኣመሪካ እትመርሖ 'ኔቶ'ን ሓያል ቃልሲ እዩ ነይሩ። 'ዝሑል ኲናት' እንብሎ። እዚ ኩነታት'ዚ ከይዱ ከይዱ ኣብ መወዳእታ ኣብቂዑ። ናይ ኣመሪካ ሓይልን ተወዳዳርነትን ኣይኮነን ከምዘብቅዕ ገይሩዎ። ናይ ሶቭየት ምፍርኻሽ'ዩ። በዓል ጎርባቾቭ ዘተኣታተውዎ ፐረስትሮይካን ካልእ ማልእን ዝብል ፖሊሲ ንሶቭየት ሕብረት ኣብ ምብትታን፡ ካብቲ መስርሕ ኣብ ምውዳእ፡ ዓቢ ተራ'ዩ ተጻዊቱ። ስለዚ ብተዘዋዋሪ በዓል ሬገን ወይ ታቸር ዘካየድዎ ቃልሲ ተዓዊቶምሉ ክንብል ንኽእል ኢና። ብናይ ሶቭየት መራሕቲ ስሕታን ቅመራ (Miscalculation) ማለት እዩ። እቲ ለውጢ ብዝመጸ ይምጻእ፡ ኣብ መወዳእታ ዝሑል ኲናት ኣኽቲሙ። ምኽታም ዝሑል ኲናት ድማ ናይ እንኮ-ቀጽሪ ስምዒት ክብገስ ጀሚሩ? "ዓለም ክንቈጻጸራ ኢና፡ ዓለም ክንገዝኣ ኢና፡ ዓለም ክንግብታ ኢና፡ ድሕሪ ደጊም ብቑጠባ፡ ብወተሃደራዊ ሓይሊ፡ ብቴክኖሎጂ ወዘተ. ኣብ ዓለም ዝዳረገና ክህሉ የብሉን፡ ዝኾነ ሓይሊ ብጽልዋን ዕበለላን ማዕረና ክመጽእ የብሉን" ዝብል ኣተሓሳስባ ኣምጺኡ።

ምኽታም ዝሑል ኲናት ኣጋግዩዎም ኢልካ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። "ኣብ ዓለም እንኮ ቀጽራዊ ስርዓት ከነንግስ ኢና፡ ብዝተፈላለየ ጽልዋታት ንሕና መራሕቲ ናይ ዓለም ኢና፣ ንካልኦት ክንቀጽዕ ኢና...." ዝብል ስኽራንን ግጉይ ግምትን ስሕታን ቅመራን ኣምጺኡ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ድረታ (ኮንተይመንት) ዝብል ኣምር

ማዕቢሉ። 'መን እዮም እቶም ክወዳደሩና ወይ ማዕረና ክመጽኡ ዝኽእሉ? ስለዚ ክንድርቶም (ኮንተይን ክንገብሮም) ተባሂሉ። ዝሓለፈ ልዕሊ 30 ዓመታት እንተተመልኪትና በዚ ሓሳብ'ዚ ዝተደረኸ ዝተፈላለየ ምዕባለታት ክነንብብ ንኽእል። ካብ ግዜ ክሊንተን ጀሚርካ ንደሓር ናይ ዝመጽኡ ፕረዚደንታት ኣተሓሳስባን ኣካይዳን፡ በዚ መሰረታዊ እምነት ዝተገዝአ'ዩ ነይሩ። እዚ ሕጂ እንርእዮ ዘለና ናይ ዩክሬን ይኹን ናይ ታይዋን ኩነታት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ካልእ ከባቢታት ዓለምና ጽልዋ ምዕባይን ምሕያል ብዝብል ኣካይዳ ዝተፈጥረ ነውጺ ውጽኢት ናይዚ ኣተሓሳስባ'ዚ እዩ። እዚ፡ ብቐጥታዊ ምትእትታው ኮነ ብመገዲ ናቶም ወኪላት ወይ መልሕቓት (ኣንከራት) ክትግበር ዝጸንሐ ፖሊሲ፡ ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት እንታይ ፈጢሩ እተድኣ ኢልካ ሓደ ብሓደ ክትግምግሞ ትኽእል ኢኻ።

ትራምፕ ኣብቲ ፈለማ ዝመጽኣሉ 'መሊስካ ንኣመሪካ ዓባይ ግበራ' (Make America Great Again) ክብል ከሎ፡ ኣመሪካ ምእንቲ ናብ ዝነበረቶ ናይ ቀደም ዝናን ሓይሊን ክትምለስ፡ ቦታኣ ክትሕዝ ኣለዋ ዝኣመቱ ኣተሓሳስባ እዩ ነይሩ። ንትራምፕ ዝርኣዮኦ ዝነበራ መወዳድርቲ ቻይናን ሩስያን ኮይነን ቀዳመይቲ ግን ቻይና እያ። ምስ ሩስያ ብመጠኑ፡ ዝምድናታት ክመዓራረ ይኽእል'ዩ፡ እታ ቀዳመይቲ ስግኣት ናይ ኣመሪካ ወይ ንኣመሪካ ካብ ቦታኣ ዘውረደታ ቻይና እያ" ዝብል እምነት እዩ ነይሩዎ። እዚ ሕጂ 10 ሚእታዊት 25 ሚእታዊት ታሪፍ ወስኽ ወዘተ....ዝበሃል ዘሎ፡ ኣመሪካ ዓባይ ወይ ሓያል ምእንቲ ክትከውን ናይ ቻይና ዓብላሊ ጽልዋ ብዓለም ደረጃ ክጭበጥ ክኽእል ኣለዎ ብዝብል ኣተሓሳስባ'ዩ። ዝርዝሩ ብኣሃዛት ክዝረበሉ ይኽእል እዩ። ብርግጽ ግን፡ ቀዳመይቲ ስግኣት ናይ ኣመሪካ፡ ኣብ ከምዚ ደረጃ ዘውረደታ፡ ቻይና እያ። ብዓለም ደረጃ ዝተፈላለየ ስታስቲክስ ክወጽእ ይኽእል'ዩ፣ እንተኾነ ሎሚ ቅድሚ ቻይና ዝስራዕ፡ ቁጽሪ ሓደ ቍጠባዊ ሓይሊ ኣብ ዓለምና ኣሎ ዝብል ሰብ እንተድኣ ኣሎ "እስከ ኣረድኣኒ በየን በየን መለክዒታት" ኢልካ ክሕተት ይከኣል እዩ። ብቝጠባዊ ሓይሊ፡ ኣመሪካ ንቻይና ክትወዳደራ ኣይትኽእልን እያ።

ብወተሃደራዊ ሓይሊ እንተመጺእና፡ ክንደይ ኑክሌሳዊ ርእሲ-ኲናት (war-heads) ኣሎ ኣይኮነን እቲ ሕቶ። ብቐንዱ እንታይ'ዩ ወተሃደራዊ ሓይሊ? ብደረጃ ዓለም ብጽልዋ፡ ብዕብለላ ርእሰ-ሓያል ዝብሃል በየናይ መልክዒታት እዩ? በዚ መንጽር'ዚ ኣመሪካ ኣበይ ትስራዕ? ቁጠባ እቲ ቀንዲ ዝዓበየ ረቛሒ እዩ። ብቴክኖሎጂ እንተመጺኻ እውን ሎሚ ቻይና ከም ቀደም ኣይኮነትን። ስለዚ፡ እቲ ንእንኮ ቀጽራዊ ኣተሓሳስባ ዘፈልፈለ፡ ኣብ ዓለም ዝወዳደረና ሓይሊ ክህሉ የብሉን፡

ብቴክኖሎጂ፡ ብቑጠባ፡ ብወተሃደራዊ ሓይሊ፡ ብጽልዋ ዝብል ኣተሓሳስባ ብግብሪ የለን። እቲ ኣተሓሳስባ ኣይሰርሐን። ካብ 1990ታት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ኣስታት 35 ዓመታት ቻይና ኣብ ዓለም ክትሕዞ ዝበቐዐት ቦታ ዝከራኸረሉ ሓይሊ ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን። ብቁጠባ፡ ብቴክኖሎጂ፡ ብወተሃደራዊ፡ ብጽልዋ ኣብ እስያ ድዩ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ኤውሮጳ፡ ኣብ ኣመሪካ ንገዛእ-ርእሱ ቻይና ዘለዋ ቦታ ቀሊል ኣይኮነን።

ቁጠባ ኣመሪካ ብመንጽር ናይ ቻይና እተዛሚድካዮ፡ ኣመሪካ ዕዳኦም (ናይታ ሃገር ዕዳ) 32 ትሪልዮን ዶላር በጺሑ ኣሎ፡ ምናልባት ልዕሊኡ 34 ወይ 36 ትሪልዮን እውን ክኸውን ይኽእል። በየን እዩ ዝውህለል ዘሎ እዚ ዕዳታት'ዚ? ካበይ'ዩ መጺኡ? ስለምንታይ'ዩ፡ እዚ ቀዳማይ ናይ ዓለም ዝበሃል ዝነበረ ቁጠባ ኣብ ከምዚ ደረጃ'ዚ ወሪዱ እንተድኣ ኢልና፡ ካብዚ ትሪልዮናት ዕዳ፡ 25% ቻይና ንኣመሪካ ትእውዳ እዩ - ብዝተፈላለየ መገዲ። ነዚ ቁጠባዊ ምዕባለታት'ዚ ዘምጽአ ኣብ ምዕራብ ዝነበረ፡ "ንሕና ልዕሊ ኩሉ ኢና፡ ቻይና ክትቀድሕ'ያ ትኽእል'ምበር ክትምህዝ ኣይትኽእልን እያ፡ ናይ ቻይና 'ፓወር ሃውስ' ዝብሉዎ ንሳቶም ክንጥቀመሉ ኢና፡ ናይ ዕዮ ዋጋ (labour cost) ታሕቲ እዩ፡ ዋጋ ጸዓት (energy cost) ታሕቲ እዩ፡ ኣብኡ ጉልበት ስለዘሎ ፋብሪካታት ናብ ቻይና ክኸዳ ኣለወን፡ " ዝብል ኣተሓሳስባ እዩ። ቁጠባ ክበሃል እንከሎ ኣብ መወዳእታ ፍርያት (production) እዩ። በዚ መገዲ'ዚ ኢንዱስትርያዊ ፍርያት ቻይና እናዓበየ እናዓበየ መጺኡ ሕጂ ቀዳማይ ተሰሪዑ። ቻይና ዕዳ ኣለዋ'ዶ እንድሕር ኢልና - ዕዳ የብላን። ናይ ኤውሮጳ ጉዳይ ድሓር ቀሰይ ኢልካ ክዝረበሉ ይኽእል'ዩ፡ ኣመሪካ ግን ሎሚ ቁጽሪ 1 ቁጠባ ናይ ዓለም ኣይኮነትን። በዚ ድማ፡ ኣመሪካ ናይ ዓለምና ዝዓበየት ሃገር ኣይኮነትን (No more Great). ብቴክኖሎጂ ንሕና ኢና ቀዳሞት ይበሃል ነይሩ። ሎሚ ግን ቻይና ቀዲማቶም ከይዳ እያ። ምናልባት ኣብቲ ፈለማ እንኮ ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ክንፈጥር ኢና ክበሃል ከሎ፡ ሩስያ በቲ ዘለዋ ጂኦግራፍያዊ ስፍሓት፡ ቴክኖሎጂን ቁጠባን ኣብቲ እዋን'ቲ ከም ስግኣት ክቆጽሩዋ ባህርያዊ እዩ ነይሩ። ግን ሕጂ ኣብ ከምኡ ኩነት የላን።

ኣመሪካ ዳግማይ ዓባይ ሃገር ክትከውን እተንድኣ ኮይና ብቑጠባ ክትዕብልል ክትክእል ኣለዋ። ናይ ቻይና ውድድር ታሪፍ፡ ቀረጽ፡ እናጸዓንካ ክትገትኦ ክትክእል ኣለካ። ነቲ ካብ ኢድካ ዝመለቐ ሓይሊ ክትመልሶ ማለት እዩ። ኣመሪካ ካብ ቻይና ፍርያት ከተእቱ የብላን፡ ናታ ፍርያት ከተብዝሕ ኣለዋ፡ ብዓይነት፡ ብዓቐን ከተዕብዮ ክትክእል ኣለዋ። ክሳብ ናይ መክሲኮን ናይ ካናዳን ፍርያት ናብ ኣመሪካ ክይኣቱ 25% ታሪፍ ይገበረሉ ክበሃል እንከሎ፡ እቲ ቁጠባ ኣበየናይ ሰንኮፍ

ደረጃ ከምዘሎ'ዩ ዘረጋግጸልካ። ኣብ ኣዝዩ ሰንኮፍ ደረጃ'ዩ ዘሎ። ኣመሪካ መሸጢ ፍርያት ዕዳጋ እያ እምበር፡ ተፍሪ እያ፡ ትሽይጥ'ያ ክበሃል ኣይከኣልን። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ ምክልኻል (protectionism) እያ ዘላ። ብደገ ዝመጻካ ከመይ ጌርካ ትዓግቶ ወይ ትገትኦ'ዩ ዘሎ እቲ ኣተሓሳስባ። ከምኡ ጌርካ'ሽ ክትዓግቶ ትኽእል ዲኻ? ዓቢ ምልክት ሕቶ እዩ። እቲ ኣብ ዋሺንግተን ዘሎ ስርዓት የለን። ነዚ ናይ መወዳእታ ናይ ባይደን መንግስቲ እንተርኢናዮ፡ እቲ ሃገር ኣብ ከመይ ዝበለ ደረጃ ወዲቑ ኣንቆልቍሉ ከምዘሎ ምርዳእ ኣየጸግምን። ናይ ኣመሪካ ስርዓት ብቁጠባዊን ቴክኖሎጂያዊን ጽልዋ፡ ብዝምድናታት፡ ብዓለም ደረጃ እንተርኢናዮ እናተፈራኸሸ ክመጽእ ዝጸንሐ እዩ። ናይዚ ጨናፍር ካልኦት ሕቶታት እውን ከተልዕል ትኽልእ - ኔቶ ኣሎ ድዩ ብሓቂ? ሕብረት ኤውሮጳ ዝበሃል'ከ ኣሎ ድዩ? እንታይ'ዩ እዚ ኪዳናት (alliances) እዚ? ከም ደራዒ ሓይሊ ናይ ኣመሪካ ኣሎ ድዩ? እንታይ ይመስል ትሕዝቶኡ? ብጽልዋ ደረጃ ብእተፈላለየ መገዲ ክትግምግሞ ትኽእል ኢኻ።

ናይዚ ዝሓለፈ ኣስታት 35 ዓመታት ኣተሓሳስባ ከምዚ ዓይነት ጸገማት ከምጽእ ምኽኣሉ ዘገርም ኣይኮነን። ሕጂ “ማጋ” ክበሃል ከሎ ካልእ ዘይኮነ ግብረ-መልሲ እዩ። ካብቲ ዝተኸስረ ዕድላት፡ ካብ ዝተፈጥረ ሕማቕ ኩነታት ዝተወልደ ኣተሓሳስባ እዩ። ንኣመሪካ ከም ብሓድሽ ዓባይ ክትገብራ እንድሕር ኴንካ ድማ፡ ናብኡ ዘብጽሓካ ፖሊሲታት ክህሉ ኣለዎ። ሒዞሞ ዝጸንሑ ፖሊሲታት ብግብሪ እንተርኢናዮ ድረታ (containment) እዩ። እዚ ሕጂ ኣብ ኤውሮጳ እንርእዮ ዘለና ኩነታት ንሩስያ ናይ ምድራት ሕርያ እዩ። እንተኾነ ንሩስያ በይና ክትድርታ ኣይትኽእልን ኢኻ። ሕጂ ካብኣ ትሕይል ሃገር መጺኣ ኣላ። ንዓኣ'ሽ ከመይ ጌርካ ኮንተይን ትገብራ? ናይ ታይዋን ጉዳይ ተምጽእ፡ ሓድሽ ዓይነት ኪዳናት ትፈጥር፡ ህንዲ ምስ ዘለዋ ሓደ ሓደ ምፍሕፋሓት ምስ ቻይና ክትጥቀመላ ትፍትን፡ ንኣውስትራልያ፡ ጃፓን፡ ደቡብ ኮርያ ሓውሲካ ኣብ ባሕሪ ደቡብ ቻይና ሓዲሽ ኪዳን ብምፍጣር ንቻይና ክትቅይዳ ወይ ክትድርታ ትኽእል ኢኻ ዝብል ኣተሓሳስባ ብደረጃ ዓለም ኣብ ገዚፍ ጂኦግራፍ ዝስርሓሉ ዘሎ ፖሊሲ እዩ። ግን ይሰርሕ ድዩ? የወጽጽእ ድዩ? ንብዓል ፍሊፐንስን ካልኦት ሃገራትን እናኣኻኸብካ ኪዳናት ብምፍጣር ንቻይና ክትቅይዳ ወይ ክትድርታ ትኽእል ዲኻ? ናይ ታይዋን ጉዳይ እንተርኢናዮ ምስምስ እዩ። ከም መመኽነይታ ንታይዋን ትድግፍ መሲልካ ንቻይና ንምድራት እዩ።

እዚ ግን ክሰርሕ ይኽእል ድዩ? ናይ እስያ ዲናሚካዊ ቍጠባዊ ለውጥታት ኣብ ማለዥያ፡ ኣብ ኢንዶነዥያ፡ ኣብ ቬትናም ከይተረፈ ዝርአ ዘሎ ቍጠባዊ ምዕባለ ቀሊል ነገር ኣይኮነን - ደሚርካ ክትርእዮ እንከለኻ። ኣብ ርእሲ'ዚ ናይ ሰሜን

ኮርያ ይውሰኾ ኣሎ። ናይ ሰሜን ኮርያ ናይ ቴክኖሎጂ ሓይሊ ንኣታቶም ዓቢ ስግኣት እዩ። ነዚ ከመይ ገይርካ ክትቅርቅሮ ወይ ክትቅይዶ ትኽእል? ናይ ጃፓንን ደቡብ ኮርያን እውን ዘቕስን ኣይኮነን። ንሳተን እውን ክወዳደራሉ ዝኽእላ ናይ ቊጠባ ሓይሊ ኣማዕቢለን ኣለዋ። ናበይ ገጸን ከብላ እየን ናበይ ገጸን ክኣትዋ እየን ኢልካ ክትሓስብ ከለኻ ዓቢ ኣርእስቲ እዩ። 'ማጋ' ከተተግብር እንተኼንካ፡ ኑቲ ኣብኡ ዝመጽእ ዘሎ ምዕባለታት ከመይ ገይርካ ተንብቦ፡ ከመይ ገይርካ ምስኡ ትዋሳእ ቀሊል ኣርእስቲ ኣይኮነን። ናብ ኤውሮጳ እንተመጺእና እናተፈራኸሸ ዝኸይድ ዘሎ ኵነታት እዩ። ክሳብ ክንደይ ደጋፊ ናይ ኣመሪካ ኪዳን ክኸውን ይኽእል? ዓቢ ሕቶ እዩ። ንኤቶ ብወተሃደራዊ ይኹን ብቴክኖሎጂ ብቝጠባ ምርኣዩ የድሊ። መብዛሕትኡ ቊጠባታት ናይ ኤውሮጳ እናተዘቕቀ ከይዱ ተበሪዙ እዩ። ንፕሮፓጋንዳ ናይ ቊጠባ ክኢላታት ኢና፡ ፈላጣት ኢና፡ ዝዛረብዎ ክህሉ ይኽእል። ግን ቊጠባ ኣለወን ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓለም ዓቢ ነገር ክገብራ ይኽእላ እየን ኢልካ ክትዛረበለን ዝከኣል ኣይኮነን። ለቕብ ለቓቕብ ካብ ናይ ቀደም ኣብ ኪዳን ዎርሶ ዝነበራ ሃገራት ቊጽሪ ወሰኽ፡ ጆርጅያ ትእቶ ኣይተእቱ፡ ዩክሬን ትእቶ ኣይተእቶ፡ ኣብ ከምኡታት እዮም ዘለዉ። መትሓዚ ዘለዎ ነገር ኣይኮነን። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኲነታት ተኣማሚና፡ ዋሽንግተን ማጋ ንምዕዋት ኪዳን ናይ ኤውሮጳ ክትጥቀመሉ ትኽእል ድያ? ሓደ ካብ ናይ ትራምፕ ኣመታት፡ ኣብ ኔቶ ምጽጋዕ ዝብሃል ክህሉ የብሉን ኣይረብሓን እየን እዚኣተን፡ ዓመታዊ ውጽኢተን እውን ኣይከፍላን እየን ዘለዋ፡ ዝብል እዩ። ስለዚ ኣጠማምታኡ ናብ ኔቶ ይኹን ናብ ኤውሮጳ እንታይ ክመስል ይኽእል? ጕዳይ ብጕዳይ ኣብ ኤውሮጳ እንታይ ሓድሽ ነገራት ሒዙ ክመጽእ ይኽእል?

ናይ ላቲን ኣመሪካ ጉዳይ እውን ርእሱ ዝኸኣለ ኣርእስቲ እዩ። ቅድም ዝስራዕ ግን ኣይኮነን። ቅድም ዝስራዕ ናይ እስያ እዩ። ድሕሪኡ ናብ ኤውሮጳ ክትመጽእ ትኽእል። እዚ ሕጂ ትማሊ ኣመት ዝሃቦ ናይ ካናዳን ሜክሲኮን ጉዳይ፡ ናይ ኣመሪካታት ናይ ጎደቦ ጉዳይ እዩ ክትብሎ ትኽእል። ምስ ላቲን ኣመሪካ ዘለዎም ምስሕሓባት ቀደም ኣብ እዋን ዝሑል ኵናት ካብ ኩባ ዝጀመረ እዩ። እዚ እናቐጸለ መጺኡ ሎሚ ኣብ መብዛሕትኡ ደቡብ ኣመሪካ ዘሎ ኵነታት ምቹእ ኣይኮነን። ፍልሰት ምዕጋት፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ናይ ዋሽንግተን ፖሊሲታት ኮይኑ ኣሎ። ከመይ ገይርካ መንደቕ ትሰርሕ? ፍልሰት ከይህሉ ምእንቲ ከመይ ገይርካ ምስተን ሃገራት ትሰማማዕ? ኣብ ከምኡ ደረጃ እዩ ተበጺሑ ዘሎ። ጠንቂ ፍልሰት ግን እንታይ እዩ? ፍወሳኡ እንታይ እዩ? ከም ኣርእስቲ እዚ ጉዳይ'ዚ ስምዒታዊ ይኸውን ኣሎ። ንምንታይ እንተተባሂሉ፡ ናይ ኣመሪካ ናይ ምፍራይ ሓይሊ የለን። ኣነ ኣብ ኣመሪካ ዘሎ ዓይነት ህይወት 'ኣርተፊሻል' እዩ ዝብሎ። ክንደይ ሰሪሕካ

እንታይ ትረክብ ኣይኮነን። ካብ ላቲን ኣመሪካ፡ መክሲኮን ካልእን ናብ ኣመሪካ ዝፈልስ ዘሎ ህዝቢ ንምንታይ እዩ እንተተባሂሉ፡ ግጉይ መረዳእታ ወይ ፐርሰፕሽን እዩ። ፕሮሚስ-ላንድ ኣሎ ስለዝበሃል እዩ። ናይ ብሓቂ ግን ከምኡ ኣይኮነን። መብዛሕትኦም ካብ ላቲን ኣመሪካ ናብ ላቲን ኣመሪካ ዝኣትዉ ዘለዉ ሰራሖም ሓዋላታት ናብ ስድራቤቶም ክልእኩ ኣብ ዝኽእልሉ ደረጃ የለዉን። ዝተፈላለየ ናይ ፖለቲካ ጉዳያት ማኒፑሌሽን ተሓዊስዎ ግን፡ እቲ ፍልሰት ከም ኣርእስቲ ኣሎ። ካልእ ዝተፈላለየ ንኣገልግሎት ጥዕና ይኹን ካልእ ዝምልከት ጉዳያት እውን ኣሎ። ዘቤታዊ ኩነታት ኣመሪካ ንገዛእ ርእሱ በዳሂ እናኾነ እዩ ዝኸይድ ዘሎ።

ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ትራምፕ መጺኡ እንታይ'ዩ ክገብር ይኽእል? ብዓለም ደረጃ ኣብ ኩሎም ጽላታት ወይ ኣርእስቲታት - ወተሃደራዊ፡ ቴክኖሎጂያዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማስያዊ፡ ልዕሊ ኩሉ ኣብ ቁጠባ እንታይ ክገብር ይኽእል? እንታይ ከዋጽኣኒ'ዩ ኢሉ ክሓስብ ይኽእል? ኣብ ኤውሮጳ እንታይ ክሓስብ ይኽእል? ኣብዚ ሕጂ ዘሎ ናይ ዩክሬን ኩነታት እንታይ ክገብር ይኽእል? ምስ ፑቲን እንታይ ክገብሩ ይኽእሉ? ኣብ ምንታይ ክዘራረቡ ወይ ክረዳድኡ ይኽእሉ? እንታይ ሓድሽ ሓሳባት ከምጽኡ ይኽእሉ? ማእለያ ዘይብሎም ሕቶታት እዮም ተሰሪዖም ዘለዉ? ስለዚ በዚ ኣብ ምርጫ ረኺቡዎ ዘሎ ዓብላሊ ድምጺ ጽባሕ ለውጢ ከምጽእ ይኽእልዶ? መወከሲ ሒዝካ ኢኻ ክትግምግሞ ትኽእል። መወከሲ'ኻ እንታይ እዩ? እዘን ኣርእስቲታት ሓደ ክልተ ኢልካ ክትሰርዐን ክትክእል ኣለካ። ጉዳይ ብጉዳይ እቲ ዘሎ ኩነታት ኩሉ ኣብ ግምት ኣእቲ'ኻ ዝርአ እዩ። ኣመሪካ ደጊማ ሓያል ክትከውን እቲ ፈተና ዓቢ እዩ። ንሱ ፈቲኑ እንታይ ግብረ መልሲ ክረክብ ይኽእል። ኣብ ዓለም ሓደ ዝጻወቶ ጸወታ (ዋን ፐለየር ገይም) ዝበሃል የለን። እተን ካልኦትከ እንታይ ክገብራ እየን? ቻይና እንታይ ክትገብር ትኽእል? ሩስያ በዚ ዘላቶ ናበይ ክትቅጽል ትኽእል? ኤውሮጳ እንታይ ክገብራ ይኽእላ? ኣብ እስያ ዘለዋ ዝተፈላለያ ሓይልታት ኣውስትራልያ፡ ህንዲ፡ ፓኪስታን፡ ኮርያ፡ ጃፓን እንታይ ክገብራ ይኽእላ? ላቲን ኣመሪካ እንታይ ክመስል ይኽእል? ኩሉ እዚታት ጸብጺብካ ክትርእዮ ኣለካ። ከም መቐጸልታ ናይቲ እንኮ ቀጽራዊ ዓለም ክንፈጥር ኢና ተባሂሉ፡ ቅድሚ ሳላሳ ዓመታት ዝፈልፈለ እሞ ዘይተዓወተ ኣተሓሳስባ ንዕኡ ዳግም ትንፋስ ንምስኳዕ ዝግበር ፈተነታት ብቐሊል ክዕወት ይኽእል'ዶ? ክሳብ ክንደይ ምትሕግጋዝ ናይ ካልኦት ሓይልታት ክረክብ ይኽእል? ብኸመይ መገዲ? እቶም ቅድሚ ሕጂ ንእንኮ ቀጽራዊ ስርዓት ኢሎም ዝተቐመጡ ኣገደስቲ ነጥብታት፡ ከመይ ሰሪሖም ናበይ ገጾምከ የምርሑ ኣለዉ? እንታይ ለውጢ ከምጽኣሎም ይኽእል ንዓታቶም? ዓበይቲ ምልክት ሕቶታት

እዮም? በዚ ሕጂ ንሱ ዝፍትኖ ዘሎ፡ ሓቝኑ ሓቛቝኑ ገለ ነገር ክምጽእ እዩ። ግን ናብ ምንታይ እዩ ዘምርሕ ኣብ መወዳእታ።

ሎሚ ኩሉ ዓለም ዝዛረበሉ ዘሎ፡ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ክመጽእ ኣለዎ ዝብል እዩ። ናይ ሓደ ክልተ ዓብለልቲ ዘይኮነ፡ ፍትሒ ዘለዎ፡ ርትዒ ዘንግስ፡ ንኹሉ ዝሓቊፍ ዓለም ክህሉ ኣለዎ እዩ ዝብል ርእይቶ እዩ ዘሎ። ብዙሕ ቀጽራዊ ዓለም ክትብል ትኽእል፡ ግን 'ማልቲ-ፖላር' ንገዛእ ርእሱ እንታይ ማለት እዩ? ትርጉም የብሉን። እንታይ እዩ እቲ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት? ኣብዚ ዋዕላ ተገይሩ፡ ኣብዚ ከምዚ ተባሂሉ፡ ብሪክስ መጺኡ፡ ማእለያ ዘይብሎም ፈተነታት ይካየዱ ኣለዉ። እዚኣቶም ኩሎም ህቀናታት እዮም ክብሎም እኽእል። እዚ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ዝበሃል ዘሎ ንጹር ስእሊ ዝህብ መርሓ-ጐደና ዘለዎ ድዩ? ከምዝን ከምትን ክኸውን እዩ ክትብሎ ትኽእል'ዶ? ኩሉ ዝሳተፎ ዝበሃል ዘሎ ክሳብ ክንደይ ክዕወት ይኽእል? ብመንጽር ጽባሕ ክመጽእ ዝኽእል ለውጢታት፡ እዚ ኣተሓሳስባታት'ዚ ከመይ ክገጥም ይኽእል? መመሊሱ ሕቶታት ዘለዓዕል እዩ። ናይ ትራምፕ ምምጻእ ዓለማዊ ኣገዳስነቱ እንታይ'ዩ? ምስ ዝተፈላለዩ ኣብ እዚ ሕጂ እዋን እንርእዮም ዘለና ነውጽታት እንታይ ለውጢ ክምጽእ ይኽእል? ክንዮኡ'ሽ ኣርሒቕ ኣቢልካ ብምጥማት እንታይ ክፍጠር ይኽእል? ዛዕጎል ሻሕ ኣቢልካ ክትገልጾ ትኽእል ኣይኮነን። ሓቂ እዩ ኣመታት ኣለዉ። ኣብቲ ዝሓለፈ ናይ ኣርባዕተ ዓመታት ግዜኡ ዝሃቦም ኣመታት ነይሮም። ሕጂ ዝህቦም ዘሎ ኣመታት እውን ኣለዉ። መምስ ዘጋጥምዎ ብድሆታትን ጉዳያትን ከመይ ገይሩ ክውስን ይኽእል? ኣብኡ ድላይካ ቅማረ ተጠቒምካ፡ ክትግምት ትኽእል ኢኻ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጉዳይ ከምዚ ክገብር ይኽእል እዩ - ኢልካ ክትዛረብ ግን ሰዓቱ ኣይኣኸለን። ከምዚ እንተኹነ'ሽ ኢልካ ሲናርዮታት ከም ድላይካ ገይርካ ክትስእል ትኽእል ኢኻ። ኣብ መወዳእታ ግን ክመጽእ ንዝኽእል እንተታት ወይ ምዕባለታት? እንታይ ምድላዋት ገይርካ ትጸንሕ'ዩ - እቲ ሕቶ።

ብዛዕባ ኣፍሪቃ ክንዛረብ እንተኾይንና፡ ኣፍሪቃ ዝበሃል ኣብቲ መስርዕ የለን። ብዛዕባ ዞባና ወይ ጎደቦና ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ናይ ትራምፕ ፖሊሲታት ኣብ ዞባና እንታይ ክመስሉ ይኽእሉ? እንታይ ጽልዋታት'ከ ክህልዎም ይኽእል? ገና ዘይተመለሱ ሕቶታት እዮም። እቲ ኣርእስቲ ብዙሕ ጨናፍራት ስለዘለዎ፡ እቲ ኣገማግማ ወይ ኣረኣእያ፡ ብዕምቈት፡ ገፊሕ ስእሊ ዝህበካ ክኸውን ኣለዎ። ማዕረ-ማዕረኡ ፖሊሲታት ቀዩስካ ክተተግብር ክትክእል ምእንቲ። ከቢድ ዕዮ-ገዛ ዝሓትት እዩ። ንኹሉ መፍትሒ፡ እቲ ኣገባብ ኣተሓሕዛ ወይ ኣረዳድኣ ናይቶም ጉዳያት እዩ። ትራምፕ መጺኡ ኢልካ ናብ መደምደምታታት ኣይትዘልልን ኢኻ።

ብዓቕሊ ንጉዳያት ተንቲንካ ክትርድኦም ኣለካ። እዞም ዘቕረብኩዎም ኩሎም ኣመታት እዮም። ነቲ ዓበይቲ ጉዳያት ክምልሱ ዝኽእሉ። ነቲ ዘቤታዊ (ደሞስቲክ) ጉዳያት ብዝርዝር ክትዛረበሉ ትኽእል ኢኻ። ባይደን እንታይ ይብል ነይሩ? ሃሪስ እንታይ ትብል ነይራ? ዝጠቅምን ዘይጠቕምን መቋየቑ ኣርእስታት ሒዞም ክዛረቡ ንሰምዕ ነይርና ኢና። ንሱ ድዩ እቲ ቀንዲ ኣርእስቲ? ካብኡ ወጻኢ'ሽ እንታይ ኣሎ? እቲ ቀንዲ ንህዝቢ ኣመሪካን ንኣመሪካ ከም ሃገርን ብድሆ ኮይኑ ዘሎ እንታይ እዩ? ንዕኡ'ሽ ክሰግሩዎ ይኽእሉ ድዮም? ካልእ ዝተፈላለየ ላቘባታት'ውን ክተምጽእ ትኽእል። ትራምፕ፡ ጽባሕ እታ ቤት-ጽሕፈት ምስተረከባ፡ (ባይደን ምስወጽአ) እንታይ ክገብር ይኽእል - ኣዒንትና ዘይኮነ ኣእምሮና ከፊትና ቀጻሊ ክንከታተሎ ዘለና እዩ። ሓድሽ ኣርእስቲ ኣይኮነን፡ ኣብቲ መጀመርያ ዝመጻሉ ግዜ እውን ከምኡ ዓይነት ምውስዋስ (ኤክሰርሳይስ) ኣካይድና ኢና። እንታይ ክግበር ይከኣል? ናይ ጽምዶ (ኤንገይጅመንት) ፖሊሲታትና እንታይ ክኸውን ኣለዎ? ንብል ነይርና። ሓቂ እዩ ናትና ጉዳይ ጥራይ ኣተዓባቢና ክንርኢ ኣየድልየናን እዩ። ኣብ ከምኡ ተቐርቂርና ክንተርፍ ስለዘይብልና፡ ኣግፊሕና ክንርኢ ኣለና ኢልና ክንሰርሕ ጸኒሕና። ኣብቲ ፈለማ ምስ ምምጻእ ናቱ እቲ ዝነበረ ፖሊሲታት ምናልባት'ዶ ክእረም ይኽእል ይኸውን ኢልና ነይርና። ኣይተኣረመን። መሊሱ በዝን በትን ተጠዋውዩ ተጻብኦታትን እገዳን መጺኡ። እዞም ሰባት እምበር'ዶ ኣእምሮ ኣለዎም'ዩ ዘብለካ እዩ። ብዝኾነ እተን ኣርባዕተ ዓመታት ሓሊፈን። ሕጂ'ሽ ናበይ ኢና ክንከይድ? በዚ ዝገለጽኩዎ ኣገባብ ዝግባእ መጽናዕቲ ኣካዪድና፡ ትንታነታትካ ገይርና፡ ወረቓቕትና ኣዳሊና ንጽምዶ ክንዳሎ ኣለና? እንታይ ክመጽእ ይኽእል ኢልካ ምምህላል ኣይኮነን። ብወገንና እንታይ ክንገብር ኣለና? ከመይ ገይርና ንጸምድ ምስ ዝተፈላለዩ ምዕባለታትን ሲንያሮታትን? ነዚታት ክንዳሎ ኣለና። ዘለናዮ መወዳእታ ዓመት ስለዝኾነ ድማ፡ ብወገንና ዕዮ ገዛና ገይርና ንጽበ ኣለና ክንብል ንኽእል።

**ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣብ ሚያዝያ 2023 ዝተወልዐ ኲናት ሓድሕድ ሱዳን ንምፍታሕ ፈተነታት ክካየድ እኳ እንተጸንሐ፡ ዛጊት ኣይሰለጠን - ስለምንታይ? ኣብ'ዚ ሰሙን ዝተኻየደ ናይ ስራሕ ዑደት ጀነራል ኣልቡርሃን ናብ ኤርትራ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ጉዳይ ሱዳን መሰረታዊ ፍታሕ ክርከቦ ግደ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ህዝብን ሱዳን ከምኡ'ውን ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ እንታይ ክኸውን ኣለዎ?**

ኣብዛ ሕቶ'ዚኣ ክልተ ሓረጋት ኣለዋ ጽቡቕ ገይረን ክፍለጣ ዘለወን። ቅድም ቀዳድም ፖለቲካዊ ሓይልታት ዝበሃል ነገር ካብ መዝገበ ቃላት ምውጽኡ

ይሓይሽ። ነዚ ድሕር ኢለ ክገልጾ እየ። ብልምዲ ማሕበረሰብ ዓለም ዝበሃል ዘይጭበጥ ነገር እውን ኣሎ። ከምዚ ሓላፍነት ዝወስድ ሓደ ናይ ዓለም ሓይሊ ዘሎ ዘምስል ኣዘራርባ እዩ።

ናብ ጉዳይ ሱዳን ንምጻእ። ግጭት ሱዳን ዳርጋ ናብ ካልኣይ ዓመቱ ይኸይድ ኣሎ። ብርዱእ ምኽንያታት ኣብዚ ጎዶቦና ቀዳምነት ዝስራዕ ጉዳይ እዩ። ነዚ ኣብ ቀረባ ግዜ ኣብታ ሃገር ተፈጢሩ ዘሎ ኩነታት ጥራይ ምስ እንርኢ የድሊ ነይሩ'ዶ? የዋጽእ ድዩ? እንተድኣ ኢልና ዘድሊን ዘዋጽእን ኣይኮነን። ነዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት ብግቡእ ምእንቲ ክንፈልጦ ጂኦፖለቲካዊ ኣገዳስነት ናይቲ ሃገር ይኹን ኣብ ውሽጡ ዘሎ ኩነታትን ኣመዓባብላኡን ብግቡእ ክንርድኦ ክንክእል ኣለና። ጉዳይ ሱዳን ብቐረባ ዝጸልወና እዩ። ህዝብን ሃገርን ሱዳን ሃገርና ሓራ ኣብ ምግባር፡ ሃገርና ኣብ ምህናጽ ዝነበሮን ዘለዎን ዝህልዎን ተራ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ከም ካልእ ኣብ ርሑቕ ዘሎ ጉዳያት ኣይኮነን። ቅድሚ ተስዓታት ኮነ ድሕሪ ተስዓታት ዝነበረ ኩነታት እንታይ ነይሩ? ከመይ ንኸይድ ነይርና? ብዞባ ደረጃ ዝጥመት ይኹን ብክልተኣዊ ደረጃ እንታይ ዝምድናታት ነይሩና? ጉዳይ ደቡብ ሱዳን ዓቢ ኣርእስቲ ኮይኑሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ ዝነበረና ኣረኣእያን ምውሳእን፡ ከም ኣብነት ክግለጽ ይከኣል'ዩ።

ናይ ሱዳን ሽግራት ንምፍታሕ፡ ኤንዲኤ (NDA) ኣብ ኣስመራ እዩ ተመስሪቱ። ካብ ኣስመራ እዩ ተንቀሳቒሱ፡ ግና ኣይሰለጠን። ደቂ ደቡብ ሱዳን ምፍላይ ደቡብ ሱዳን ኣይከኣልን'ዩ፡ ኣይከውንን'ዩ፡ ኣየድልን'ዩ እዮም ዝብሉ ነይሮም። ጆን ጋራንግ ዝነበሮ SPLM ይኹን ካልኦት ተስዓን ትሽዓተን ሚእታዊት ሓድነት'ዩ ዘድልየና፡ ካልእ ኣየዋጻጽኣናን'ዩ ዝብል መርገጺ እዩ ነይሩዎም። ምናልባት እዚ እንተዘይሰለጠ ሓደ ሚእታዊት ምንጻል ከም ኣማራጺ ይርአ ነይሩ ይኸውን። ብከምኡ ዝኣመሰለ እምነት'ዩ ኩሉ ሰብ ዝንቀሳቐስ ነይሩ። ከይዱ ከይዱ ግን፡ ማእለያ ዘይብሉ ምትሕልላኻት፡ ዝተፈላለየ ናይ ረብሓ ኣጀንዳ ዝተሓንገጠ ናይ ደገ ምትእትታዋት መጺኡ። ኣብ መወዳእታ ኣብ 2011 ናብ ምንጻል ወይ ናጽነት ናይ ደቡብ ሱዳን ኣምሪሑ። እዚ ክኸውን ኣይነበሮን። ናይ ቃል ዓለም ዘረባ ኣይኮነን። እቲ ብዙሕ ዝተሰርሓሉን መስዋእቲ ዝተኸፍለሉን ዕላማ በቲ ናይ ሽዑ ኣዘራርባ ሓዳስ ሱዳን (ሱዳን ጀዲድ) ምምስራት እዩ ነይሩ። ሓዳስ ሱዳን ናይ ዜጋታት ወይ ዜግነት (citizen) ሃገር ማለት እዩ። ዓሌት፡ ቀቢላ፡ እንዳ፡ ሕብሪ ዘይፈሊ ሃገር። እዚ ኩሉ ሰብ ዝዛረበሉ ዝነበረ'ዩ። ሓድሽ ምህዞ ኮይኑ ዘይኮነ ባህርያዊ ናይ ሰባት ሕርያ እዩ። እዚ ሕርያ'ዚ ኣብ ሱዳን ጽቡቕ ክሰርሕ ምኸኣለ ነይሩ። ንኡ ዝኸውን ስርዓት ተፈጢሩ ነይሩ እንተዝኸውን። ኣብ'ቲ ስርዓት ዝነበሩ

ገለ ወገናት ግና፡ ናይ ሃይማኖት ይኹን ካልእ ዝተፈላለየ ኣጀንዳታት ስለዝነበሮም ነዚ ከም ፍታሕ ይቕበልዎ ኣይነበሩን። ኣብ 2011 ምንጻል ደቡብ ሱዳን ክመጽእ ከሎ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ተራ ነይሩዎም'ዩ። እዚ ንህዝቢ ሱዳን ኮነ ነዚ ዞባ መኻልፍ እዩ ኮይኑ።

ካብ 1989 ጀሚሩ ኣብ ሱዳን ዝነበረ ኩነታት ልዕሊ 30 ዓመት ክይዱ ህዝቢ ክጻወሮ ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ እዩ በጺሑ። በብግዜኡ ዝነበረ ምዕባለታት ናይ'ታ ሃገር ሓደ ብሓደ ክንዝርዝሮ ንኽእል ኢና። ብኣካል ስለዝነበርናዮ፡ ናይ ማዕዶ ትንታነ ኣይኮነን። ካብቲ ግዜ'ቲ ጀሚሩ ዘጋጠም ዝነበረ ሽግራት ብዙሕ እዩ። ናይ ቢላዲን ምምጻእ ኣብ ሱዳን ክሳብ 1996 ዝነበረ ኩነታት፡ ዝተፈላለየ ኪዳናት እናገበርካ ኣብ ሱዳን ዝምዕብል ዝነበረ ኩነታት ቅሳነት ዝህብ ኣይነበረን። ኮን ዶኾን ይዕረ ይኸውን፡ እንታይ ክንገብር ንኽእል? እናበልና በዚን በቲን ብዘይ ምቁራጽ ንሰርሓሉ ዝነበርና ጉዳይ እዩ። ኣብ መወዳእታ ህዝባዊ ናዕቢ (ኢንቲፋዳ) መጺኡ። ነዚ ህዝባዊ ምልዕዓል ዝኹነ ዝወደቦ ሓይሊ ወይ ዝመርሖ ሓይሊ ነይሩ ክትብል ኣይትኽእልን። ንፈልጥ ነይርና ኢልና ክንጀሃር ኣይንኽእልን። እቲ ህዝቢ ዓቕሉ ምስ ጸበቦ፡ ብኸምኡ ክቕጽል ስለዘይክእል ናብ ፍኑው ናዕቢ ከይዱ ነቲ ዝነበረ ስርዓት ኣልዩዎ። እቲ ሕቶ ግን፡ እቲ ህዝቢ ናበይ ክኸይድ ስለዝደለየ እዩ? ዝብል እዩ። እቲ ህዝቢ ዝደልዮ ኣይፈልጥን'ዩ ነይሩ ወይ ፍኑው መትሓዚ ዘይብሉ ኣካያይዳ እዩ ከይዱ ኢልካ ከተቃልሎ ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ዝነበረ ኣካይዳ ኣየዋጻጽኣናን'ዩ፡ ይኣኽለና እዩ ነይሩ ሕቶኡ።

ጉዳይ ሱዳን ብቐንዱ ናይ ሱዳናውያን ልኡላዊ ጉዳይ እዩ። ኣብ ሓደ ጎዶቦ ዘሎ ኩነታት ግን ንሓድሕዱ ስለዝጸላሎ፡ ኣብቲ ዝመጸ ምዕባለታት እንታይ ክግበር ይከኣል፡ ብማዕዶ ዘይኮነ፡ ብቐረባ ክንመኻኸር ክንክእል ኣለና። ዝሓለፍናዮ ተመኵሮ እውን ዓቢ መለበሚ ኮይኑና እዩ። ስለዚ ኣብ ሱዳን ቅሳነት ምእንቲ ክርከብ ንሕና'ውን ክንዋሳእ ክንክእል ኣለና። ዝመስለና ባዕላዊ ስክፍታታት ኣበጊስና ዘይኮነ ቅሳነት ናይ ህዝቢ ሱዳን ንኣና እውን ረብሓ ስለዝኾነ። በዚ ዕላማ'ዚ ኣብ ክፍላ 2022 ወረቐት ኣቕሪብና ነይርና። ፈላጣት ወይ ክኢላታት ኮይንና ስለዝሰራሕናሉ ኣይኮነን። ናይ ሓባር ረብሓ ስለዘለና ግዴታና እዩ።

ከም ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ኣብ ሱዳን እውን እቲ ብድሆ ኮይኑ ዘሎ ህንጸት ሃገር (nation building) እዩ። ካብ 1956 ድሕሪ ናጽነት ኣብ ሱዳን ዝነበረ ፖለቲካዊ ጉዕዞ እንተርኢናዮ፡ ምሉኣት'ዮም ነይሮም ኢልካ ክትዛረብ እኳ ዘይከኣል እንተኾነ ብተዛማዲ ምስ ካልእ ናይ ኣፍሪቃ ከባቢታት ኩነታት ሱዳን ፍልይ ዝበለን ዝሓሸን እዩ ነይሩ። ጸኒሑ ግን ናይ ደቡብ ጉዳይ መኻልፍ ኮይኑ መጺኡ። ንሱ

ከይተፈትሐ ካልእ ጉዳያት ተደራሪቡ። ኣብ ብሉናይል፡ ኩርዱፉን፡ ዳርፉር፡ ምብራቕን ካልእ ከባቢታትን ዘይተፈትሐ ጉዳያት ነይሩ። እዞም ትማሊ ዝመጽኡ ሙእተመር ወጠኒ ዝበሃሉ ናይ ፖለቲካ ሓይሊ፡ ነቲ መስርሕ ምህናጽ ሃገር ከሊፎሞን ዘራሪጎሞን እዮም። ቁጠባ ሱዳን ኣዕኒዮሞ፡ ንሱዳን ነጺሎማ፡ ረብሓታት ህዝቢ መመሊሶም ኣዳኺሞምዎ። ኣብ መወዳእታ ንሱዳን ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ደረጃ ኣውዲቖምዎ።

ስለዚ እቲ ህዝቢ ኣይንደልን፡ ይኣኽለና ኢሉ። ናበይ ንምኻድ? ካልእ ሓዲሽ ምህዞ የለን። ተመሊስካ ናብ'ታ ህንጸት ሃገር ትበሃል ኣርእስቲ ኢኻ ትምለስ። ሱዳን ናይ ዜጋታት ሃገር ክትከውን ክትእል ኣለዋ። ብኸመይ መገዲ? እዩ እቲ ሕቶ። ነዚ ሕጂ ተኸሲቱ ዘሎ ሽግር ንምፍታሕ እዚ ኩሉ ጻዕርታትን ፈተነታትን ተኻይዱ ስለምንታይ ኣይተፈትሐን? ናይ ህዝቢ ሱዳን ጸገም ኣይኮነን። እቲ ቀንዲ ጸገም ናይ ደገ ምትእትታዋት እዩ። በዚን በቲን ሑሩያ ወተቐይር ዝበሃል መጺኡ። ሑርያ ወተቐይር ግን እንታይ እዩ? ናይ ቀደም ፖለቲካዊ ሰልፍታት ነይረን እየን? ግን ተራእን እንታይ ነይሩ? ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብዛዕባእን ክንዛረብ ንኽእል ዲና? ሓደስቲ ፖለቲካዊ ውድባት ኢልካ'ኸ ክትዛረብ ይከኣል ድዩ? ንግዜኡ ኩሉ ተወንዚፉ ይጽናሕ፡ ኣብዛ ግዜ'ዚኣ ብዛዕባኡ ዘከራኽር ምኽንያት የለን። ህዝቢ ሕርያኡ ፈሊጡ ነቲ ስርዓት ኣልዩዎ ኣሎ። ናበይ'ዩ ክኸይድ ዝደሊ ዘሎ እንተድኣ ኢልና ናብ ባብ ኣማን ወይ በሪ ኣማን እዩ። ብሰላም ቀሲኑ ክነብረሉ ዝኽእል ኩነታት እዩ ዝደሊ ዘሎ። ልኡላዊ ባይቶ ዝበሃል ድማ ነቲ መሰጋገሪ መድረኽ ተረኪቡዎ ኣሎ። መን'ዮም እቶም ሰባት ዘይኮነ፡ መን'ዩ እዚ ልኡላዊ ባይቶ? እቲ ህዝቢ ናዕቢ ገይሩ ናብ ጽርግያ ምስ ወረደ፡ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ መታን ከይከድ፡ ሰራዊት ሱዳን እዩ ነቲ ኩነታት ተረኪቡዎ። በዚ ድማ (ባይዲፎልት) እዚ ልኡላዊ ባይቶ ሕድሪ ተሰኪሙ ኣሎ። ናብ'ቲ ህዝቢ ሱዳን ዝደልዮ ቦታ መታን ክበጽሕ ነታ ሕድሪ ሒዙዋ ዘሎ ንሱ እዩ። ካልእ ሰብ ክሕዛ ይኽእል'ዩ፡ ወይ ካልኦት ክሕዙዋ ይኽእሉ'ዮም፡ ወይ ካልኦት ክፈትሑዋ ይኽእሉ'ዮም ዝበሃል ክሰርሕ ኣይክእልን'ዩ። ሓዲሽ ምህዞ ዘምጽእ ዝኾነ ይኹን ካልእ ኣካል ክህሉ ኣይክእልን። እዚ ልኡላዊ ባይቶ ግን ኩሉ ነገር ይውድኦን ባዕሉ ይገብሮን ማለት ኣይኮነን። ንኹሉ ናይ ሱዳን ታሪኽ ዝተኸታተለን ዝፈልጥን እታ ክትከውን ዘለዋ እዚኣ እያ። ስለዚ ንሕና ብዘየወላውል መገዲ ኣረኣእያና ገሊጽና። ናብ'ታ ህዝቢ ዝደልያ ዘሎ ቦታ ከሰጋግሮ ዘለዎ እቲ ሕድሪ ዝተሰከመ ልኡላዊ ባይቶ እዩ። እዚኣ'ያ መሰረት። ሑሩያ ወተቐይር እንታይ ኢሎም፡ እቲኦም እንታይ ኢሎም፡ ናይ ቀደም ሰልፍታት እንታይ ኢለን፡ ኣብ ምንታይ ተሰማሚዐን ዝበሃል ትርጉም

የብሉን። እቲ ሕድሪ ዝተሰከመ ኣካል ሕድሩ ምስ ፈጸመ ድሕሪኡ ርእይቶ ወይ ኣጀንዳ እንተለካ ከተምጽእ ትኽእል።

ኣብዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት ሱዳን ህልኽ ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት፡ ህልኽ ናይ ውልቀ ሰባት ዘድሊ ኣይኮነን። ህልኽ እንተሎ ናይ ደገ ኣጀንዳታት ርሒብ ማዕጾ ረኺቡ ኣሎ ማለት'ዩ። ብህልኽ ዝፍታሕ ነገር የለን። በዚ መገዲ'ዚ ነቲ ጉዳይ ኣብ ክንዲ ምሓዙ፡ እቲ ኩነታት ከይዱ ከይዱ ካብ ምቁጽጻር ወጺኡ። ምትእትታው በዚሒ። እቲ ቀንዲ ናይ ሱዳን ጉዳይ ካብ ኢድ ሱዳናውያን ባራ ወጺኡ። ኣብ ዝርዝር ክንኣቱ ኣይንደልን። መነ መን'ዮም እቶም ዳሕራይ ዝተፈጥሩ ናይ ፖለቲካ ሓይልታት? ኣኼባታት ዘካይዱ ዋዕላታት ዝውድቡ ዝነበሩ ብኸመይ መገዲ እንተተባሂሉ፡ ብምሉኡ ናይ ደገ ኣጀንዳ እዩ። ምኽንያቱ ኣገዳስነት ሱዳን፡ ተራ ናይ ሱዳን ኣብ'ዚ ዞባ ቀሊል ኣይኮነን። ንሱዳን ከም መድረኽ ሒዝካ፡ ብዝተፈላለየ መገዲ፡ ካብ ሊብያ ጀሚርካ፡ ናብ ጫድ፡ ናብ ማእከላይ ኣፍሪቃ ሪፓብሊክ፡ ናብ ደቡብ ሱዳን ምጻእ፡ ብሓፈሻ ኣብዚ ከባቢና ክትጻወተሉ እትኽእል ባይታ ምፍጣር እዩ እቲ ኣጀንዳ። እዚ ተበግሶታት እናተባህለ ዝውረየሉ ባዛራት እዩ። ንዋኒናት ናይ ግዳም ኣጀንዳ ዘሳሲ ባዛራት። ከምዚ ዓይነት ኩነታት ንናይ ደገ ምትእትታው ርሒብ መሳኹቲ ዝኸፍት ስለዝኾነ፡ ንሕና እዚ ኣየድልን እዩ፡ ጉዳይ ሱዳን ገጥ ኣቢልካ ምሓዝ ዘድልዮ እዩ። ልኡላዊ ባይቶ ድማ ነዛ ሓላፍነት እዚኣ ይሓዛ ኢልና ኣብ ግንቦት 2022 ሓሳባትና ብወረቐት ኣቕሪብና። ብቐንዱ እቲ ጉዳይ ናቶም እዩ። ባዕላቶም ጉዳዮም ኣጸቢቖም ስለዝፈልጡ፡ መኻሪ'ውን ኣየድልዮምን'ዩ። ግና ሓሳባት ምክፋል ነውሪ የብሉን ተባሂሉ ወረቐትና ተዋሂባቶም። እቲ ወረቐት ብልኡላዊ ባይቶ ቅቡል ኮይኑ። ዘከራኽር'ውን የብሉን። ወረቐትና ጽቡቕ'ዩ፡ ዝበለጸ'ዩ ማለትና ኣይኮነን። ካብኡ ዝበለጸ ዘለዎ እንተሎ ይንገረና፡ የርእየና። ንሕና ግን ብዓቕምና ምቕሉል ኣበርክቶ ክንገብር እዚኣ እያ ሓሳባትና ኢልና፡ ብዘይ ቃልዓለም፡ ዓውዓው ዘይብሉ፡ ዜና ዘይብሉ ኣካፊልና። ዝተዋህበና መልሲ ከኣ፡ ተቐቢልናዮ ኣለና፡ ጽቡቕ ሓሳባት'ዩ፡ መበገሲ ክኸውን ይኽእል እዩ ዝብል እዩ።

ኣብዚ ሓሳብ'ዚ ዝውሰኽ ክህልዎ ይኽእል፡ ዝመሓየሽ ወይ ዝእረም እንተለዎ ድማ ክርአ ይከኣል። ንዕኡ ዝኸውን መተካእታ ግን የለን። እታ ወረቐት ሎሚ ማለት ድሕሪ ክልተ ዓመት ዝኾነ ሰብ ክርእያ ይኽእል'ዩ። ሕጂ ኣብ ዘየድልየና ሽንኮለል፡ ናይ ፖለቲካ ሰልፊታት በዚ መጺኣን ከምዚ ኢለን፡ መራሕቲ ከምዚ ኢሎም፡ ዕጡቓት ሓይልታት ከምዚን ከምቲን ኢሎም፡ ናይ ምብራቕ፡ ብሉናይል፡ ኩርዱፋን፡ ዳርፉር ወገናት ከምዚ ኢሎም ኣድላይነት ዘለዎ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ህዝቢ

ሱዳን ዝደልዮ ዘሎ ክረጋገጽ ልኡላዊ ባይቶ ነዛ ሕድሪ እዚኣ ይሰከማ። ልኡላዊ ባይቶ ሕድሪ ይሰከም ማለት፡ ስልጣን ይሓዝ ኣይሓዝ፡ ይቈጻጸር ኣይቈጻጸር ኣይኮነን። ብቐሊል ኣዘራርባ፡ ሩባ ንሰግር ኣለና ነታ ሩባ መስገሪ ትኾነና ድልድል ንሰራሕ፡ እታ ድልድል ተሰሪሓ እዚ ኩነታት ምስ ተሰግረ ድማ እቲ ሕርያ ናይ ህዝቢ ሱዳን ኮይኑ እቲ ጉዕዞ ይቕጽል። እንተዘየለ ኣብ ዓዲ እከለ ኣኼባ ተገይሩ፡ ናይ በዓል እከለ ተበግሶ ኣሎ፡ ሃገር እከለ ከምዚ ኢሉ፡ ሕቡራት ሃገራት፡ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ዞባዊ ውድብ ከምዚ ኢሎም ናብ ዝብል ህወተታ ዘእቱ የብልናን። ስለምንታይ ናብ ከምኡ ንኣቱ? ምብዛሕ ተበግሶታት መመሊሱ ነቲ ፍታሕ ዘናውሕ፡ ዝሓላልኽ እዩ። ግዜ ይጠፍእ ኣሎ። ግዜ ክጠፍእ የብሉን፡ ንፋስ ዘእቱ ነቓዓት ምኽፋት ኣየድልን'ዩ። ልኡላዊ ባይታ ነታ ሕድሪ ተረኪቡ ክሳብ ዘረክባ ባዕሉ ይሕዛ። ናይ ፖለቲካ ኣረኣእያ ኣለኒ፡ ፍልስፍና ኣለኒ፡ ስነ-ሓሳብ ኣለኒ፡ ሕርያታት ኣለኒ ዝብል ወረቓቕቱ ኣዳልዩ ይጸንሕ። ኣብ ቁጠባ፡ ባህሊ፡ ማሕበራዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ድሕነታዊ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጉዳያት ፕሮግራም ኣለኒ ዝብል ሽዑ ፕሮግራማቱ ከቕርብ ይኽእል። ሕጂ ግን ነደቓቕሶ ሕሳብ ኣለና ኢልካ ነንሓድሕድካ ምትህልላኽ ንምትእትታው ናይ ደገ ኣጀንዳታት ዕድል ከፊቱ ነቲ ፍታሕ ዝሓላልኽ ኣብ መወዳእታ ከኣ ናብ ዘየድሊ ማእዝን ዝወስድ ስለዝኾነ ምጥንቓቕ የድሊ።

ንሕና ቀጻሊ ነዚኣ ኢና ክንሰርሕ ጸኒሕና። ቡርሃን ትማሊ መጺኡ፡ ካልእ ኣርእስቲ የብልናን፡ ኣብኣ ኢና ንዛረብ። ንቡርሃን ፍሉይ ደገፍ ንህቦ ወይ ናቱ ጸግዒ ሒዝና ንሕግዞ ኣይኮናን። ሕሜቲ'ውን ኣብ'ዚ ይመላለስ ነይሩ'ዩ። ክሳብ'ታ መወዳእታ ሰዓት ኲናት ዝተወልዓላ ኣብ'ዚ ይመጽእ ነይሩ። ንሕና ከኣ እዚ ዝተጠቕሰ ሓሳብና ነካፍሎም፡ ሓሳባቶም ድማ ንሰምዕ ነይርና። እቲ ዘገርም ድሕሪ'ቲ ኩሉ ዝተሓለፈ ተመኵሮን ዝነበረ ምርድዳኣትን ስለምንታይ'ዮም ኲናት ወሊዖም፡ ዝኾነ ብደገ ዘሎ ዝመስሎ ክትንትን ይኽእል'ዩ። ስለምንታይ እዚ ኲናት'ዚ ከምእተወልዐ ግን፡ ንሳቶም እውን ክምልስዎ ኣይክእሉን'ዮም። ንክልቲኦም ዘዋግእ ምኽንያት ኣይነበረን። ብዝኾነ መለኪዒታት። ይፈልጥ'የ ዝብል እውን ብልክዕ ከምዚ እዩ ክብል ኣይክእልን። እዚ ድሓን ይጽናሓልና፡ እዚ ዝካየድ ዘሎ ግን ናይ ደገ ኲናት'ዩ። ከመይ ኢሉ'ዩ ዝውደብ ዘሎ ዝርዝራቱ መወዳእታ የብሉን። ብጂኦግራፍ፡ ብወተሃደራዊ ምንቅስቓሳት፡ ብቀረብ ሎጂስቲክስ ይኹን ናይ ኣጽዋር ደገፍ፡ ብዝተፈላለየ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማሲያዊ፡ ዜናዊ ኩርናዓት ክንገልጾ ንኽእል ኢና። ነዚ ኲናት'ዚ ዝድርኽ ዘሎ ናይ ደገ ምትእትታው ጥራይ'ዩ። ሕቡራት ሃገራት ከምዚ ኢሉ፡ ጥምየት ኮይኑ፡ ክንዲ'ዚ ጠምዮም፡ ክንዲ'ዚ ተደርብዮም

እናበልካ ንዋኒንካ መሳለጥያ ዝኾነካ ባይታ ንምድላይ ዝግበር ምትእትታው ነቲ ጉዳይ መመሊሱ'ዩ ዝሓላልኾ ዘሎ።

ካብቲ ሓሳባትና ዝቐረበሉ 2021 ጀሚሩ ብሓቂ ተሰሪሕሉ እንተዝነብር እዚ ጉዳይ'ዚ ተፈቲሑ ናብ በሪ ኣማን ንምስጋር እንተ በዝሐ ሰለስተ ዓመት፡ ብውሕዱ ከኣ ካብ ክልተ ዓመት ኣይመሓለፈን። ኣብ'ዚ ሕጂ ኣቲናዮ ዘለናዮ ኩነታት ድማ ኣይምኣተናን። መህውተቲ ንፋስ እናምጸኣካ መህውተቲ ኣኼባታት እናገበርካ ስለምንታይ'ዩ ህዝቢ ክንዲ'ዚ ዝሳቐ? ስለምንታይ እዚ ኩሉ ክሳራ? ስለምንታይ ህዝቢ ካብ ገዝኡ ወጺኡ ይስደድ? ስለምንታይ ኣብ ደገ ቴንዳታት መዓስከር ስደተኛታት ይኸፈት ኣሎ? ንመን ንምሕጋዝ'ዩ? ንብዓት ሓርገጽ እየ ዝብሎ። ሰብ ካብ ቤቱ ካብ ጎዶቦኡ ከምዝስደድ እናገበርካ፡ ፋሕፋሕ ከምዝብልን ንሓድሕዱ ከምዝቃተልን እናገበርካ ኣብ መወዳእታ ረድኤት ትህብ? ሕልና ናይ ሰብ ነዚ ይቕበሎ? ሎሚ ዝፍታሕ ሽግር ንዓመታ ተሰጋግሮ ስለምንታይ? መን ኢኻ ንስኻ? ኣነ ወኪል'የ፡ ናይ ህዝቢ ርእይቶ ይውክል'የ፡ በየናይ ሞጎት? ከምኡ ዝበሃል ነገር የለን።

እዚ ሽግር'ዚ ክፍታሕ ቅድሚ ዝኣገረ ናይ ደገ ምትእትታው ደው ክብል ክኽእል ኣለዎ። ንቡርሃን ምድጋፍን ዘይምድጋፍን፡ ኣንጻር ሕሜቲ ምስራሕን ዘይምስራሕን ኣይኮነን እቲ ቀንዲ ጉዳይ። ቅድሚ ዝኣገረ ዝስራዕ ህዝቢ ሱዳን'ዩ። ኣብ ፈቖዶ ጎዶቦ መዓስከራት እናኸፈትካ ቴንዳታት እናዘርጋሕካ፡ ካሜራታት ኣምጺእካ ትስእል? ህዝቢ ተጨኒቑ፡ ህዝቢ ሞይቱ፡ ህዝቢ ዝበልዮ ስኢኑ ትብል? ሱዳን ቆፎ መግቢ ናይ'ዚ ዞባ እያ ነይራ። ኣብ ሱዳን ዘሎ ጸጋታት መወዳእታ የብሉን። ህዝቢ ሱዳን ካብ ቤቱ ክስደድ እንተዘይተደፋፊኡ፡ ኣብ ቤቱ ኮፍ ኢሉ ሓጉዙኒ ከይበለ ክነብር ቀሲኑ ሽግራቱ ክፈትሕ ምኸኣለ ነይሩ። እዚ ነንሓድሕዱ እናወቓቕዕካን እናናወጽካን ዝግበር ፈተነታት፡ ኩሉ ንናይ ደገ ረብሓታት'ዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ምዕባለ፡ ናይ ሕልና ግዴታና ከነልዕል ስለዝነበረና፡ ኬር ኣይኮነን፡ ምጽወታ ኣይኮነን፡ ማዕሩፍ ኣይኮነን፡ ግዴታና'ዩ፡ ኣብ ሰዓቱ ከኣ ኣቕሪብና። ግን ኢድ ምትእትታው በዚሑ። ስለዚ ናይ ደገ ኣጀንዳታት፡ ናይ ደገ ምትእትታዋት ክድረት ክኽእል ኣለዎ። ብሊብያ ትመጽእ፡ ብጫድ ትመጽእ፡ እንተ ሰሊጡካ ብደቡብ ሱዳን ትመጽእ፡ ብኢትዮጵያ ትመጽእ፡ ነዚ ህዝብን ሃገርን'ዚ ስለምንታይ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጸገም ተእትዎ? እዞም ናይ ገዝእ ርእሶም ኣጀንዳታት ዘለዎም ስለዘይግድሶም፡ ኣብ መወዳእታ እቲ ዞባ ብምልኡ ነዚ ኩነታት ንምዕራፍ ክሰርሓሉ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ'ዚ ናይ ትማሊ ርክብ እውን ካልእ ሓሳብ ኣይነበረናን። ናይ ጎዶቦ ኣበርክቶ ድማ ክህሉ ኣለዎ። ግብጺ ዓቕማ ክትገብር ኣለዋ፡ ሱዕድያ ዝዓቕማ፡

ንሕና ዓቕምና፡ ካልኣት እውን በብዓቕመን፡ ኣበርክቶ ክገብራ ኣለወን። ኣበርክቶና ክደማመር ከሎ ድማ ኣድማዒ ይኸውን። ናይ ሱዳን ጥራይ ዘይኰነ፡ ኣብዚ ከባቢ ዘሎ ካልእ ጉዳያት እውን እናተመኻኸርና ፍታሕ ክንረኽበሉ ክንክእል ኣለና። ኣብ ሰለስተ ኣኼባ ዝተገብረሉ ኣጋጣሚ ይኹን፡ ትማሊ ቡርሃን ኣብ ዝመጸሉ ዝተዘራብናሉ እዚ እዩ። ሓዲሽ ምህዞ፡ ሓዲሽ ኣጀንዳ ዝበሃል የለን።

ኣብ መወዳእታ ጎዶቦና ብምሉኡ ርግኣት ክረክብ ኣለዎ። ጎዶቦ ንብሎ ዘለና ኣርባዕተ ኣካላት (ኮምፖነንትስ) ዘለውዎ እዩ። ተፋሰስ ኒል (ናይል በይዚን) ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ወሽመጥ። እዚ ጎዶቦ'ዚ ብምሉኡ ሰላም ክረክብ ኣለዎ። በይነይ ኣነ ናይ ሰላም ደሴት ኢልካ ክትዛረብ ዝከኣል ኣይኮነን። ተሓባቢርካ ኢኻ ሰላም ትፈጥር። ሱዳን ከኣ ኣገዳሲ ኣካል ናይ'ዚ ጎዶቦ'ዩ። ምስ ደቡብ ሱዳን ኣብ ናይ ደገ ዋዕላ ኣብ ዝተራኸብናሉ ዝገበርናዮ ኣኼባ ካልእ ዕላማ ኣይነበሮን። ናይ ሓባር መረዳእታ ክህሉ፡ ንዕኡ ዝኸውን ኣበርክቶ ክትገብር ምእንቲ እዩ። ስለምንታይ'የ ዘምጽኦ ዘለኹ፡ እዚ ናይ ሱዳን ሽግር ብዕምቈት ክፍለጥ ስለዘለዎ እየ። ማሕበረሰብ ዓለም ኣብኡ ዘእቱ ምኽንያት የብሉን። እንታይ ክገብር ይመጽእ? ሕቡራት ሃገራት ስለምንታይ መጺኡ ኣብኡ ይኣቱ? ዓማምራ ትማሊ መጺኡ ብዛዕባ ናይ ሱዳን ጉዳይ ክንዛረብ ኢና ኢሉ፡ መርሓባ ኢልና ንቕበሎ፡ ዘለና ሓሳባት ከኣ ነካፍሎ። ሓሳብና ከነካፍል ምእንቲ፡ ሰለስተ ሰዓትን ፈረቓን ኮፍ ኢልና ተዛሪብና። ኣበርክቶ ክገብር ዝኽእል እንተኾይኑ፡ ኣበርክቶ ክገብር ክኽእል ኣለዎ። መመሊስካ መህውተቲ ንፋስ፡ ዘራጊቶ እናምጸእካ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ከምዝኸይድ ክግበር የብሉን። ካብ ቢዝነስ ናይ ረድኤት፡ ቢዝነስ ምብትታን ህዝብታት፡ እንታይ'ዩ እቲ ረብሓ ንህዝቢ ሱዳን ይኹን ነቲ ዞባ? ሕጂ እቲ ጉዳይ እናተነጸረ እናተነጸረ ይመጽእ ስለዘሎ፡ ኩሎም ኣብኡ ዘለዉ ተዋሳእቲ፡ ብቐንዱ ከኣ ልኡላዊ ባይቶ ሓላፍነቱ ከልዕል ክኽእል ኣለዎ። እዛ ትማሊ ቡርሃን ዝመጽኣላ ሓላፍነቱ ከልዕል ንምዝኽኻር እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ ዘቕረብናሉ ሓድሽ ሓሳብ ኣይነበረን። ክህሉ'ውን ኣይክእልን።

ከምዚ ክገብሩ ደልዮም፡ ንቡርሃን ክሕግዙ ደልዮም ዝብል ዘረባታት ትርጉም የብሉን። ንቡርሃን ሓጊዝና ኣንጻር መን? ስለምንታይ? ኤርትራ ኣጀንዳ ኣለዋ፡ ኤርትራ ከምዚ ኣለዋ፡ ናይ ምንታይ ኣጀንዳ ኣለና ንሕና? እንታ'ዩ ኣጀንዳና? ንሓደ ደጊፍካ ነቲ ሓደ ክትወቅዕ ስለምንታይ? ንሕና ካብ ናይ ህዝቢ ሱዳን ረብሓ ካብ ናይ ሱዳን ርግኣት ወጻኢ ንርእዮ ነገር ኣሎ? ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ኣርእስቲ፡ ቀዳምነት ዝስራዕ ህዝቢ ሱዳን'ዩ። ካብኡ ወጻኢ ካልእ ምህዞታት ከተምጽእ ምፍታን፡ ነቲ ጉዳይ ብፍላጥ ምህውታት እዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ልዕሊ ክልተ ዓመት

ዝሰርሕ ሓሳብ ከይመጽእ ምእንቲ፡ ንኡ እናዘረግካ ዝኾነን ዘይኮነን ኣርእስትታት እናምጻእካ፡ መናብር ዝበሃል መድረኻት ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ እናፈጠርካ፡ ነቲ ጉዳይ መትሓዚ ከምዘይብሉ ንምግባር ሃቐነታት ጸኒሑ እዩ። ህዝቢ ሱዳን ቤቱ መሬቱ ገዲፉ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት እናነበረ ንዕኡ ተሳሲ? ናይ ፖለቲካ ፍትሓት ነምጽእ ኣለና፡ ኣብ'ዚ ዝርርብ ይግበር ኣሎ፡ ኣብ'ቲ ከምዚ ይግበር ኣሎ እናበልካ፡ ነቲ ጉዳይ ተናውሖ? ካልእ ዘይኮነ ስቅያት ናይ ህዝቢ ኢኻ ተናውሕ ዘለኻ። ንሕና ነዚ ኣእዳውና ኣጣሚርና ክንቅበሎ ኣይንኽእልን። ስለዚ ንጥፈታትና ብዝሓየለ ክንድርያ ኣለና። እዚ ትማሊ ምስ ቡርሃን ዝገበርናዮ ርክብ ዲዩ፡ ኣብ ቻይና ዝተገብረ ደቡብ ሱዳን ዘለዎ ርክብ፡ ምስ ግብጺ ዝተገብረ ርክባት፡ ምስ ሶማልን ካልኦትን ዝግበር ርክባት ካልእ ፍሉይ ኣጀንዳ ዘለዎ ኣይኮነን። ሓንቲን ንጽርትን ዕላማ'ያ ዘላትና። ሓዲሽ ምህዞ የብልናን ደጊመ ደጋጊመ ዝብላ'ያ። ቅድሚ ክልተ ዓመት ዘቕረብናዮ ሓሳብ፡ ንሕና ካብ ካልኦት በላሕቲ ኮይንና፡ ዝያዳ ፈላጣት ኮይንና ከምዚን ከምቲን ኣቕሪብና ኢልና ንዛረበሉ ኣይኮነን። ብታሪኽ ብግብሪ ኣብ ሂወትናን ሂወት ሃገርናን ዝተማሃርናዮ ነገር ስለዝኾነ፡ ኣእዳውና ኣጣሚርና ከአ ትም ክንብል ስለዘይንኽእል፡ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ተበግሶታት ምውሳድ፡ እዋናውን ቅኑዕን'ዩ።

***ክቡር ፕረዚደንት፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዘየቋርጽ ውሽጣዊ ግጭታት ቅሳነት ኣይረኸበን። ኣብ ርእሲኡ ኣብ መንጎ ሶማልን ኢትዮጵያን ብጉዳይ ሶማሊላንድ ዝተፈጥረ ወጥሪ ስክፍታ ፈጢሩ ኣሎ። ገለ ወገናት ወይ ሚድያታት ከኣ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ግብጽን ሶማልያን ዝተኻየደ ስሉሳዊ ርክብ፡ ኣንጻር ኢትዮጵያ ኣምሲሎም ከቕርብዎ ይፍቱ'ዮም። ብዛዕባ'ዚ እንታይ ትብል?***

እዚ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ይኹን ካልኦት ዝተፈላለዩ ሚድያታት ዘሎ ቃና፡ መብዛሕትኡ መህውተቲ እዩ። ምዝንባዕ (Distortion) መጋገዪ ሓበሬታ (Dis Information) እየ ዝብሎ። ሎሚ ዲስቶርሽን ዲስ ኢንፎርሞሽን ሓደ ኣጽዋር እዩ ኮይኑ። ኣንጻር ኢትዮጵያ እንታይ ማለት እዩ? 'ብዛዕባ ኣየነይቲ ኢትዮጵያ? ብዛዕባ ምንታይ ኢኻ ትዛረብ ዘለኻ?' ምበልክዎ ኣነ ነቲ ከምኡ ዝብል ዘሎ። ንኢትዮጵያ ሓሊኻላ ዲኻ  ዋላ ከተጣቕዖስ ኢኻ ትደሊ ዘለኻ? ሰለስቲኣን ሃገራት ተኣኪበን ከምዚ ኢለን፡ ተማኺረን እናበልካ ዲስቶርሽን እናሓወስካ ዝተፈላለየ ትንታነታት ይቐርብ እዩ። እዚ ምጥቓስ እምበር ካልእ ዕላማ የብሉን። ሓደ ኣመት ወይ ምልክት ናይ ደገ ኣጀንዳታት ድማ'ዩ። ናይ ብሓቂ ግዱስ ሰብ መጺኡ ነቲ ዘሎ ዞባዊ ኩነታት ከንብቦ እንተኽኢሉ ናብ ከምዚ ዝኣመሰለ መደምደመታ ክኸይድ

ኣይከእልን እዩ። ኣንጻር ኢትዮጵያ ዝቐንዐ'ዩ፡ ብኸመይ? ግብጺ፡ ሶማልን ኤርትራን ብሓንሳብ ኮይነን ኣንጻር ኢትዮጵያ ክሰርሓ? ኣየነይቲ ኢትዮጵያ'ያ ኢኻ ትብል ዘለኻ ኢሉ ብወድዓውነት ክሓትት ዝኽእል ሰብ ስለዘየለ፡ ከምዚ ዓይነት ናይ ምጥቓስ ትንታነታት ከም ንቡር እዩ ተወሲዱ። ከምዚ ተባሂሉ፡ ከምዚ ተገሊጹ፡ እናበሉ ንዕኡ ክፍሕሱ ዝውዕሉ ኣለዉ። እዚ ናይ ህውተታ ዘመተታት'ዚ ዓበይቲ ዓበይቲ ባጀለታት ዘለዎም ፈሊጣት ኣለዉዎ። ከምኡታት ክፍሕሱ ዝውዕሉ። ስለምንታይ በቲ እወታዊ ጐድኒ ዘይርእዩዎ? ስለምንታይ በቲ ሃናጺ ጐድኑ ዘይርእዩዎ? ስለምንታይ ከም ውዲት የቕርብዎ? ሽርክነት ኣንጻር ኢትዮጵያ ስለምንታይ? ኩሉ'ዚ ንካልእ ኣጀንዳታት ከገልግል ዝመጽእ ዘሎ ዘረባ እዩ።

ርክባትና ሓድሽ ኣርእስቲ ኣይኮነን። ካብዚ ንግብጺ ንመላለሰሉ፡ ካብ ግብጺ ናብዚ ምስ ዝመጹ ሓለፍቲ ንዘራረበሉ ጉዳይ፡ ሓደ ኣርእስቲ እዩ። ርግኣት ናይዚ ዞባ። ርግኣት እንታይ ማለት እዩ? ዘይርግኣትከ እንታይ'ዩ፧ ብድላይካ ኣገላልጻ ከተቕርቦ ትኽእል ኢኻ። ንሕና ግን ቀጻሊ ንብሎ ዘይምውዳን እዩ (Imbalance) ኩሉ ግዜ ዘይምርግጋእ ዘምጽእ። ስለዚ እተን ኣብ ጎደቦና ዘለዋ ሃገራት ንርግኣት ናይዚ ዞባ ዓቕመን ከበርክታ ኣለወን። ንግብጺ ግብእኩም ኣበርክቱ ንብሎም። ነቐፌታዊ ኣቀራርባ በሎ ድላይካ በሎ፡ እታ ናይ መወዳእታ ዕላማ ግብጺ ኣብዚ ዞባ'ዚ፡ ወይ ኣብዚ ጐደቢ'ዚ፡ ኣበርክቶኣ ክትገብር ምእንቲ ክትክእል እዩ። ስዑዲ ኣበርክቶኣ ክትግበር ኣለዋ። እተን ካልኦት ናይዚ ዞባ ሃገራት እውን ኣበርክቶአን ክገብራ ኣለወን። እቲ ብደገ ዝመጽእ ዘሎ ኣጀንዳታት፡ ንናይ ደገ ምትእትታው መዓጹ ዘርሑ ዘሎ ኣካዪዳታት ክንቆጻጸሮ ክንክእል ኣለና። ሽግራትና ባላትና ክንፈትሕ ኣለና። ብነንበይኑ ዛዕባታት ዝግበር ምትእትታዋት ክንድሮት ኣለና። ልዕሊ 30 ዓመታት ዝረብረብናሉ ጉዳይ ድማ እዩ።

ማያት ኣሎ ከም ጸጋ ኣብዚ ዞባ'ዚ፡ ብኸመይ ክእለ ክኽእል ኣለዎ? ትዘራርበሉ። ስለምንታይ'ዩ ናይ ናይል ጉዳይ ኣሰሓሓቢ ወይ ኣጋጫዊ ዝኸውን? በየን በየን እዩ ዝመጽእ ዘሎ እዚ ጸገማት'ዚ? ግብጺ ምስ ኤርትራ'ዶ ምስ እከለ ኮይኖም ኣንጻር ኢትዮጵያ ንምንታይ? ነዚ ምጥቓስ'ዚ ምኽንያት ካብ ዝኸውን ዘሎ ሓደ ናይ ሚለንዮም ዳም እዩ። ከም ዛንታ ሰብ ክፈልጥ ምእንቲ፡ ብዛዕባ ናይል ብዙሕ እዩ ዝዝረብ። ኣብ ቃልሲ እንከለና ናይ ጣና በለስ ፕሮጀክት ዝበሃል ነይሩ። ሓንቲ ኩባንያ ናይ ሳሊኒ ዝበሃል ትካል ትሰርሖ። እንታይ ኣጀንዳታት ነይሩዎ? እንታይ'ዩ ዕላማኡ? እንተኢልና ካልእ ጉዳይ እዩ። ምናልባት ምስ ግዜ ክዝረበሉ ይከኣል ይኸውን። እቲ ዘረባ መወዳእታ ዘይብሉ'ዩ ነይሩ። ግብጺ ብመትረብ

ስውዝ መስመር ዘርጊሓ ንእስራኤል ማይ ክትሸጠላ'ያ፡ ነዚ መትረብ'ዚ ዝሰርሕ ከኣ፡ ኩባንያ ሳሊኒ'ዩ ይበሃል ነይሩ። ኣብ መጀመርታ 1990ታት'ዩ። ኣብ 1993 ኣነን መለስን ኣብ ኣኼባ ሕብረት ኣፍሪቃ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ካይሮ-ግብጺ ክንሳተፍ ከይድና። እዚ ዛንታ ብፍላጥ'የ ዘምጽኦ ዘለኹ። ሰብ መረዳእታ ምእንቲ ክህልዎ። እንታይ'ዩ ሚለንዮም ዳም? እንታይ'ዩ ናይ ናይል ጉዳይ? እንታይ ማለት'ዩ ግርጭት ኣብ መንጎ ግብጺ ሱዳንን ኢትዮጵያን? ምእንቲ ክንርድኦ።

ሽዑ መለስ "ስማዕስከ፡ ከምዚ ሰሚዕካዶ?" ይብለኒ።

"ንሰምዕ'ወ ወረ ደኣ መሊኡ።"

"ግብጺ ንእስራኤል ማይ ክትሸጠላ'ያ፡" ይበሃል ኣሎ እሞ ምስዞም ግብጺ እንተተዛረብኩሉ እንታይ ይመስለካ?"

"ኣንታ መለስ፡ ብኻልእ ጉዳይ ኢና መጺእና፡ ሕጂ ኢና ንመጀመርታ ግዜ ኣብዚ ኣኼባ ንሳተፍ ዘለና። ሎሚ መጺእካ ብዛዕባ ዝነፍስ ዘሎ ቤላ ቤሎው ምስኣቶም ምዝራብ ኣየድልን እዩ። ዓበይቲ ጉዳያት ኣለውና ንዕኦም ሰሪሕና እንተኸድና ይሕሸና።" ምስ በልክዎ "ሓቅኻ ኢኻ፡ ጽቡቕ ኣለኻ።" ኢሉኒ። ድሓር ግን ናይ ቀትሪ መደብ ወዲእና ኣብ ሳሎን ኣብቲ ሎቢ ኮፍ ኢልና ከለና፡ ነዲሩ መጺኡ።

"እሂ'ታ መለስ እንታይ ኰይንካ?"

"ከምታ ዝበልካኒ ከይገብርሲ ከይደ ንዑመር ሱሌይማን እንድየ ረኺበዮ ተዛሪበዮ።"

"ኣንታ መለስ፡ ኣየድልየናን ተባሂሊልና ከለና፡ ሕራይ ኢልካኒስ መሊስካ ከይድካ ትዛረቦ።"

"እንታይ ኢሉኒ ይመስለካ?"

"እንድዒ እንታይ ፈሊጠ ኣነ፡ እንታይ ተበሃሂልኩም። እቲ ዘረባ ግን ከተልዕሎ ኣይነበረካን። ክትቀርቦም ኣይነበረካን። ማይ ንእስራኤል ትሸጡ ኣለኹም ኢልካ ክትዛረብ ቦታኡ፡ ኣጋጣምነቱ፡ ዋላ ሓንቲ ኣይረኣየንን'ዩ።"

"እንታይ ኢሉኒ'ኸ መስለካ?"

"እንታይ ኢሉካ?"

"መን ኢኻ ንስኻ ኢሉኒ. . .ድሓን ከርእዮ እየ. . . ከንበርክኾም እየ።"

በዚ ዝጀመረት፡ እታ ነገር ማዕቢላ፡ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ምሕዳስ ዝበሃል መጺኡ። ንምንታይ? ምስቲ ናይ ናይል ጉዳይ ናይ ምክልኻል ዓቕምና ከነሐይል ምእንቲ ተባሂሉ። ድሕሪኡ ናይ ሚለንዮም ሓጽቢ ዝበሃል ጉዳይ መጺኡ። ከምቲ ቱርኪ ንዒራቕን ሶርያን ዘንበረከኸቶም ነዚኦም ከንበርክኾም እየ ተባሂሉ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሓደገኛ ሓሳብ ሓደ ሰብ ከምጽእ ከሎ፡ ኣብ መወዳእታ ናበይ ክኸይድ ይኽእል። ድሕሪኡ፡ ሚግ ንቡልጋርያ፡ ሩማንያ፡ ስደደን ኣዕርየን፡ ኣሐድሰን ሓይሊ ኣየር ከምዚ ግበር እናተባህለ ናብ ካልእ ከይዶም። ናቱ ጌጋ ጥራይ እውን ኣይኮነን። ነቲ ኣጀንዳ ሒዞሞ ዝጸንሑ ሓይልታት ነይሮም እዮም። ናብዚ ጐደቦ መጺኦም፡ “ሚለንዮም ዳም ባዕልና ክነስርሓልካ ኢና” ኢሎሞ። ኣብ 2011 እቲ ሓጽቢ ክጅመር ከሎ፡ ናይ ኢትዮጵያ ኣጀንዳ ጥራይ ኣይኮነን ነይሩ። መቐጸልታ ናይ ጣና በለስ ፕሮጀክት'ዩ ነይሩ። ድሕረኡ ኣርእስትታት መጺኦም ተላዒሎም። ናይ ሰቲት እውን ነይሩ። ሰቲት ደሓር ገዲፍናዮ። ካልእ ኣርእስቲ እዩ። ሚለንዮም ዳም ስለምንታይ መጺኡ? እቲ ሓሳብ መን'ዩ ኣምጺእዎ? ኣብ መወዳእታ'ኸ እንታይ እዩ እቲ ዕላማ? ምእንቲ ኣስፍሕ ኣቢልና ክንርእዮ እየ።

ካብዚ ፕሮጀክት'ዚ፡ 5 ሽሕ ሜጋ ዋት፡ 6 ሽሕ ሜጋዋት ከነፍሪ ኢና ተባሂሉ። 6 ሽሕ ሜጋዋት ንኢትዮጵያ እንታይ'ዩ? ዋላ ሓንቲ። ስለምንታይ ብኡ ምኽንያት ምስ ሱዳንን ግብጽን ናብ ዘየድሊ ግጭት ትኣቱ? ማይ ድዩ ተሳኢኑ? ኤለክትሪክ ድዩ ኣገዳሲ ኮይኑ? ክንሸይጥ ኢና ንእከለ ንእከለ፡ 6 ሺሕ ሜጋ ክንዲ ርብዒ ጠለባት ኢትዮጵያ እውን ኣይከውንን እዩ። ኢትዮጵያ ካብኡ ዝዓበየ ክህልዋ ይግባእ። ኢትዮጵያ ብምልእታ ክትለምዕ ምእንቲ፡ 6 ሽሕ ሜጋ ዋት ዘይኰነ 30 - 40 ሽሕ እውን እንተኾነ ክህልዋ ይግባእ። ብኸምዚ ዘይጠቅም ነገር ናይ ሚለንዮም ዳም ኢልካ ምስ ጐረባብትኻ ኣብ ኲናት ትኣትወሉ ምኽንያት ክህሉ ኣይግባእን። እዚ ኩሉ ዘምጽኦ ዘለኹ ዝርዝራት ንምንታይ'ዩ፡ ነቲ ኣንጻር ኢትዮጵያ ዝብል ዘረባ ንምብራህ እዩ። እንታይ ዝገበረት ኢትዮጵያ እያ? ኢትዮጵያ ክትረግእ የብላን? ሰላም ክትረክብ የብላን? ስለምንታይ ንኢትዮጵያ ትሻረኸላ? ስለምንታይ ንእከለ ጸዊዕካ፡ ንእከለ ዓዲምካ ኣንጻር ኢትዮጵያ ትሰርሕ? ንምንታይ ኣብ ከምኡ ንኣቱ? ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሃውታቲ ኣተሓሳስባ ዘእቱ ምኽንያት የብልናን። ናይ ምትሕብባር ናይ ምትሕግጋዝ፡ ናይ ምምልላእ ዝበሃል ኣጀንዳ እንድሕሪ ኣሎ ምስ ኩሉ ክትዛረበሉ ትኽእል ኢኻ። እዚ'ዩ ናብ ዲስ ኢንፎርማሽንን ዲስቶሪሽንን ዝኸይድ ዘሎ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ጉዳያት፡ ንናይ ደገ ኣጀንዳ ከሳስዩ ምእንቲ፡ ከመይ ገይርካ ተጋውሖም? ከመይ ገይርካ ተጣቕዖስ? ከመይ ገይርካ ተናቕፆት? እቲ ስራሕ ቀሊል ነገር እዩ ንዓታቶም። ብዜና እናምሰልካ ብዝተፈላለየ መገዲ፡ እዚኣ ንበዓል እገለ ትምልከት'ያ እናበልካ

ምጥቓስ'ዩ እቲ ዕላማ። ንምንታይ ናቶም ኣተሓሳስባ ክህልዎም ይኽእል'ዩ። ናታቶም ልኡላዊ ሕርያታት ኣለዎም። ንሕና ግን መመሊስካ ኣብ ዘየድሊ ምንቓትን ህውከትን እንታይ ዘአቱ ኣለና።

ትማሊ ሕጂ ንቡርሃን "ክንሕግዘካ ኢና" ኢሎሞ....ከምዚ ኢሎሞም ተባሂሉ። ኩሉ'ዚ ዲስቶርሽን እዩ። ምጥቓስ ዋኒን እዩ ኮይኑ። ሞቕኈሽሽ ካብዝን ካብትን ትረክብ እንድሕሪ ኰይንካ፡ ብድሕሪት ጠውዮም ዝህቡኻ እንተኾይኖም ተጣቕኈስ። ከመይ ገይርካ ተጣቕኈስ? ቃላት ትመርጽ፡ ኣቀራርባ ተጸብቕ፡ ትደግም ትደጋግም፡ ብዝተፈላለየ መገዲ ናብ ኩሉ ከምዝባጻሕ ትገብር። ድሕሪኡ፡ ከም ሓቂ ይውሰድ። ሽዑ ናብ ዝደለኻዮ ተማእዝኖ።

ኣብ ከምዚ ዓይነት ጸወታት ከይንኣቱ ነዊሕ ጉዕዞ ስለዝኸድና፡ ኣይንግራህን ኢና። እዚ ዝተጠቕሰ ርክባት ግን ምስ ናይ ኢትዮጵያ ኩነታት ብዝኾነ ይኹን መገዲ ዘዛምድ ነገር የብሉን። ናይ ኢትዮጵያ ኩነታት ባዕሉ ኣብ ፍሉይ ሽግር እናሃለወ፡ መሊስካ ተጋድዶ፡ ንናይ መን ረብሓ? ኣብ ኢትዮጵያ ዘሰክፍ ኩነታት እንተድኣ ኣሎ ንኩላትና ዘሰክፍ እዩ። ከመይ ገይርና ንኣልዮ ድማ ንዛረበሉ። ምስጢር ኣይኮነን። ተሓባቢርና ወይ ተኣኪብና መጺእና ኣንጻር ኢትዮጵያ ክንሰርሕ ኢና ዝብለካ ግን፡ ብዘይካ ርእሱ ዝሓመመ ከምኡ ዝሓስብ የለን። እዚ ከምዚ ዓይነት ምጥቓስ ብናትና ዜና ይኹን ብዝተፈላለየ ካልእ እነካይዶም ጐስጓሳት ክንምክቶ ዘለና እዩ። ቀጻሊ ምዝንባዕ፡ ቀጻሊ ምጥምዛዝ፡ ልምዲ ወይ ባህሊ እናኾነ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ስለዚ መኸተ የድልዮ። ኣይፋሉን ከምዚ ዝበሃል የለን፡ ሓሶት እዩ፡ ሓቂ ኣይኮነን፡ እቲ ሓቂ እዚን እዚን እዩ ኢልካ ክትገልጽ ክትክእል ኣለካ። ኣኼባ ስለዝተገብረ፡ ቀርቂርካ ቀራቒርካ ኣብ ጸቢብ ዓውዲ ኣእቲኻ እዚ ኣንጻር ኢትዮጵያ ዝቖንዐ'ዩ ምባል፡ ንዕኡ መመሊስካ ምግዋሕ፡ ምስ ካልኦት ኣርእስታት ደሚርካ ደማሚርካ፡ ኣብ መወዳእታ ምጥርጣር ዘይምትእምማን ምፍጣር፡ ከይድካ ከይድካ ናይ ምንቓት ስራሕ እዩ።

ናይ ሚለንዮም ዳም ዝበሃል ይኹን ተፋሰስ ኒል ዝተፈላለዩ ኣብዚ ከባቢ ዘለዉ ዝለዓሉ ነንበይኖም ዘረባታት፡ ናይ መን እዮም እንተድኣ ተባሂሉ፡ ናይቶም ዘቤታውያን ተዋሳእቲ (Local Acters) ኣይኮኑን። ብደገ ዝድረኽ ኣጀንዳታት'ዩ። ነዚ ጉደቦ እንብሎ ንሕና፡ ሰላም ከይረክብ ምእንቲ፡ ቅሳነት ከይረክብ ምእንቲ፡ መመሊስካ ሓዊ ኣእትወሉ ሓዊ ረኵዓሉ ስለዝኾነ፡ ንሕና ኣእዳውና ኣጣሚርና ክንዕዘብ ኣይንኽእልን። ክንምክቶ ዘለና እዩ። ከመይ ገይርና ንምክቶ ሓቂ እናቕረብና፡ ሰብ እቲ ሃናጺ ዕላማታትና ከምዝርድኦ እናገብርና። እዚ ሓደ ካብ ቀዳምነታት ናይ መኸተና ስለዝኾነ፡ ሱቕ ኢልና ጕሲናዮ ኣይንሓልፍን ኢና።

ወይ ሰሚዕና ትም ኢልና ኣይንኽይድን ኢና። ሓቂ'ዩ ዝበዝሕ እዋናት ኣብ ዘየድሊ መኣዲ ኣይንዕደምን ኢና። ኣብ ዘየድልየና ቈይቍ ክንኣቱ ኣይንደልን ኢና። ሓሶት እናተዘርግሐን እናተጓውሐን ከሎ ግን ኣእዛንናን ኣዒንትናን ዓሚትና ትም ኣይንብልን ኢና።

***ሕራይ'ሞ ክቡር ፕረዚደንት፡ መራሕቲ ወያነ ኲናት ኣየድልየኩም እዩ እናተባህሉ ዝወልዑዎ ባርዕ፡ ንህዝቢ ትግራይ ንኽቢድ መከራ ኣቃሊዑዎ እዩ። ድሕሪ'ቲ ኩሉ ጸገማት ድማ መሪሕነት ትግራይ ተገማሚዑ። ፖለቲካዊ ቅልውላው ጥርዙ በጺሑ'ሎ። ምስዚ ኣብ ዝተኣሳሰር ጉዳይ መንግስቲ ኤርትራ ውዕል ፕሪቶርያ ከምዘይማእምኦን ሰላም ከምዘይደሊን ኣምሲሎም ዝገልጹ ወገናት ኣለዉ።***

***በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ንህዝቢታት ትግራይን ካልኦት ህዝቢታት ኢትዮጵያን ከምኡ'ውን ንዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሓይሊታት ኢትዮጵያ ዝመሓላለፍ መልእኽቲ መንግስቲ ኤርትራ እንታይ እዩ?***

ሓደ መልእኽቲ ጥራይ ኣይከውንን - ብዙሕ መልእኽቲታት እዩ። 50 ዓመታት ኰይኑ፡ ዳርጋ ልዕሊ 50 ዓመታት ሓሊፉ። 'puzzle' እዩ። ይደጋገም፡ ይደጋገም፡. . . . ፡ ስለምንታይ? - ዘዕግብ መረዳእታ ክትረኽበሉ ዘይኰነስ፡ እታ ኣተኩሮ (focus) ናብ ሓንቲ ነገር ዝጠመተት እያ ጸኒሓ - ኣብዘን 50 ዓመታት። "ኣይከውንን እዩ፡ ኣየድልን እዩ" ክትብል ትኽእል - ከምዚ ኣቐዲመ ክጠቕሶ ዝጸናሕኩ እዩ። ናይ ተፋሰስ ኒል (Nile Basin)፡ ናይ ግድብ ህዳሴ (Millenium Dam) ዝበሃል ነገር ክመጽእ እንከሎ - የድልየካ ድዩ ከምኡታት ነገር? ዝኸውን ምስኰነ፡ ካልእ ሳዕቤን ምስመጸ ንሳዕቤን ክትፍውስ ጉያ-ጉያ ትብል። ህድማ ንቕድሚት እዩ። ኣብ ዉሽጢ'ዚ 50 ዓመታት ዝተዋህለለ ነገር ኣምጺእካ ክትዛረብ እንድሕር ኮይንካ፡ ንሕና ንጽድቂ ኣይኮነን፡ ንኽውንነታዊ ጠለባት ናይዚ ዞባ'ዚ ግቡእና ከነበርክት ክንክእል ኣሎና። ምስኣቶም ዝጸንሓና ናይዚ 50 ዓመታት ዕላማ ከኣ፡ ንዓና ዘርብሓና ነገር ጥራይ ክንገብር ምእንቲ ዘይኰነ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኵነታት፡ ካብኡ ንንዮው ዘሎ ናይቲ ዞባ ኩነታት እውን ርግኣት ክንፈጥር ምእንቲ እዩ። ሓንቲ ደጋጊምካ እትዛረበላ፡ እዛ ናይ ጐደቦ ትበሃል ኣምር (Concept) ናብኣ ኢና ነብል። ርግኣት ናይቲ ጐደቦ መሰረታዊ እዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ስርዓታት በየን መጺኡ፡ እንታይ መጺኡ፡ እንታይ ኢሉ፡ እንታይ ጌሩ - ዝበሃል ነገር ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም - ብዙሕ ዘረባታት ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ብዝኾነ ግን፡ ሓቢርና ክንሰርሕ ንኽእል ኢና ዝብል እምነት'ዩ

ብመሰረቱ - ኣብ 1970ታት እውን ክንጅምር ከለና። ቀጻሊ ዳያሎግ፡ ቀጻሊ ኣርእስቲታት፡ ኣዚኦም። ከምዚኦም ከምጽኡ ከለዉ ኣይከውንን እዩ፡ ኣይፋሉን. . . . ።

ናቶም እንተዝኸውን እቲ ኣጀንዳ፡ ኣብኡ ጥራይ ደው ከተብል ምተኻእለ። ግን ኣብ መወዳእታ ኣብኡ ጥራይ ኣይተገድፈን። ባድመ ትበሃል መጺኣ። ባድመ ሃንደበት እያ ነይራ ንዓና። ባድመ ከም ቦታ ንፈልጦ፡ ግን ባድመ ዘከራኽር ነጥቢ ነይሩዎ ድዩ? ባድመ ግን መቐጸልታ እዩ። መቐጸልታ ናይ ሕነሽ(ሓንሽ) እዩ፡ መቐጸልታ ናይ ካልኦት ናይ ዶብ ጉዳያት እዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ኣጀንዳ ብደገ ዝመጽእ እዩ። እንታይ እዩ ተረኺቡ ከምዚ ይብሉ ኣለዉ? ብቴለፎን - ኣነ ቴለፎን ኣይዛረብን እየ፡ ቴለፎን እውን ኣይጥቀመላን እየ ብዙሕ ግዜ፣ ግን ኣጋጣሚ ሽዓ ከምዚ ይበሃል ኣሎ ምስ ተባህለ - ኣንታ ኣራኽቡና እስከ ምስ መለስ፡ እንታይ እዩ እቲ ናይ ባድመ ዝበሃል ዘሎ? ከምዚ ኢሎም. . . . . እዚ'ዩ ኢልካ ክትዛረበሉ እትኽእል ነጥቢ ኣይነበረን። እምባእ! ከምዚ ዝኣመሰለ ሽግር፡ ቅድም ቀዳድም ንሕና እቲ ዶብ ክሰኣል እንከሎ ኣይነበርናን። እቲ ዶብ ግን ንሕና እንውስኽሉ ወይ እንንከየሉ እውን የለን። እዚኣ ባድመ እትበሃል ስለምንታይ እያ ከም ጉዳይ ትቐርብ ዘላ? እንታይ'ዩ ትርጉማ? ስለምንታይ ባድመ ባድመ ዝበሃል ሕጂ ኣከራኻሪ ኣርእስቲ ይኸውን? ናብ ባይቶ ኣብ ዝቐርበሉ ዝነበረ እዋን'ዩ። ቅድሚ ናብ ባይቶ ምቕራቡ እዩ። ኣይፋልካን፡ ኣይክወንን እዩ - ከምዚ ዝኣመሰለ ኣርእስቲ ኣየድልየናን እዩ። ድሮ ንሕና ናይ ሕነሽ(ሓንሽ) ተመኵሮ ስለዝነበረና። ንዕኡ ኣንቢብናዮ፡ ብዙሕ ተማሂርናሉ። እዚ ጉዳይ'ዚ ምስ መጸ ከኣ፡ እምበኣር ከኣ ሕጂ ሓድሽ ካልእ መጣቘሲ ኣርእስቲ ይመጽእ ኣሎ፡ እሞ ሓዲኣ ዘይንገብር. . . . ክሳብ ክንድዚ ኣገዳስነት ዘለዎ ቦታ እንድሕር ኮይኑ፡ ዘከራኽር እንድሕር ኮይኑ ንሕና ከኣ ዘይወዓልናሉ - ዶብ ኣይሓንጸጽናን፡ እቲ ዶብ ተሓንጺጹ ጸኒሑ ብዘለዎ ከም ልኡላዊ ዶብ ተወሲዱ ዘብል ዘሎ።

ኣብኡ ዘከራኽር እንታይ ኣሎና? ሕጂ፡ ካብ ምቊጽጻር ከይወጽእ ምእንቲ፡ ተራኺብና እንተ ተዛረብናሉ ጽቡቕ እዩ። ተረዳዲእና'ውን ዘይንፈትሖ ነገር የለን። ኣይፋሉን ከ ኣብ ሓደ መረዳእታ ክንበጽሕ ኣይከኣልናን እሞ ሓበሬታ ይጉድለና'ሎ እንድሕር ንብል ኮይና፡ ሽምጋሊ ሳልሳይ ኣካል ሓዊስና ከም ካልኣይ ኣማራጺ፡ ከም ካልኣይ ሕርያ'ውን ክንፈትሖ ንኽእል ኢና። ኣይፋሉን፡ ኣይኰነን እንተ ተባህለ ከኣ፡ ብሕጊ ንዝፈልጡ ኣቢልና ከነብሎ ንኽእል ኢና። ድሮ ኵናት ተወሊዑ ናብ ካልእ ማእዝን እዩ ከይዱ። መዕለቢ ከይተገብረሉ ከሎ። ድሕሪኡ ናይ ኣልጀርስ ዝበሃል መጺኡ። መፍትሒ ናይቲ ሽግር ተባሂሉ እዩ። እንታይ

እዩ? ንሕና ዘከራኸር ኣርእስቲ የብልናን። ኣይወዓልናሉ ኣይሓደርናሉ፡ ዶብ ኣይሰኣልናን ተሳኢሉ እዩ ጸኒሑ። እዘን ኩለን ናይ ኣፍሪቃ ሃገራት፡ ናይ ኤስያ ሃገራት፡ ኣብ ዓለም ዘሎ ሃገራት ዝበሃላ ሕጂ ዶባተን ዝተሳእለሉ ዘመን ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ እዩ። መዓስ ተሳኢሉ፡ ብኸመይ ተሳኢሉ'ውን ዘከራኸር ኣርእስቲ የብሉን። ንሕና ብፍላይ ከም ወረስቲ ናይዚ ዶባት'ዚ፡ ንዕኡ ከነኽብር እዩ ዝግባኣና'ምበር ንዕኡ መመኸነይታ ጌርና ናብ ዘየድልየና ምንጃት ክንኣቱ የብልናን። ወረቐት ጽሒፎም ኣምጺኦም። እሞ ናብ ፍርዲ ይኺድ። ናይ ፍርዲ ከኣ፡ ናይ ሕነሽ ተመኩሮ'ውን ስለዝነበረና፡ እታ ዝሓጸረት መንገዲ ንሳ እያ። ኣብ ክንዲ ብኽልተኣዊ ደረጃ ንፈትሖ፡ ወይ ሽምጋሊ ኣምጺእና ንፈትሖ ንብል፡ ናብ ቤት-ፍርዲ ንኺይድ። ዘከራኸር ኣርእስቲ እንድሕር ኣሎ ኮይኑ ከኣ፡ ኣብ ቤት-ፍርዲ ክድቅስ ይኽእል እዩ። እዚ ናተይ እዩ እዚ ናትካ እዩ፡ እዚ መሬተይ እዩ እዚ መሬትካ እዩ ኣይኰነን። ቅድሚኡ ተኣታትዩ ዝነበረ ናይ ዶብ ጉምሩክ ዝበሃል መጺኡ። ኣብ ክዉን ክትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ። ዝኾነ ብዶብ ዝግበር ምስግጋር (transaction) ናይ ዝተፈላለየ ሃለኽቲ፡ ደርሆ መጺኣ፡ በጊዕ መጺኣ ኢልካ ትዛረብ፡ ቅድም ሕሳብ (account) ናይ ባንክ ክኽፈት ኣለዎ ዝብል ሓሳባት ኣምጺኦም። እዚ ቅድሚኡ ሓደ ናይ policy harmonization ኣካል ክቕውም ኣለዎ ኢልና ዝጀመርናዮ ማለት እዩ። ኣብ ዶባትናሲ ናይ ኣገልግሎታታትን ናይ ሸቐጥ ኣቕሑን (goods & services) ክፉት ክኸውን ኣለዎ። ንዕኡ ከሳሲ ዝኽእል ናይ ባንካታት ትካላት'ውን የብልናን። ሕጂ፡ ንብረት ሒዝካ ዶብ ክትሓልፍ ምእንቲ ናይ ባንክ ሕሳብ ክትከፍት ኣለካ ዝበሃል መሳበቢ እንተዘይኰይኑ ንኽምኡ ዝሕግዝ ኵነታት'ውን የለን። ከይዳ ከይዳ እዛ ናይ ዶብ ትበሃል ናታ ዛንታ ኣለዋ። ስኑድ እዩ። ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣለዎ - መዓልቲ መዓልቲ እንታይ ተባሂሉ እንታይ ተጌሩ። ናብዚኣ ምስ በጽሐት ኣብ መወዳእታ እዛ ናይ ኣልጀርስ ዝብላ ዘለኹ መጺኣ። ኬድና - እወ፡ Final & Binding እዩ ኢሎም። እንታይ ማለት እዩ Final & Binding? ብይን ምስ ተዋህበ ክርክር ዝበሃል የለ፡ ኣቤቱታ የለ፡ ጥርዓን'ውን የለን። ጽቡቕ፡እተን ወረቐት ክፍረማ እንከለዋ ዝርዝራተን - Final & Binding! ንድሕሪት ዝምለስ ኣይኰነን፡ ኣይተሰማማዕኩሉን ኣየበልኩሉን ኣይትብልን ኢኻ። ይግባይ ዝበሃል'ውን የብሉን። ጽቡቕ!ከመይ ይኸውን - መወከሲ ኸ እንታይ እዩ? Colonial boundaries እዩ። ካልእ ኣካራኻሪ ኣርእስቲ የለን። መግዛእታዊ ዶባት ጥራይ ዘይኰነ፡ Applicable International Law ዝበሃል'ውን ኣሎ ኢሎምና። እንታይ እዩ Applicable International Law? ክንፈልጥ ምእንቲ እቲ ውዕል ክንፍርሞ ምእንቲ። እዚኣን እየን እተን መወከሲ። እቲ መወከሲ፡ እቲ መግዛእታዊ ዶባት እዩ - ካልእ መወከሲ ዝበሃል ዝኾነ ሰብ ከምጽእ'ውን ስለዘይክእል፡ ካብቲ

መወከሲ'ቲ ክትወጽእ ኣይትኽእልን ኢኻ። ብይን ምስ ተዋህበ ከኣ መከራኸሪ ዝበሃል ኣርእስቲ'ውን ክህሉ ኣይኰነን። ትኺድ። ተወዲኡ ጉዳይ። መግዛእታዊ ዶባት ኣበይ ነይሩ፡ በየን እዩ ነይሩ . . . . እቲ ሰነዳት ተኣኪቡ ዘሎ፡ እቲ ወረቓቕቲ ከይቁንቁን ኢኻ ተብል'ምበር ክበዝሕ መዓት እዩ። ተወዲኣ ተባሂላ። እዚኣ ምስ ተወድአት፡ ምስቲ ኩሉ ዝግበር ዝነበረ ፈተነታት ናይ ዋሺንግተን ሽዑ፡ እዚ ሕጂ ትማሊ ናይ ትራምፕ ኢልና ንዛረበሉ ዘለና፡ ድሕሪ ናጽነት ዝመጸ ናይ ዋሺንግተን ምብኹባኹ ካበይ'ዩ መጺኡ እንድሕር ኢልካ - ቅርሕንቲ በሎ፡ ጽልኢ በሎ፡ ክቕጽዑ ኣለዎም እዚኣቶም. . . . ክቕጽዑ ኣለዎም ሲ ከም ቋንቋ እዩ ተወሲዱ፡ ሃገር ዝኣክል፡ ክንድዚ ዝኣክል ዓቢ ሃገር ከምዚ ክገብር - ኣብ እንታዩሽሙ ክኣቱ . . . . ኩላ ናይ ሕነሽ በላ፡ ናይ ባድመ፡ ዳሕራይ ካልኦት ናይ ዶባት በዚን በቲን ይመጹ . . . . ናይ ዝኾነ ኣብዚ ዞባ ዘሎ መንግስቲ ወይ ናይ ፖለቲካ ሓይሊ ኣይኰነን። ናይ ደገ  ናይ ዋሺንግተን እዩ እቲ ኣጀንዳ። እዚኣ ናይ ዶባት ሽግር ቀጻሊ መጣቖሲን መካወሲን ምግባራ፡ ብግብሪ ዝተረጋገጸ ካብ ሕነሽ ጀምር ድሕሪኡ ክሳብ'ዚ ሕጂ ዘሎ ዝቕጽል ጉዳያት ካብኣ ዝመጸት እያ።

ብይን ተዋሂቡ። ብይን ተወዲኡ። Demarcation (ምምልካት ዶብ) ተሪፉ'ሎ ተባሂሉ። ዲማርኬሽን ንሕና ኣብኡ ዘዛርብ ምኽንያት የብልናን። ቴክኖሎጂ ማዕቢሉ ስለዝኾነ፡ እቲ ቤት-ፍርዲ ምስቲ ብይን ኣረጋጊጹ የምጽእ። Virtual Demarcation ኢሎም ንኽልተኡ ወገን - እቲ ቪርቹዋል ዲማርኬሽን ዝብሉዎ ብዝርዝር፡ ሜትሮ - ሰንቲሜትሮ ከማን ኣይትጋገን ኢኻ። ብ ጂ.ኣይ.ኤስ ዝሕንጸጽ ዶባት እዩ - ኣነ ኣካራኻሪ ነጥቢ ኣሎኒ፡ እዚኣ ናተይ እያ፡ እዚኣ ናትና እያ ኢልካ ከማን ኣይትከራኽረሉን ኢኻ። ካልኣይ ግዜ ብዘየዛርብ መንገዲ ዓጽዮም ወዲኦማ እታ ጉዳይ። ድሕሪኡ State Department (ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ) ኣይተቐበሎን ነቲ ዉሳኔ። ሽዑ ናይ ዝነበሩ ሰባት ኣስማቶም ክጠቅስ ኣይደሊን እየ - ግን ኣብ መወዳእታ እዚ ጉዳይ'ዚ ከም ብሓድሽ ክርአ ኣለዎ፡ ከም ብሓድሽ ክዝረበሉ ኣለዎ፡ ኣብ ዶባት ዘለዉ ህዝቢታት ክራኸቡ ኣለዎም - ክዘራረብሉ ኣለዎም፡ ገዛ ኣቢዝኣ ተመቒላ ኣብዚኣ ተመቲራ ዝበሃል ነገራት'ውን ከይመጽእ ምእንቲ የድሊ እዩ . . . . . ውዱእ እዩ። ቀያዲን ናይ መወዳእታን (Final & Binding) ተባሂሉ። ቪርቹዋል ዲማርኬሽን ተወዲኡ። ስለምንታይ ኣካራኻሪ ነጥቢ ይኽፈት? ኣካራኻሪ ነጥቢ ተፈጢሩ ተባሂሉ እዚ 20 ዓመታት ኮለል ዝበለ ኣርእስቲ መን ኣበጊሱዎ እንድሕር ተባሂሉ ኣብ ዋሺንግተን እዩ ተበጊሱ። ቀጺሉ ነቲ ካልእ መተሓሓለኺ ጉዳያት ኣብ ምንታይ ደረጃ ኣብጺሑዎ . . . . 2009 ንገዛእ-ርእሱ እገዳ ዝበሃል ክመጽእ እንከሎ - እገዳ ብምንታይ ምኽንያት? እንታይ ስለዝኾነ? ንኣልሸባብ ስለዝሓገዝኩም? እዚ ምሉእ መዋእልና ኣንጻር ሽበራ ተዋጊእና ትማሊ

ናይ ሱዳን ናይ ብዓል ቢንላደን ዝካኣለና ጻዕሪታት ኣካይድና ኣብ መወዳእታ ዝምድና፡ ዲፕሎማሲ ቆሪጽና፡ መኪትና መኪትና ናይ ኣፍጋኒስታን ዝበሃል ኩሉ እንታይ ኢኻ ትብሎ ብዓላትኩም ዝፈጠርኩሞ ኣል-ቃዒዳ ሕጂ መሊስካ ንዓና ንሸባብ ትድግፉ ኣለኹም ኢልኩም ክትከሱና - ብየናይ መርትዖ በየናይ ጭብጢ? ከይዳ ከይዳ ናይ መወዳእታ 2009 ናይ ልደት ብዓላት'ዩ ነይሩ ሰብ ኣብ ዘይብሉ እታ ዉሳኔ ትሓልፍ ተባሂሉ ዉሳኔ ሓሊፉ። ብዓል ራጎቨ እዮም ነይሮም ሽዑ ኣብኡ ብዓሰርተ ኣጻብዕቱ ፈሪሙላ እገዳ መጺኣ። ሕጂ ተኻታታሊ ተጻብኦ ደሚርካ ብግዜን ብጉዳይን ደሚርካ እንድሕር ርኢኻዮ፡ ናይ ኢትዮጵያ ጉዳይ ኣይኰነን። ቀጻሊ ቁርቁስ፡ ቀጻሊ ኲናት፡ 80 ዓመታት ካብቲ ቀጻሊ ንዛረበሉ ኣርእስቲ ስለምንታይ እዩ ከምዚ ዝኣመሰለ ተጻብኦ መወዳእታ ዘይብሉ ዝኸይድ ዘሎ? መን'ዩ ኣበጋሲኡ? ናይ ብሓቂ ናይ ዶብ ሽግር ነይሩ ድዩ? ካበይ ዝመጸ ሽግር'ዩ ክሳብ ክንድዚ ደረጃ በጺሑ? ስለምንታይ ደም ተፋሲሱ? ስለምንታይ? ዝበሃሉ መጺኦም። ሕጂ ነዛ ናይ መወዳእታ ነጥቢ ተምጽእ ዘላ - ስለምንታይ? ስለምንታይ ዝበሃል፡ ትማሊ ኣብ ኢትዮጵያ ለውጢ መጺኡ። ኣብ ኢትዮጵያ reform መጺኡ ተባሂሉ። ጽቡቕ። ሪፎርም መጺኡ - እንታይ'ዩ እቲ ሪፎርም? እምበኣር ኣብኡ ክንዛረብ ኣይንደልን ኢና። እታ ዋና ነገር ግን፡ ናይ ኢትዮጵያ ጉዳይ ዝበሃል ብሽመይ ኣተሓሕዛ ንሕዞ ኔርና እንድሕር ኮይኑ፡ እዚ ኣብ 1992 ጀሚሩ ክሳብ 1994፡ ኣብ 1995 ድማ ክዉን ዝኾነ ፖለቲካዊ ስርዓት ናይ ኢትዮጵያ ዘምጽኦ ጸገማት እዩ። እቲ ጸገማት እንታይ እዩ - Ethnic Polarization (ኤትኒካዊ ምትፍናን) ዝስርት ስርዓት'ዩ መጺኡ። ሕጂ ጫፍጫፍ ዝርዝራት መጺእካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ - ኣይኰነን። ዋእ ከይተበገሰ እንከሎ እንታይ ነይሩ ኣረኣእያና? እንታይ ነይሩ ኣተሓሳስባና? እዚ ምስዚ 50 ዓመታት ዝብሎ ዘለኹ - ምስ ማለሊት ዝንበረና ዝምድናታት ኣብ ዉሽጢ'ዚ 50 ዓመታት ከመይ ኢሉ ከምዝማዕበለ ሰዓት ብሰዓት፡ መዓልቲ ብመዓልቲ፡ ዓመት ብዓመት ክትጽብጽቦ ትኽእል ኢኻ።

ግን፡ ብጉዳያት'ውን ክትሰርዖ ክትክእል ኣለካ። ብጀካ'ዚ ናይ ዶብ ዝበሃል ዘሎ፡ እዛ ጉዳይ እዚኣ ከበይ መጺኣ? ስለምንታይ መጺኣ? ብዛዕባ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ናይ ብሄራት ናይ ኤትኒክ ዝበሃል ሓድሽ ኣርእስቲ ኣይኰነን - መዋእልና ዝተዛረብናሉ ኣርእስቲ እዩ። ኣብ ኢትዮጵያ Nation building ዝበሃል ክመጽእ እንድሕር ኮይኑ ግን፡ ንድሕሪት ናብ መስፍናዊ ዝኾነ ቅርጺታትን ኣሰራርሓታትን ኬድካ ሃገር ክትሃንጽ ኣይትኽእልን ኢኻ። ሱቕ ኢልካ ናይ ደገ ናይ ግዳም ተዋስኦ'ውን ኣይነበረን። ምስ መለስ ሲ ብዙሕ ኢና ንረዳዳእ። ከምዚ ናይ 1993 ኣብ ካይሮ ኮፍ ኢልና ካልእ ዘረባ የብልናን - ኮፍ ኢልና ኣብቲ ሎቢ ንዛረብ፡

ዘለና ሓሳባት ንቀባበል። 1992፡ Transition Democracy ዝበሃል ኮንፈረንስ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተጌሩ ተሳቲፍና። ሽዑ ዝነበረ ዝርርብ ምስ ኩሎም ሓይልታት ሓደ ብሓደ ኣምጺእካ ከተብለሉ ትኽእል ኢኻ። 1994፡ እመጻካ ኣለኹ ኢሉኒ፡ ጽቡቕ፡ ኢሂ? ሓንቲ ጉዳይ ኣላ። ከካፍለካ ደልየ ይብለኒ። ናይ ብሓቂ ብገርሂ ብእንታይ ኢኻ ትብሎ እዩ ዘምጽኦ ዘሎ። የካፍለኒ። እዛ ሰነድ እዚኣ ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ካልእ ሰብ ኢኻ ንስካ ትርእያ ዘለኻ - ርእይቶኻ ክትህበኒ ምእንቲ እየ ዘርእየካ ዘለኹ ኢሉኒ። Draft Constitution (ንድፊ ቅዋም) ናይ ፌደራል ደሞክራቲክ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ. . . . እምባእ! ከቢድ ኣርእስቲ እንዲኻ ኣምጺእካለይ ድኣ'ሞ ሕጂ፡ በል ደጋጊመ ከንብባ ምእንቲ ግዜ ሃበኒ፡ ኣንቢበያ ደጊመ ደጋጊመ . . . . . ዋእ! ኣታ መለስ፡ እዚ ሰነድ'ዚ ንኢትዮጵያ ዘይኮነ ንዝኾነ ሃገር ኣይከውንን እዩ። ከምዚ ጌርካ ሃገር ክትስርት ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣይከውንን እዩ ብኽምዚ። ናብ ዘየድሊ ጸገማት ክውጥጥ'ዩ ጽባሕ ንግሆ፡ ናብ ሪጽሚ ምስ ሰገረ ከኣ ክትቆጻጸሮ ንድሕሪት ክትመልሶ'ውን ኣጸጋሚ ክኸውን እዩ። ስለዚ፡ ኣነ እዚ ሰነድ'ዚ - ዓንቀጽ 39 ጥራይ ኣይኰነን እቲ ጸገም - ብምልኡ እቲ ትሕዝቶኡ፡ መንፈሱን እቲ ሕሳቡን ኣብ ኢትዮጵያ ክሰርሕ ዝኽእል ኣይኰነን፡ ዘይምለስ ጸገም ክፈጥር እዩ። ከምኡ ከም እትብል እፈልጥ እየ ኢሉኒ። እንታይ እሞ ድኣ? ከካፍለካ ስለዝደለኹ እየ፡ እሱ ደኣ'ሞ ተረዲኡኒ ኣሎ። ግን ሓሳባተይ ክነግረካ እዚ ኣይከውንን እዩ። ኢትዮጵያ ብዘይ ከምኡ ኣይነማሓድራን ኢና። ኣብዚ ፈንጂ፡ ኣብቲ ፈንጂ ትገብረላ፡ ሽዑ ተሰለጠ ጽቡቕ ተደይሰለጠ ከኣ ነፍሲ-ወከፍ ፈንጂ የባርዐን። ብኽምዚ ዓይነት ቃና ናይ ሓሳብ ሃገር ክትሃንጽ? ናይ ሃገር ሕገ-መንግስቲ ኢልካ ከተቕውም? ጽባሕ ንግሆ ሳዕቤናት ክመጽእ እዩ።

1995 ተተግቢሩ፡ ፌደራል ደሞክራቲክ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ - ናይ ኤትኒካት ኢትዮጵያ ተመስሪታ። እዚ ሕጂ ዘሎ ሽግር ሳዕቤን ናቱ እዩ። ዝኾነ ካልእ ጐድናዊ ኣርእስቲ እናልዓልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣነ ግን ኣኽቢረዮ፡ ኣኽቢርኒ፡ ሓሳባት ከካፍለኒ መጺኡ - ኣብ መወዳእታ ኣይከውንን እዩ። ንዓኻ ክመስለካ ይኽእል እዩ ከምዚ ትብሎ ዘለኻ - ንዓና ግን ኣይከውንን እዩ፡ ከምኡ ጌርና ኣይንኸይድን ኢና። ኣታ መለስ፡ ንዓናን ንዓኹምን ንዓኻትኩምን ዝበሃል ነገር የለን። እዚኣ ጉዳይ እዚኣ ጽባሕ ንግሆ ናብ ዘየድሊ መንገዲ ክትመርሕ እያ - ሓንሳብ ምስ ተተፋነነ እቲ ሕብረተ-ሰብ ካልኣይ ግዜ ከተላግቦ ኣይትኽእልን ኢኻ። ብቑጠባዊ ዓይኒ፡ ብባህላዊ ዓይኒ፡ ብፖለቲካዊ ዓይኒ፡ ንድሕነታዊ ዓይኒ፡ ብኻልእ ዝተፈላለየ መንገዲ ንሓደ ሃገር ናብ ምህናጽ ገጻ ኣብ ክንዲ ትኸይድ መሊስካ ናብ ምፍርኻሽ ኣይክየድን እዩ። ተዛሪብና ተዛሪብና ኮፍ ኢልና ኣብ መወዳእታ - ከካፍለካ ኢለ እየ መጺአ።

'የቐንየለይ'። ካብኡ ዝዓቢ ነገር የለን። እቲ ኣኽብሮትካ፡ ኣነ ኣቦታኡ ኣሎ ናይ ቀልዓለም ኣይኰነን። ግን፡ እዚኣ ካልኣይ ሳልሳይ ግዜ እንተ ሓሰብካላ ዝበለጸት እያ።

ካልእ ኣማራጺ የለን እዛ ዝብለካ ዘለኹ እያ ኢሉ ከይዱ። ኣብ 1994 መወዳእታ እያ ነይራ - ኣብ 1995 ተተግቢሩ።

ኣብ ኢትዮጵያ እንታይ መጺኡ? Ethnic polarization ሰሪቱ። እዚ ሕጂ ቅዋም፡ ቅዋም ዝበሃሎ ዘሎ እንታይ ፈጢሩ? መመሊስካ ምንቛት፡ መመሊስካ ምፍሕፋሕ፡ መመሊስካ ምድኻም፡ ኢትዮጵያ ረጊኣ ናይ ዉሽጣ ኩነታት ኣደቓቒሳ ንደገ ክትሰርሕ ክትክእል ኣለዋ። ኢትዮጵያ ክትዕብልል እያ ኣይክትዕብልልን እያ ኣይኰነን ዘሎ እቲ ሕቶ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዘለዎ ክረጋጋእ ክኽእል ኣለዎ። እንተዘየሎ ብኤትኒክ ኣቃዋውማ ነንሓድሕዱ ፋሕፋሕ ኣቢልካ ንዕኡ ሕጋውነት ኣልቢስካ . . . እንታይ ርኢና ኣብዚ ዝሓለፈ 30 ዓመታት እዚ ዘሎ ናይ ሕጂ ኩነታት እዩ። ስለዚ፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ክእረም ክኽእል ኣለዎ። ካልእ ኣማራጺ የለን። ኣብ ኢትዮጵያ ለውጢ ይመጽእ ኣሎ - ሪፎርም ይመጽእ ኣሎ ኣብ ዝተባህለሉ እዋን'ውን፡  ካልእ ኣርእስቲ ኣይነበረን ብዘይካ'ዛ ኣርእስቲ እዚኣ። ኢትዮጵያ ንነብሳ ረጊኣ ክትነብር ክትክእል ምእንቲ፡ ኣብ ጎረባብታ ከኣ ዓቢ ኣበርክቶ ክትገብር ክትክእል ምእንቲ ርግኣታ ቅድም ክዋሓስ ክኽእል ኣለዎ። ርግኣታ ግን ብኢትኒካዊ ምትፍናን ጌርካ ከተረጋግጾ ዝከኣል ኣይኰነን። ነዊሕ ኣርእስቲ'ዩ። እዚ ኣርእስቲ'ዚ ቀሊል ኣይኰነን። ኣብ ኢትዮጵያ ርግኣት ክመጽእ እንድሕር ኮይኑ፡ እዚ ብሽም ኢትኒክ፡ ብሽም ብሄራት ዝተመስረተ ምትፍናን ክእለ ክኽእል ኣለዎ። በቲ ናይ ቀደም ዝነበረ - ክንደይ ኣውራጃታት፡ ክንደይ ወረዳታት ነይረን ዘይኰነ እቲ ሕቶ፡ ብብሄር ኢልካ ዝግበር እንታይ ኢኻ እትብሎ ብዙሕ ናይ ካልኦት ዓለማት ትምህርቲ'ውን ኣሎ። ነዚ ኮፍ ኢልና ንዛረበሉ። ሶማል ርኣዮም። failed state ተባሂሎም። ሓደ ቛንቋ፡ ሓደ ህዝቢ፡ ሓደ ጂኦግራፍ፡ ሓደ ሃይማኖት፡ እንከለዉ ኣብ ዘየድሊ እንታይ ኢኻ እትብሎ ኣትዮም። ስለምንታይ ከምኡ ትገብር? ሓቢርና ኢና ተዛሪብና ምስ መለስ። እዚ ጉዳይ ናይ ሶማል ሲ ተገዲስና ክንሰርሓሉ ኣለና ክንብል ከለና  - ካብ 1991 ጀሚርና ዝተረዳዳእናሉ ጉዳይ እንታይ እዩ - failed state ክቕጽል የብሉን በዚ ዘለዎ። መመሊስካ ኣብ እንዳታት፡ ኣብ ቀቢላታት ተተፋኒንካ ክትቕጽል - ሃገር ክትሃንጽ ኣይትኽእልን ኢኻ። ሶማል ኣብነት እዩ።  ካብኡ ክንመሃር ክንክእል ኣለና። ኣብ ሱዳን ናይ ደቡብ ናይ ዝተፈላለየ እንታይ ኢኻ እትብሎ ዝተላዕለ ብኽምኡ ጌርካ ክትከይድ'ውን ኣይትኽእልን ኢኻ። ስለዚ፡ ከምዚ ኩነታት ክምዕብል ስለዘይብሉ .

. . . ብዝኾነ ብኡ ተዓጽያ ኣብ መወዳእታ እዚ ሕጂ ንርእዮ ዘለና ኩነታት ኣሎ። ሕጂ ዝዝረበሎም ዘሎ ኣርእስቲታት ኣምጺእካ ኣብዞም ክትዛረብ ግዜ ምጥፋእ ጥራይ እዩ። እዚ ሕጂ ዝዝረበሉ ዘሎ ኣርእስቲታት ነቲ ቀንዲ ጉዳይ ኣብ ክንዲ ዝፈትሕ፡ ናብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጸገማት ኣይትኣቱን ኢኻ። ዜርና ዜርና ኣብ ምንታይ ንመጽእ ኣለና - ኣብ ናይ ማለሊት ጉዳይ።

ስለምንታይ እዩ እዚ ኩሉ ዓመታት - 50 ዓመት ብተደጋጋሚ? ቀጻሊ? ናይ ባድመ ክመጽእ ከሎ ጥራይ ዘይኰነስ ዝኾነ ዘቀሓሕር፡ ጽልኢ ዝፈጥር ዘረባታት ክመጽእ ከሎ - ኣይፋልካን። ብግቡእ ክንኣልዮ ክንክእል ኣለና፡ ኣብ ጸቢብ ደረጃ ክንሕዞ ክንክእል ኣለና። ነዚ መመሊስና ከነጋውሖ የብልናን እናተባህለ. . . . ታሪኽና ዳርጋ ምዝጉብ እዩ፡ ተኣኪቡ እንተ ዝዝቆቕ ነይሩ እየ ዝብል ኣሸሓት ገጻት ከተውጽእ'ውን ትኽእል ኢኻ ጽሑፍ እዩ። በብተፈጸመሉ ሰዓት ዝኣተወ ነገራት እዩ። ኣየድልየናን እዩ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገር ኣየድልየናን እዩ፡ መቛየቑ፡ መጻልኢ፡ መመሊስካ መተፋነኒ ኣርእስቲታት እናገፋፋሕካ ምኻድ ክህሉ የብሉን። ከም ፖሊሲ ቀዋሚ ፖሊሲና እዩ። ኣብ ሰኣኣቱ ከኣ፡ ኣይፋሉን፡ እዚ ኣይከውንን እዩ እናተባህለ። ብፍላይ ናብ ኲናት ገጹ ክኸይድ ከሎ እቲ ጉዳያት፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ቅድሚ ኲናት ምስ መጸ ናይ ጉዳይ ኲናት ምእላይ፡ ኲናት ምኽልካል እዩ። preventing war ዝበሃል ነገር ከም ቀንዲ ፖሊሲና ሒዝና ንሰርሓሉ ዝነበርና።

ኣብዚኣ ናይ ትማሊ ክንመጽእ። ሪፎርም ምስ ተባህለ፡ ኲናት ተኣዊጁ። ዝኾነ ሓላፍ መንገዲ ነቲ ሰነዳት እንተ ዝርእዮ እንታይ ምበለ ዘገርም ነገራት እዩ። ስለምንታይ እዩ ኲናት ኣብዚ እዋን'ዚ? ሪፎርም ስለዝተኣወጀ? ሪፎርም ወይ ድማ ጽገና ኣብ ኢትዮጵያ ሲ እቲ መሰረታዊ ጉዳይ ክፍታሕ እንተ ዝኽእል ኣብ ሽግር'ውን ኣይንኣቱን። ስለዚ፡ ጸገና ዝበሃል ነቲ መሰረታዊ ሽግር ክፈትሕ ኣለዎ። ኖእ! እዚ ንዓኻ ከም ዘጥቅዕ መንገዲ ወሲድካ ኲናት ክትእውጅ ኣይትካኣልን እያ። ሕጂ'ውን ደጊመ ከምጽኣ - ኣብ ታሪኽ፡ ኣብ ጭቡጥ ዘረባታት ትዛረብ። “ከምዚ ይሓስቡ ኣለዉ . . .” ወዲኦሞ እንድዮም፡ ውዱእ እዩ። ኣብ ኤርትራ ጥራይ ብሚሳይላት ክውቃዕ ዝተወሰነ ታርጌታት ልዕሊ 70 ታርጌታት ኣሎ። ባንክ ናይ ታርጌታት ኣሎ። ሚሳይላት ተዋዲድሉ፡ ዝርዝራት ናይ እንታይ ኢኻ ትብሎ ተቢሉ። ቀዳማይ ሚኒስተር እዩ። ነዛ ጉዳይ እዚኣ ክንኣልያ ኣሎና፡ ሓድሽ ሓሳብ የብለይን ግን ውዱእ ስለዝኾነ፡ እንታይ'ሞ ክንገብር ኢና - እቲ መጥቃዕቲ ተወዲኡ እዩ። ዝርዝራቱ ተወዲኡ እዩ። ምድላዋት ተገይሩ ኩሉ ተወዲኡ ኣሎ። “ዘይትዛረብ ምስኣቶም?”

“ኣነ ናይ ዘረባ ጸገም የብለይን - ግን ናይ ሕላፍ ሰዓት ዘረባ ከይከውን ምእንቲ፡ ውዱእ ነገር ስለዝኾነ። ተዛሪብና ነፍርዮ ነገር ኣይረኣየኒን እዩ ኣብዚ እዋንʼዚ።”

ደብረጽዮን ሒዙዎ ክመጽእ ኦምሓጀር፡ ኣብ ውዱእ ነገር - ከምዛ ሕጂ ትዝከረኒ ምሽት ምስ፡ “ኲነ ኣይከውንን እዩ ኣየድልን እዩ ምኽንያቱ ወዲኦሞ ስለዝኾኑ ሕጂ ተዛሪብና ነጽንየ ነገር የለን” ኢለዮ። ዓጽየያ ትም ከይብል ምእንቲ፡ ምሽት፡ “በል እታ ኢለካ ዝነበርኩ ሓሳብ ቀይረ ተጋግየ ዘይንፍትን ከ በሃላይ እየ ዘለኹʼሞ ሒዝካዮ ዘይትመጽእ” ይብሎ።

“ሕራይ ሒዘዮ ይመጽእ፡”

ናብ ኦምሓጀር ሒዙዎ መጺኡ። ሰብ ምስክር ኣይንደሊን ኢና። በይንና ኮፍ ኢልና ንዛረብ። “ንምንታይ ኢኹም ኲናት ወዲእኩሞ?”

“ኣይትኸውንን እያ”

“ኣይትኸውንን እያ ትብል ኣለኻ ግን ተወዲኡ እዩ እቲ እንታይ ኢኻ ትብሎ።”

ካልእ ዘረባ ኣይነበረናን ክልተ ደቒቕ ሰለስተ ደቒቕʼውን ኣይተዛረብናን። ኲናት የድሊ ኣብዚ እዋንʼዚ? ተፈላሊና ተፈላሊና እታ ኲናት መጺኣ። ሳዕቤናት ዘይትፈልጦ፡ ዝተፈላለየ እንታይ ኢኻ ትብሎ - ያላ፡ ያላ ያላ . . . . እቲ ሽዕኡ እቲ ናይ ፕሮፖጋንዳ ጎድኒታቱ ጥራይ ዘይኲነ እቲ ናይ ብሓቂ ናይ ስርሒት ውጥን ዝበሃል ዝርዝራቱ ንዕኡ ዝተገብረ ምድላዋት ዘስደምም እዩ። ስለምንታይ የድሊ ከምዚ ዝኣመሰለ? ናይ ኢትዮጵያ ርግኣት፡ ናይ ኢትዮጵያ ሰላም እንድሕር ዘድሊ ኮይኑ ብኸምዚ ጌርካ ክመጽእ ይኽእል? ስለምንታይ? ድሕሪኡ እዚ ሳዕቤን እዚ መጺኡ። እዚ ሕጂ ንርእዮ ዘለና ኩነታት እዩ። ከምዚ ዓይነት ነገር ተራእዩ ኣይፈልጥን እዩ ኣብዚ ዝሓለፈ 50 ዓመታት። ስለምንታይ እቲ ኲናት ተወሊዑʼውን ዝኾነ ሰብ በዚ ቅቡል ምኽንያት ኣለዎ ኢልካ ክትዛረበሉ ኣይትኽእልን ኢኻ። ንሕና ግን ክሳብʼታ ናይ መወዳእታ ሰዓት ምግታእ እዩ።

preventing war ዝበሃል ነገር እዩ። ተደጋጋሚ፡ ተደጋጋሚ ኣብ መወዳእታ እቲ ዕዳ ዝኸፍል መን እዩ? ነቲ ክሳራ ዝኸፍሎ መንʼዩ? እቲ ህዝቢ እዩ። ሕጂ፡ እዚ ዝርአ ዘሎ ክንዛረበሉ ከማን ኣይንደሊን ኢና ሰዓቱ ኣይኲነን - ኣየድሊን እዩ። ስለምንታይ ናይ ዉሸጢ ቆይቊ? ስለምንታይ ናይ ዉሸጢ ምርጻም? ንምንታይ ዕላማ ኣብ መወዳእታ? እንታይ ዘመኽንዮ ኣሎ? ጉባኤ ይገበር ኣይገበረ ኣይኲነን ዘሎ - ስለምንታይ እዩ? ስለምንታይ ድሕሪʼዚ ኩሉ ተመኩሮ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገር ይእቶ ኣሎ? ፕሪቶርያ መጺኡ ፕሪቶርያ ኣይመጸን ፕሪቶርያ . . . . ፕሪቶርያ ንዓና ኣይምልከተናን እዩ። ፕሪቶርያ ንድግፎ ኢና ኢልና ክንዛረበሉ

ምኽንያት'ውን የለን። ኲናት መቋረጺ ዝበሃል መጺኡ ድሕሪ ፕሪቶርያ ኸ? ድሕሪ ፕሪቶርያ ከ ዝበሃል ጉዳይ እዩ። እቲ ኣጀንዳ ኣብ ዉሽጢ ተዋሳእቲ ዝሕዙዎ እንተ ዝኸውን ካልእ ነገር እዩ። ፕሪቶርያ ግን ተተግቢሩ ነይሩ እንተ ዝኸውን፡ እንተ ዝትግበር'ውን እዚ ኩሉ ጸገማት ኣይምመጸን። ኣብ መወዳእታ ግን እቶም ነቲ ፕሪቶርያ ዘዳለዉ፡ 'ፕሪቶርያ ኣብ ጉሓፍ ደርብዮ' ተባሂሉ። እንታይ ድኣ!? ቅድም ቀዳድም ናይ ኣምሓራ ኣጽዋር ኣራግፍ፡ ሓድሽ ኲናት ምእዋጅ ስለምንታይ የድልየካ? እቲ ዝተገብረ ስምምዕ ይተግበር። ግዜ ይወስድን ኣይወስድን፡ ከበድቲ ኣጽዋር ፈኲስቲ ኣጽዋር ዝበሃል ከመይ ይኸውን፡ ምጥያስ ከመይ ይኸውን ዝበሃል እቲ ዝርዝራት እዚ ጽቡቕ'ዩ እዚ ሕማቕ'ዩ ተባሂሉ ዝዝረበሎም. . . እንቋዕ እቲ ኲናት ደው በለ። ኲናት ደው ኢሉ፡ ካብኡ ንንየው ናበይ ገጽካ ትኸይድ? ኪንዮ ኲናት ክትሓስብ ምእንቲ እዚ ኩሉ ዝወረደ ሓደጋ ንዕኡ ክትፍውሶ ክትክእል ኣለካ። እቲ ኣደራዕ ዝተሰከመ ህዝቢ ከ ኣክገላገል ክኽእል ኣለዎ ካብ ከምዚ። መሊስካ ሕጂ ንሓድሽ ኲናት ከኣ ካልእ ምድላዋት ትገብር? ካልእ ህድማ ንቕድሚት? ስለምንታይ? እዚ ሕጂ ዝካየድ ዘሎ ዘመተ - ቀጻሊ ቀጻሊ campaign ዝካየድ ዘሎ ሓንሳእ ጀኖሳይድ. . . . ፋትንዛያ እየ ዝብሎ ኣነ። "እቲ ዝተወረ መሬትና. . . . " ኢልካ ህድማ ንቕድሚት እዩ - ካልእ ሓድሽ ኣጀንዳ እንታይ ኢኻ ትብሎ ምብጋስ፡ ካብኡ ናብኡ ግን ዘየድሊ ናይ ዉሽጢ ምብኣስ - ስለምንታይ ናይ ዉሽጢ ምብኣስ ይኸውን ኣሎ? ንሕና ኲናት ምግታእ፡ ኲናት ምኽልካል ጥራይ ዘይኰነ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ነውጺ'ውን ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ነቲ ህዝቢ ዘርብሕ ኣይኰነን። ኣብ መወዳእታ ከኣ ንኢትዮጵያ ዘርብሕ'ውን ኣይከውንን እዩ።

ስለዚ፡ ማለሊት ናይ ብሓቂ እንተድኣ ኣብዚ እዋን'ዚ ካብ ዝሓለፈ ምዕባለታት ለቢሙ ተማሂርሉ ኰይኑ፡ ንቕድሚት ገጹ ክጥምት ክኽእል ኣለዎ። እንታይ እዩ ዕድል ናይ ህዝቢ ትግራይ? ካብኡ ንንዮው ኣብ ህዝቢ ኢትዮጵያ እንታይ እንታይ ክመጽእ ክኽእል ኣለዎ? ኪንዮ ኢትዮጵያ ኸ እንታይ ኪግበር ክኽእል ኣለዎ? ኣብዚ ዞባ'ዚ እንታይ ይግበር . . . . ? ኣብኡ ትሓስብ ኣለኻ ንቕድሚት ትኸይድ ኣለኻ። ንድሕሪት ተመሊስካ ነንሓድሕድካ እናተናቖትካ፡ ነንሓድሕድካ እናበልካ፡ መዓልቲ መዓልቲ ብዝተፈላለየ ሚድያ፡ ሶሻል ሚድያ ዝበሃል ገለ መመሊስካ ተነሃህር፡ መመሊስካ ጽልኢ ትኹስኩስ፡ መመሊስካ ት. . . . መን ይብህነ ከምዚ ነገር ክግንዘብ እንክሎ? በየናይ መንገዲ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገር ትርጉም ኣለዎ ክትብል ትኽእል? የለን ሕጂ'ውን ኣይፋልካን። ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓዲ ኣይወዓሉን። ትማሊ ኲናት ኣየድልን እዩ፡ ኲናት ኲናት ዝበሃል ነገር ዓዲ ይውዓል እናተባህለ እንክሎ ትጌሩ - ከይዳ። ዝመጸ ሳዕቤናት ኩላህና ንርእዮ ዘለና፡

ንፈልጦ ዘለና እዩ። ሕጂ ከኣ መሊስካ ናብ ካልእ እንታይ ኢ'ኻ ትብሎ ክትከይድ'ሞ ንገዛእ-ርእሱ ከኣ መሳርዕካ እናፈናተትካ ፋሕፋሕ እናበልካ . . . ስለምንታይ? ዝኾነ ብደገ መጺኡ ዝሓስብ ሰብ ነዚ ዘሎ ኩነታት ክቕበሎ'ውን ኣይክእልን እዩ። ናህና ቀዋሚ ፖሊሲ ግን እዛ ዝብላ ዘለኹ እያ። እንታይ ረብሓ ኣሎ ከምዚ ዝኣመሰለ ጉዳያት መመሊስካ ተነሃህሮ? ጽልኢ ትፈጥር፡ ኣብ ህዝቢ ነንሓድሕዱ ጽልኢ። ነቲ ህዝቢ ምስ ካልኦት ህዝቢታት ተጻልእ። ምስ ህዝቢ ኤርትራ ተጻልእ - እንታይ እዩ እቲ ረብሓ ኣብ መወዳእታ? ኣኹስካ ኣኹስካ ጽልኢ ጽልኢ ጽልኢ . . . . ጽልኢ ዝኹስኩስ ፖለቲካ'ሞ ኣብዚ ናይ ሜድያ ዕድላት እናተጠቐምካ መመሊስካ ተጎሰጉስ!? ኣይፋልካን። ኣብዛ እዋን'ዚኣ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ዝደጋገም ኣርእስቲ እንድሕር ኣሎ ካልእ እንታይ ኢ'ኻ ትብሎ የለን። ኣርሒቕካ ንቕድሚት ጠምት። ካብ ዝሓለፈ ተመኩሮ መለበሚ ብዙሕ ሰለዘሎ፡ ንዕኡ ተጠቐመሉ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ዉሽጢ ዕንክሊል፡ ናይ ዉሽጢ ምሕቃን፡ ናይ ዉሽጢ ምፍሕፋሕ፡ ካብኡ ወጺእካ ከኣ ምስ ካልኦት ምፍሕፋሕን ናብ ጽልኢ ምእታውን . . . . ንምንታይ የድሊ? ከምታ ናይ ኦምሓጀር እያ ሕጂ'ውን ልክዕ ትዝረብ ዘላ - ስለምንታይ? ንፕሪቶርያ ደጊፈሞ ኣይደገፉዎን . . . . ኣብኡ ኣቲና ንሕና ንድግፎ ዶ ኣይንድግፎን ዘዛርብ ምኽንያት የብልናን። ወሸለ ነቲ ምዕባለ ገቲኡ ናብ ዝሓሸ መንገዲ ይውሰድ። ኣብ መወዳእታ ግን ናቶም ኣይኰነን እቲ ኣጀንዳ - ናይ'ቶም ዝሃንደሱዎ ኣጀንዳ ቀጻሊ ሕጂ መመሊስካ ከተናቑት ክትክእል ኣለካ። ትግራይ ምስ ኣምሓራ ከተባእስ ኣላካ። ትግራይ ምስ ካልኦት ክፍሊታት ከተባእስ ኣለካ። ምስ ዓፋር ከተናቑት ኣለካ። ምስ ሓደ ከምዚ ክትገብር. . . . . መወዳእታ ዘይብሉ ጉዳይ እዩ።

መተኣታተዊ ምኽንያት ከኣ ዩ.ኤን ትመጽእ። ናይ ኤውሮጳ ሓድነት፡ ወኪላት ናይ ዝተፈላለያ መንግስቲታት መጺኦም፡ ሓገዝ ክንህብ ኢና ኢሎም፡ ረድኤት ክንህብ ኢና ኢሎም፡ ናይ ምጥያስ መደባት ከምዚ ክኸውን እዩ. . . . . ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጉዳያት ኣቲ'ኻ ዝዝረበሉ ኣርእስቲታት እውን የለን። ልዕሊ ኩሉ ዕላማ ኣሎ። እዚ ህዝቢ'ዚ ርግኣት ረኺቡ፡ ቅሳነት ረኺቡ፡ ናይ ልምዓት መደባቱ ከተግብር፡ ምስ ካልእ ህዝቢታት ተሳንዩ ዝነብረሉ፡ ንዘለዎ ዕድላት ብግቡእ ክጥቀመሉ ምእንቲ ንዕኡ ባይታ ፍጠር። እንተዘየሎ መመሊስካ ናብ ህውከት ከተእትዎ፡ መመሊስካ ሽግራቱ ከተጋድድ፡ ምስ ካልኦት ዘየድልየካ ምጽባእ፡ ዘየድልየካ ምጡቓስ፡ ምትፍናን ስለምንታይ የድሊ? ሕጂ ኲናት ምኽልካልን ዘይምኽልካልን፡ ናይ ፕሪቶርያ ምድጋፍን ዘይምድጋፍን ዘይኰነ፡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሸንኮለል ምእታው ኣየድልን እዩ። ስኒት ትፈጥር፡ ህዝቢ ተፋቐር ንሓድሕዱ፡ ምስ ካልኦት ህዝቢታት'ውን ተፋቐር - ካብኡ ዝዓቢ ኣርእስቲ የለን።

ሕጂ፡ ናይ 50 ዓመታት ዝተደጋገመ ወይ ዝደጋገም ዘሎ እዩ። ኣይፍወስን ድዩ? እንታይ እዩ ምስጢሩ? ምስጢሩ ዝኾነ ይኹን ንሕና ኣብ ዝኾነ እዋን ተስፋ ንቑርጸሉ ጉዳይ ኣይኰነን። ሕልናዊ ግዴታና ቅድሚ ዝኣገረ ዘየድሊ ምዕባለታት ከይመጹ ንዕኦም ንምግታእ ኣበርክቶ ምግባር እዩ። እዚ ከኣ ብዝተኻእለና መጠን ናይ ሓሳብ ምቅብባል ድዩ ካልእ ዝተፈላለየ ምትሕግጋዝ ዘድሊ እንድሕር ኮይኑ፡ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ኣብ 50 ዓመታት ዝተዋህለለ ተመኩሮ ሰቕ ኢልካ ዝሕለፍ ስለዘይኰነ። ሕጂ ዝድገም ዘሎ ንሱ እዩ። ትምሰጥ፡ "ሶሻል ሚድያ ከምዚ ይብል ኣሎ. . . ." ሓደ መግለጺ ኣውጺኡ፡ እቲ ካልኣይ መግለጺ ኣውጺኡ፡ እቲ ሳልሳይ መግለጺ ኣውጺኡ . . . መመሊስካ መነሃሃሪ፡ መመሊስካ ጽልኢ መጎሳጐሲ. . . . ከምዚ የድልየካ ድሕሪ'ዚ ኩሉ ተመኩሮ? ኣብዛ እዋን'ዚኣ ትሓልፍ መልእኽቲ እንድሕር ኣላ ኮይና - እታ ዋና ነገር  እዚ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ኤትኒካዊ ምትፍናን ዘተኣታተዎ ኩነታት ክቕየር ክኽእል ኣለዎ። ኩሎም ህዝቢታት ኢትዮጵያ ብሰላም ክነብሩ ክኽእሉ ኣለዎም። ብሰላም ምንባር ጥራይ ዘይኰነ ነንሓድሕዶም ተኸባቢሮም ምንባር ዘይኰነ፡ ተሓባቢሮም ተመላሊኦምን ክነብሩ ክኽእሉ ኣለዎም። ካብኡ ወጺኦም'ውን ምስ ጐደቦኦም ብሓባር ክነብርሉ ዝኽእሉ ዕድላት ክፈጥሩ ክኽእሉ ኣለዎም። ካብኡ ዝዓቢ ዕላማ የለን። እንተዘየሎ መመሊስካ ኵናት እናጻሕተርካ፡ ኵናት እናጻሕተርካ፡ ቅንኢን ቅርሕንቲን እናኾስኰስካ ትኸይድ ስለምንታይ? ስለምንታይ እያ እታ ሕቶ ትመጽእ። ስለምንታይ - ኣብ መወዳእታ ከኣ "ኣየድልን እዩ" ናብ ዝብል ትኸይድ ስለዘላ።

ንዓና'ውን ፎካስ ናህና ከይጠፍኣና ምእንቲ ዕለታዊ እንታይ ይበሃል ኣሎ? እከለ እንታይ ኢሉ? ኩስቶ እንታይ ኢሉ መግለጺ ኣውጺኡ? እከለ ኸ እንታይ መግለጺ ኣውጺኡ? መልሲ ዘይንህበሉ? ዘይንዛረበሉ? ኢልካ ኣብ ክንዲ ትዛረብ፡ እዚ ስራሕና ኣይኰነን፡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ መኣዲ ኣይንዕደምን ኢና። ድሌትናን ዕላማናን ኣብ መወዳእታ እዚኣ ስለዝኾነት - እዚ ህዝቢ'ዚ ካብዚ ዝሓለፈ ኣደራዕ ካብኡ ወጺኡ ክገላገል፡ ኣብ ቅሳነት ክነብር ክኽእል ኣለዎ። ምስ ህዝቢ ኤርትራ ከተጻልኦ ኢልካ ዘይለዓል ኣርእስቲታት ተልዕል ስለምንታይ? ሕጂ ነዚን ከምዚ ዝኣመሰለን ኣነ ክንደናደን እውን የብልናን። ከምዚ ይብሉ ኣለዉ'ሞ ክንምልሸሎም፡ ከምዚ ይብሉ ኣለዉ'ሞ . . . . . ቅድም ቀዳድም ነቲ ዘለዎም ዉሽጣዊ ሽግሮም ኣብ ዘየድሊ መኣዝን ከይከይድ ምእንቲ ክቖጻጸሩዎ ክኽእሉ ኣለዎም። ካብኡ'ውን ናብ ዓበይቲ መደባት ከይዶም ክሰርሑ ክኽእሉ ኣለዎም። እንተዘየሎ፡ ነዚ መስመር'ዚ ከም መመሊስካ ንፋስ መተኣታተዊ ክትጥቀመሉ . . . . . ልዕሊ ኩሉ ግን ኣብዘን ዝሓለፋ ሳላሳን ገለን ዓመታት ብፍላይ ኩለን ዝተላዕላ ጉዳያት ብደገ ዝመጻ እየን። ናይ ደገ ኣጀንዳታት እየን። ትንታነ ኣይኰነን እዚ -

ሓደ ብሓደ ብሰዓትን ብቦታን ንገልጾ እዩ። ከጣቐሱና፡ ከባእሱና፡ ነንሓድሕድና ከብሉና ናቶም ዕላማ ናቶም ኣጀንዳ ስለዝኾኑ፡ ሎሚ ኣይንዛረበሉን ሓድሽ ኣርእስቲ ኣይኰነን። ንምክቶ ተጻብኦ እንድሕር ኣልዩ ከኣ እቲ ናይ ደገ ኣጀንዳታት እዩ። ኣብ ዉሽጢ ኢትዮጵያ ከምዚ ይኸውን ኣሎ፡ እከለ ከምዚ ኢሉ፡ ኩስቶ ከምዚ ኣይበለን ኣይኰነን ዘሎ እቲ ሕቶ። ስለዚ፡ ህዝብና ዘለዎ ንቕሓት፡ ኣብዚ ዞባ ዘሎ ንቕሓት፡ እንታይ'ዩ ነዚን ከምዚን ዝኣመሰለ ሽግራት መመሊሱ ዘጋውሕን ዝሓላልኽን ዘሎ እንድሕር ተባሂሉ ናይ ደገ ኣእዳው እዩ። ነዚ ናይ ደገ ኣእዳው'ዚ ክንምክቶ ኣለና - መኪትናዮ ኢና። ንድሕሪ ሕጂ'ውን ንዛነየሉ ምኽንያት የለን ክንምክቶ ኢና። ብዛዕባ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት ምዝራብ ግን ሓድሽ ኣርእስቲ ሕጂ ዝለዓለ ስለዘየለ፡ ናይ 50 ዓመታት ኣርእስቲታት ስለዘለና፡ ንዓኡ ኣብ ቦታኡ ኣቐሚጥና ናበይ ተብለ ይሓይሽ ዝበሃል - እዚ ዝብሎ ዘለኹ እዩ እቲ መልሲ። ቀንዲ ናይ'ዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሽግራት ዋናታት ተሓተቲ ግን፡ ናይ ትማሊ ናይ ፕሪቶርያ ይኹን ናይ ቅድሚ ፕሪቶርያ መን ኣምጺኡዎ፡ ከመይ ጌሮም ኣምጺኦሞ፡ ኣብኡ ዝተሰወረና ነገር ስለዘየለ፡ ነዞም ሰባት ኣዚኣቶም ክንምክቶም ከኣ ሓድሽ ኣርእስቲ ስለዘይኰነና፡ ንዕኦም ምምካት እዩ መጻኢ ዕድልና። ካብ 2025 ንድሓር ከኣ እዚ መኸተ'ዚ እዩ ዕላማና። ኣብ ካልእ ዘየድልየና ጐድናዊ ኲናት ኣይንኣቱን። ንኹሎም ዝጋገዩ ዘለዉ ከኣ ዓዲ ወዓሉ ~~ንብሎም።~~

**ናብ እቲ ዝዓበየ ጉዳይና፣ ዘቤታዊ ኩነታት ክንሰግር ክቡር ፕረዚደንት፣ ኣብ ድሮ ሓድሽ ዓመት እውን ስለ እንርከብ፣ ን2025 ዝተታሕዘ ኣብ መሰርሕ ዝጸንሑን ዝቕጽልን ይኹን ሓድሽ መደባት ሃገራዊ ልምዓት ብዝምልከት ዝተሳእሉ መደባት ኣየናት እዮም?**

እወ እቶም ሕጂ ናይ ዘቤታውያን ጉዳያት ሓደ ብሓደ ርእየዮም እንድየ፡ እቲ ኣጋጣምነቱ ናይ እቲ ግዜ እንድሕር ንርእዮ ኣለና ኮይንና፡ ናይ ቅድሚ ሕጂ መደባት እንዲና ንዛረብ ነይርና፡ እቲ ጽቡቕ ነገሩ ነቶም ውጥናትና መመሊስና እናኸለስና እናወርጸጽናዮም ከይድና ኣለና ክንብል ንኽእል። ሕጂ፡ ማይ ቀዳምነት እዩ እንድሕር ኢልና ንዛረብ ኣለና ኮይንና፡ ንብዙሕ ረቛሒታት ኣብ ግምት ኣእቲኻ ብሓገር ደረጃ ዝጽንሑና ናይ ማይ ልምዓት ፕሮግራማት ማዕቢልናዮም ኣለና። ዓቕምና እናደለበ ምስ ከደ ዝሓሸ ዕድል ኣለና ሕጂ ክንብል ንኽእል። ዓበይቲ ዲጋታት ኮፍ-ኮፍ ምባል ኣይኰነን። ሓደ ንዓመታት ክንሰርሓሉ ዝጸናሕና ጥሙር ናይ ማይ ክያ ፍወሳታት ዝበሃሉ እዮም። ሕጂ ብኸመይ ወጺኡ እንተ ተባሂሉ፡ ስቕ ኢልካ ሓፈሻዊ ፖሊሲታት ምእዋጅ ዘይኰነ፡ ዝርዝራዊ ክኸውን ኣለዎ። ብዞባ፡ ብንኡስ ዞባ፡ ብኸባብን ብዓድን ደረጃ ኮንቱር ብኹንቱት ንናይ

ልምዓት መዳባትና ከነተኣታትዎም ዘለና መደባት ኣራቒቕናዮም ኣለና። ዓበይቲ ዲጋታት ሰሪሕና ኣለና ክሳብ 330 ሚልዮን ሜተር ኩቦ ዝሕዝ ዲጋ ሰሪሕና ኣለና። ኣብ ከከባቢኡ ነናይ ዕስራ-ሳላሳ-ሓምሳ እንብሎም ዲጋታት ገይርና ኣለና። ብእኦም ግን ዝውዳእ ኣይኰነን። ማይ ዝኣክል ታርፍ ኣለና። ነዚ ማይ እዚ ግን፡ ኣብ ምሉእ ምቍጽጻርና ከነእትዎ ምእምንቲ ዛላታት ከትርታት፡ ንኣሽቱን ዓብየትን ራህያታት ዒላታት ኣብ ዘድልየሉ ቦታ እንትላይ ናይ ባሕሪ ጨዋም ማይ እናበልና ንሓድሕዱ ኣዋሳሲብና ሓደ ነዊሕ ግዜ ዝኸይድ ሳስተይነብል ዘላቒ ውሕስነት ናይ ማይ ዘረጋግጽ መደብ ኣማዕቢልናዮ ኣለና። እዚ ሕጂ ንገዛእ ርእሱ፡ ኣብ ኣጠቓቕማ ናይ ማይ ንጽርየት፡ ንዝስተ፡ ንጥሪት፡ ንሕርሻ ንኢንዱስትሪ፡ እንታይ እዩ ዘድልየና ማይ? ናይ እዚ ሕጂ ዘሎ ጀነረሽን ጥራይ ዘይኰነ፡ ነምጻኢ ጀነረሽን ማይ ከነውሕስ ክንክእል ኣለና። እቲ እነዋህልሎ፡ እነዕርቖ፡ እንእክቦ፡ ብኸመይ መንገዲ ኣብ ኣጠቓቕማ ከመይ ገይርና ንጥቀመሉ? ንጎሮሮ ዝስተ ይኹን ንጽርየት ይኹን ንጥሪት ይኹን ንሕርሻ ንኢንዱስትሪ ክንደይ ዝኣክል ከመይ ገይርና ንጥቀመሉ? ሌተስት ዝበሃሉ ቴክኖሎጂታት ናይ መስኖ እናኣተኣታተና። ሓደ በርሚል ማይ ኣብ ክንዲ ንዓሰርተ ሄክታር ንሚእቲ ሄክታር ከም እንጥቀመሉ ክንገብር እንታይ ጥበባት ክንምህዝ ኣለና? እንታይ ቴክኖሎጂታ ከነታኣታቱ ኣለና? ማዕረ-ማዕሪኡ ናይ ሰብ ጸጋና ከመይ ገይርና ኣመጣጢንና፡ ምስኡ ከነማዕብሎ ኣለና? ሕጂ ከም ኣብነት እየ ዘምጽኦ ዘለኹ። እቲ ናይ ማይ ልምዓት መደባትና እናተራቐቐ ብፍላይ ንዝመጽእ ዘሎ ዓመት 2025 ይኹን ንድሕሪኡ ዘለዉ፡ ካብ እቲ ናይ ቀደም ዝነበረ እተመሓየሸ ዝርዛራዊ መደባት ኣለና። ዲጋታት ዓበይቲ፡ ማእከሎት፡ ንኣሽቱ፡ ኣበይ ንሰርሕ፡ ከትርታት ኣበይ ነብል፡ ዛላታት ኣበይ ነብል፡ ምግባራብ ኣበይ፡ እንታይ ዓይነት ገረብ፡ ዝርዝራት ናብ ዝርዝራት ዝኸይድ እዩ። እቲ መደባት ኣብ ላዕሊ ብሃገር ደረጃ ዝበሃል ጥራይ ዘይኰነ፡ ክሳብ ከባብን ዓድን ከም ዝወርድ ክኸውን ኣለዎ።

ምስ ካልኦት ናይ ልምዓት መደባት ኣተኣሳሲርካ ማለት እዩ። ማዕረ ማዕረ እዚ ዝመጽእ፡ ብቐዳምነት ኣየናይ እዩ ተቐድም እዩ? ማይ እናበልና ንዛረብ ኣለና። ትሕተ ቕርጺከ? ጽርግያታት ንመጐዓዓዚ፡ ንናይ ልምዓት መደባትና፡ ንኢንዱስትሪ፡ . . . ጽርግያታት ጥራይ ዘይኰነ፡ ንገዛእ ርእሱ ወዳብትን ትሕተ ቕርጺ ናይ ወደባትን ብዓቢኡ። ንዝተፈላለየ ጽላታት ንሃብቲ ባሕርና ዘድልየና ትሕተ ቕርጺ ብሰፊሕ ክንዝርግሕ ክንክእል ኣለና። እቶም ገሊኦም ኣዝዮም ዓበይቲ ስለ ዝኾኑ፡ ሕጂ እውን ክንገብሮም ኣይንኽእልን ኢና። ግን ኣብ መድብና ኣትዮም ብመድረኽ ክትግበሩ ክኽእሉ ኣለዎም። እቲ ናይ ትሕተ ቕርጺ ሕጂ

ጽርግያታት፡ መስመር ባቡር፡ እንተላይ መስመር ገመድ ዝበሃል ተለፈሪካ ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ወደባት፡ መዕርፎ ነፈርቲ፡ ልዕሊ ኹሉ ኸኣ መንበሪ ኣባይቲ ዝበሃል ምስ ናይ ትሕተ ቕርጺ መደባትና በብኸባቢኡ ዝርዝራት ክዳለውሉ ክኽእል ኣለዎ። ሎሚ ዝትግበር፡ ንዓመታ ብድሕሪኡ ዘሎ እንታይ ይትግበር? ዝተፈላለየ ኵነታት ናይ ህዝብና ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ኣብ ከተማታት ዝነብር ዘሎ፡ ኣብ ከተማታት ኣሎ። ኣብ ገጠር ዘሎ፡ ኣብ ሓውሲ ከተማታት ዘሎ፡ ብቐንዱ ኸኣ ውሱን ወይ እተዋሰነ ክፍሊ ህዝብና ዘድልዮ ኣገልግሎት ዘይረክብ ዘሎ፡ ጽሩይ ማይ ዘይሰቲ ዘሎ፡ ንጽሬት ዝኣኽሎ ማይ ዘይረክብ ዘሎ፡ መጕዓዓዚ ዘይረክብ ዘሎ፡ ምሉእ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዘይረክብ ዘሎ ንዕኡ ቀዳምነት እናበልና። እዚ ክንገብር ክንከለና ግን፡ ነቲ እውን ክንገድፎ የብልናን። ስለዚ እዚ ተዛናዊ ንሓድሕዱ እተመላልአ፡ ናይ ትሕተ ቕርጺ፡ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ዘበለ መደባትና ብገፊሕ ተኸሊሱ ንዕኡ ዘተግብር ዝርዛራዊ ውጥናት ኣዳሊና ኣለና። ኣብ እቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝንበረ፡ ዝተራቐቐ ማለት እዩ። ስለዚ ማይን ትሕተ ቕርጺን ኢልካ ብዘይ ናይ ጸዓት ዝኾነ ነገር ክትገብር ኣይትኽእልን ኢኻ። ካብ ዲጋ ማይ ክትጭንጕዕ ደሊኻ ናብ ግራውትን ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ከተባጻጽሕ ይኹን፡ ናይ ኢንዱስትሪ ናይ ምስናዕ መደባትና ብግቡእ ከነካይድ እንተ ኾንና፡ ካብ እዚ ዘለናዮ ፊልማዊ ወይ ናይ ኦንጋሎ ቍጠባ ወጺእና፡ ናብ ቫልዩ ኣዲንግ፡ ናብ ፕረሰሲንግ፡ ናብ ማኑፋክሽሪንግ ክንከይድ እንተ ኾንና፡ ብዘይኤለትሪክ ዝኸውን ነገር የለን። ናይ ኤለትሪክ መደባትና ኮላፕስ ገይሩ፡ ወዲቑ እዩ።

መጀመርያ መበገሲ ክኾነና፡ ናይ ሕርጊጎ ዝነበረ ናይ 120 ዝበሃል የለን። ሕጂ ናበይ ገጽና ኢና ንከይድ ዘለና? ናይ ጸዓት ፕሮግራማትና ከም ብሓድሽ ከሊስና፡ ተተግበርቲ ፕሮጀክቲታት ከነውጽእ ስለ ዘለና፡ ረስናዊ ዝበሃል ተርማል ጀነረተራት ዓበይቲ፡ ማእከሎት፡ ንኣሽቱ፡ ንሰርሓሉ። ቅድሚ ሕጂ እውን ገሊጸዮ ነይረ። ብዘይካ እዚ ተሓዳሲ፡ ሪኒዋብል ብንፋስ ይኹን ብጸሓይ፡ እንተላይ ንሓዋሩ ናብ ጆኦተርማል እውን ክንከይድ ክንክእል ኣለና። ኣብ መወዳእታ ግን፡ እቲ ቕድሚ ሕጂ ዝነበረና ኣተሓሳስባ፡ ብዝተራቐቐ መንገዲ ከነማሓይሾ ስለ ዘለና፡ ሓደ ሃገራዊ ርቦ ወይ ምርባብ ግሪድ ክንገብር ንኽእል ዲና? ካብ ሰሜን ናብ ደቡብ፡ ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ፡ ናብ ኩሉ ከባቢታት ናይ ሃገር ዝዝርጋሕ ናይ ኤለትሪክ ኣገልግሎት ክንገብር ንኽእል ዲና? ብኸመይ መንገዲ? ንትራንስሚሽን ዘድሊ፡ ንዲስትሪቡሽን ዘደሊ፡ ክሳብ ኮንሳምፕሽን እንታይ ክንገብር ክንክእል ኣለና? እቲ ናይ ጸዓት መደባትና ዝበሃል፡ ከም ብሓድሽ ተኸሊሱ ኣብ እተዳቐለ፡ ሃብሪድ

ዝኾነ ተርማል ረስናዊ፡ ተሓዳሲ፡ ንሓዋሩ እውን ናብ ካልኦት መመንጨዊታት ዝኸይድ መደባት ከነተግብር ምእንቲ እቲ ናይ ጸዓት መደብና፡ ከም ሳልሳይ ኮምፖነንት ናይ ልምዓት መደባትና ተሓዲሱ ቀሪቡ ኣሎ። እዚ ብኸመይ ይትግበር? መበጻጽሒ ወይ ናይ ትንራንስሚሽን መርበብ ከመይ ገይርና ንዝርግሕ? ኣብ ዲስርትሪቡሽን ኣብ ምምቕራሕ እንታይ ክንገብር ኣለና? ኣብ ሃውስ ሆልድ ደረጃ ድዩ ኣብ ናይ ልምዓት ፕሮጀክትታትና ናይ ሕርሻ ናይ ሃብቲ ባሕሪ እንብሎም ድዩ ኣብ ዝተፈላለዩ ኢንዱስትርያዊ መደባት እንታይ ከነማዕብል ዘለና? ካብ 360 ሜጋ ጀሚሩ ናብ ልዕሊ 2000 (ሜጋ) ዝኸይድ ንናይ መወዳእታ ሃገራዊ ግሪድ - ናሽናል ግሪድ ዝበሃል ንሰርሓሉ ድሮ እቲ ዝርዛራዊ መደባት ኣዳሊና ንዕኡ ዘተግብር፡ ስርሒታዊ ውጥናት ጀሚሩ ይኸይድ ኣሎ። ኣብ ኣዝዩ እተዋሰነ ከባቢታት እንብሎ ከመይ ገይርካ ትጅምሮ? ምስ እዚ ዘሎ ናይ ተሓዳሲ ጸዓት ዕድላት ንዕኡ እናተጠቐምና ዋላ ኣብ እቲ ኣዝዩ ዝረሓቐ ከባቢታት እውን ኣገልግሎት ናይ ኤለትሪክ ክንፈጥር ክንክእል ኣለና። ዋላ ኣብ ኣዝዩ ዝተዋሰነ ኣብ መጓሰ ዝነብር ዘሎ ሕብረተ ሰባት ብውሕዱ ናይ ዒላ ፖምፓ ክትገብረሉ ትኽእል። ኣብኡ ብረስናዊ መመንጨዊ ገይርካ ጀነረተር ኮፍ ኣቢልካ ማይ ምቕራብ ዘይኮነ፡ ብጸሓያውን ንፋሳውን እናገበርካ ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ክትቅርብ ክትክእል ኣለካ። ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ኣብያተ ትምህርትን ናይ ጥዕና ማእከላትን ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ክረኽቡ ክኽእሉ ስለ ዘለዎም፡ ዋላ እቲ ኣብ ኣዝዩ ዝረሓቐ ከባቢታት ዘሎ፡ ካብ ግሪድ ወጻኢ off grid ናቱ ናይ ገዛእ ርእሱ autonomous ክህልዎ ኣለዎ። እዚታት ሕጂ ከም ሓሳብ ሓዲሽ ኣይኮነን፡ ግን ዝርዝራዊ ውጥናት ክህልዎ ስለዘለዎ፡ ብግዜ'ውን ክትገልጾ ስለዘለካ፡ ጸጋታት'ውን ክተኻሳጉሰሉ ስለትሕተት፡ ኣብ መወዳእታ ንዕኡ ክተዳቕቕ ኣለካ። ተዳቒቑ፡ ኣሎ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ሕጂ።

ናይ መንበሪ ኣባይቲ ኣቕዲመ ዝጠቐስኩዎ እዩ። ብዓቢኡ ግን ናብ ምስናዕ ክንከይድ ክንክእል ኣለና። ናትና ናይ ምስናዕ ታሪኽ ክንዛረበሉ እንድሕር ኮይንና፡ ዝነበረን ዝዓነወን ኢልና ኣብኡ ክንቀጕዝም ኣይኮንናን። ካብኡ ዝሓየለ፡ ናይ 'ቫልዩ-ኣዲንግ' የድልየና። ናይ ድጎማ ናይ ዕንጋሎ ቁጠባ ትርጉም የብሉን። ናይ 'ሳብሲስተንስ' ቁጠባ እዩ። ከም ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኢና ዘለና ንሕና። ካብኡ ክንወጽእ እንድሕር ኮይንና ግን፡ ናብ 'ማኑፋክቸሪንግ' ናብ ምስናዕ ክንከይድ ክንክእል ኣለና። ናይ ቈርበት፡ ናይ ሓጺን፡ ናይ ፕላስቲክ፡ ናብ ዝተረቐቐ ናይ ማካይን መስርሒ ዓቕምታትና'ውን ከነዕቢ'ውን ስለዘለና፡ ናብኡ ከበጻጽሓና ዝኽእል መደባት ክነብል ኣለና። ብውሕዱ ሃለኽቲ መግቢ ዝበሃሉ፡ ካብ ስጋ

ጀሚርካ፡ ጸባ፡ ኣሕምልቲ፡ ፍረታት፡ ዘርኢ ንዓና ምህርቲ ክነኻዕብተሉ ንኽእል፡ ገጀፍቲ መደባት ከነተኣታቱ ክንክእል ኣለና። መሬት ኣይሰኣንናን፡ ዝኣክል ኣለና። ዝተኣታቶ ዘሎ መደባት እንድሕር ሰሪሑ፡ ብፍላይ ናይ ሕርሻ መደባት ኣብቲ ዝለዓለ ደረጃኡ ከነብጽሖ ክንክእል ኣለና። ናይ ሃብቲ ባሕሪ ጸጋታትና መወዳእታ የብሉን። ኣይተንከፍናዮን ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ንዕኡ ከነማዕብሎ ክንክእል ምእንቲ፡ ን'ኢንፍራስትራክቸር' ዝምልከት ናይ ማይ ልምዓት ዝምልከት፡ ናይ ኤለክትሪክ መደባት ዝምልከት፡ ንሱ'ውን ዝርዝር ስርሒታዊ ውጥናት ወጺእሉ ስለዘሎ፡ ናብ ኢንዳስትራላይዘሽን ወይ ማኑፋክቸሪን ገጽና ክንሰጋገር ናብ ክብርታት ምውሳኽ(ቫልዩ ኣድ ምግባር) ዘኽይደና መደባት፡ ኣበይ ኣበይ ኢንዱስትሪ፡ እቶም ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ንኽእሎም፡ ካልኣይ መድረኽ ንኽእሎምን ሳልሳይ መድረኽ ንኽእሎምን ኢልና ዝርዝር መደባት ናይ ውጥናትና ኣውጺእና ኣለና። ንዕኡ፡ ዘድሊ ሕጂ ኣብ ኩለን እተን ዝጠቐሰን ዘለኹ መደባት ቅድም ቀዳድም ዝመጽእ ናይ ጸጋ ሰብ እዩ። ጸጋ ሰብና ናይ ብሓቂ ዘሐጉስ ምዕባለታት ኣርእዩ ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእል ኢና። ከምቲ ዝበሃግናዮ ኣይከደልናን ዘሎ። ናይ ትምህርቲ ስርዓት፡ ኣገባብ ኣመሃህራ፡ ናይ ተፈላለየ ሞያታት ሰባት ምስልጣን ከምቲ ዝደለናዮ ታርጌት ኣይወቕዐን። ነዚ ኵሉ ናይ ጸዓት፡ ናይ ማይ፡ ናይ ትሕተ ቅርጺ፡ ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ናይ ኢንዱስትሪ፡ ናይ ማኒፋክቸሪን ንብሎ ዘለና ሰብ መወዳእታኡ። ንዕኡ ዝበቕዕ ሰብ ክህልወክ ክኽእል ኣለዎ። ሞያውያን ክኢላታት፡ ተመኵሮ ዘዋህለለ ዓቕሚ ምሉእ ብምሉእ ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ ብኹሉ ምእንቲ ከተስርሖ ክትክእል።

ሕጂ ቀዳምነታት ኢልና ካልኦት ጽላታት ክሰርዕ ንኽእል ኢና፡ ልዕሊ ኵሉ ግን ጸጋ ሰብና ስለዝኾነ ሃብትና ንሓዋሩ ከኣ፡ ዘላቒ ወይ ሳስተይናብል ዝኾነ ምዕባለ ከነረጋግጽ እንተ ኰይንና፡ ንዕኡን ነዚ ኵሉ ንሕጽጾ ዘለና ስሪሒታዊ ውጥናት ከስርሕ ዝኽእል ብቑዕ ዓቕሚ ክህልወና ክኽእል ኣለዎ። ሰሪሕናሉ ቅድሚ ሕጂ፡ ፈቲንና ተዓዊትና፡ እንታይ እንታይ ጸገማት ኣጋጢሞሙና፡ እንታይ ተማሂርና ካብ ዘይተዓወትናሉ መደባት፡ እንታይ ክንገብር ኣለና፡ እዚኦም ሕጂ ምስ ማሕበራዊ መደባት ዝበሃል እዮም። ናይ ጥዕና ኣገልግሎታት ኣስፊሕካ ክትዝርግሕ፡ ናይ ትምህርቲ መደባት በብዝተፈላለየ ደረጃ ቅድሚ ሕጂ ዝተሓንጸጸ መርሓ ጎደና ዝርዝራት ከም ብሓድሽ ከሊስካ እንታይ እንታይ ተረኺቦም ኣለዉ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ ሳላሳ ዕስራ ዓመታት ዝኾኑ፡ ካብኦም ዝተማሃርናዮም ትምህርትታት እንታይ ኣለዉ፡ ነዚ'ውን ሓደ ካብ'ቲ ዓበይቲ ናይ ልምዓት መደባት ተባሂሉ ተታሒዙ ዘሎ እዩ። ነዚታት ሕጂ ኣብ ትግባረ ግጽና ክንከይድ እንተ

ኩይንና፡ እቲ ጸጋ ሰብ ምድላውን ምቕራብን ጥራይ ዘይኮነ፡ ናቱ ኣወዳድባን ስትራክቸር ምግባሩን ኣብ ኣድማዒ ዝኾነ ስራሕ ከምዝሳተፍ ምግባር እዚ ን2025 ንድሕሪኡ ዘሎ ተዘርዚሩ ዘሎ መደብ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል፡ ምናብላት ኣብ'ታ ድሕሪኣ ዘላ ሕቶ ክትመጽእ ትኽእል ኢኻ። ብሓፈሻ ግን ኣብ'ቲ ናይ ልምዓት መደባትና ንብሎ ተጻሒፉ ኣብ ወረቐት ተነዲፉ ኣብ ሸልፌ ኮፍ ዝብል ኣሎ ኢሎሙኻ ኣይትሕሰብ። መዓልቲ መዓልቲ እናተመለስካ ክትርእዮ ኣለካ፡ መዓልቲ መዓልቲ ከተሐድሶ ክትክእል ኣለካ፡ እንታይ ሓዲስ ተረኺቡ ኣሎ፡ እንታይ እንታይ ክትገብር ትኽእል፡ ትማሊ፡ ቅድሚ ትማሊ ዝበልካዮ ይሰርሕ'ዩ፡ ካብኡ ዝሓሸ ኽ እንታይ ኣሎ ሕጂ፡ ቀጻሊ ናብ ኢኖቬቲቭ ዝኾነ ናይ መደባት ዲናሚካዊ ኣመዓባብላ ኣቲና ክንሰርሕ ኣለና፡ ከም ኣሰራርሓ ከም ባህሊ'ውን ክኹስኰስ ኣለዎ ተባሂሉ ዝሰርሓሉ ዘሎ'ዩ፡ እዚ ሕጂ ኣቲናዮ ዘለና ቀደም ዝወዳእናዮም 2012 ክትግበሩ ኣለዎም ኢልና ዘውጻእናዮም ዝተፈላለየ መደባት ሎሚ ተመሊስካ ክትርእዮም ከለኻ፡ ኣንታ ተጋጊና ነይርና ኢና ሸዑ፡ ከመይ ኢሉ ነዚ ይሓስብ ነይሩ ሓንጎልና፡ እዚኣ ሽዓ ዝገበርናያ ጌጋ እያ፡ እዚኣ ኣመሓይሽና ከምዚኣ ክንገብራ ኣለና ኢኻ ትብል፡ ሕጂ ሎሚ ድሕሪ ዓሰርተ ክልተ ዓሰርተ ሰለስተ ዓመታት ክትርእዮ ከለኻ፡ ከምኡ እናገበርካ ነቲ መደባት እናሓደስትካ ዓቕምኻ'ውን እናመዘንካ ስለእትኸይድ ኣብ ጽቡቕ መኣዝን ኣለና። እቲ ጽቡቕ ነገር ዘይተዓወትናሉን ኣይተዓወትናሉን፡ ዘይሰለጠና ኣይሰለጠናን፡ እዚ ከኣ ነቲ ጸገማት ንምርዳእ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሓደስቲ ንገራት ንምሕንጻጽ'ውን ስለዝሕግዘካ፡ እቲ ኣቲትዩድ ንገዛእ ርእሱ ቀሊል ኣይኮንን፡ ግን እዞም ዝብሎም ዘለኹ መደባት ተሓንጺጾም ዘለዉ ሕጂ ዝያዳ ሪያሊስቲክ'ዮም፡ ድሕሪ ክልተ ሰለስተ ዓመታት ከ እንታይ ክመስሉ'ዮም እንድሕር ተባሂሉ ክመሓየሹ ይኽእሉ ሓዲሽ ነገር'ውን ክመጽእ ይኽእል፡ ብግብሪ እናገበርና ብእንመሃሮ ነገር'ውን ካብኡ እነማዕብሎ ካብኡ ብዝበለጸ ፕሮግራማት ክህልወና ስለ ዝኽእል በዚኦም ጥራይ ተዓጺና ኮፍ ኣይንብልን ኢና ተባሂሉ ዝስራሕ ዘሎ ንኹሉ ናይ ትሕተ ቅርጺ ናይ ማይ ናይ ጸዓት ናይ ሕርሻ ካልኦት ዝተፈላለዩ ናይ ምስናዕ መደባትና ከም ቀዳምነት ተሰሪዖም ዘለዉ እዮም።

ንበይንና ጥራይ ዘይኮነ ምስ መሻርኽትና'ውን፡ ምስ መሻርኽትና ከመይ ጌርና ኢና ንሰርሕ ዝበሃል እዚ ኵሉ ኣፍሪቃ ሓደ ሃገር፡ ምስ ሩስያ፡ ሱዑዲያ፡ ምስ ቻናይ፡ ምስ ሓደ ምስ ሓደ፡ ምስ ጥልያን ዘብል ዘሎ ፓርትነርሺፕ'ውን፡ እቲ ፓርትነርሺፕ ንብሎ ንሕና ይሰርሕን ኣይሰርሕን ዘይኮነ እቲ ሕቶ፡ ብኸመይ መገዲ ንዓና ናይ ልምዓት መደባትና ምስ'ቲ ክምስረት ዘለዎ ሽርክነት ነወሃህዶን

*ነወሳስቦን ዝበሃል’ውን ኣብ ግምት ዘእተወ ምስ ኵላቶም ብግሁድ ንዛረበሉ እንታይ ኢኻ ትብሎ፡ ቀዳምነታትኩም እንታይ’ዩ ሓደ ክልተ ሰለስተ ቀዳምነታትና እዚኦም’ዮም፡ ዝርዝር ፕሮጀክትታት ኣለኩም ኣለናው፡ ብግዜ ሰሌዳ ኣለኩም ኣለና እዚአን እዚአን ኣለዋና፡ ንዕኡ ዘድሊ ጸጋታት ኣለኩም የብልናን ኣለና ንብለሉ ንዛረብሉ ብኸምኡ’ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ስለዚ፡ ኣብ’ቲ ሓፈሻዊ ናይ ልምዓት መደባትና ሃገራዊ ናይ ልምዓት መደባትና መመሊሱ እናወርጸጸ ዝኸይድ ዘሎ፡ ምስ ግዜ ከኣ ናይ ትግባረኡ ውሕስነት እናተረጋገጸ ዝኸይድ ዘሎ’ዩ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል።*

***ሕራይ ክቡር ፕረዚደንት፡ እተን ናይ ጸዓትን ናይ ኣባይቲን እኮ ብሓባር ስለዝገበርካየን ነተን ሕቶታት ክንሓልፈን ኢና ማለት’ዩ። ኣብ’ቲ ኣገልግሎት ናይ ህዝባዊ መጎዓዝያ ናብኡ ክንሰርግር ኢና። ኣገልግሎት ህዝባዊ መጎዓዝያ ህዝቢ ክዛረበሉ ካብ ዝጸንሐ ዓበይቲ ጉዳያት ሓደ እዩ። ኣገልግሎት ህዝባዊ መጎዓዝያ ካብ’ዚ ዘለዎ ኩነት ወጺኡ ናብ ዝሓሸ ደረጃ ንምስግጋሩ እንታይ ይሕሰብ?***

እዚ ዘከራኽር ኣርእስቲ ኣይኰነን። ዝበለጻ ኣውቶቡሳት ክህልዋ ኣለወን፡ ናይ ከተማታት ኣውቶቡስ ዘይኰነ ናይ ርሑቕ ገጠራት ዝኸዳ፡ ካብ ጥዑይ ጽርግያ ወጻኢ ኣብ ናይ ሓመድ ጽርግያ ክኸዳ ዝኽእላ፡ ምሉእ ኣገልግሎት ዝህባ፡ ንኹሉ ከባቢታት ናይ’ታ ሃገር ዝበጽሓ ቀዳምነት ከኣ ነቶም እተዋሰኑ ማርጂናላይዝድ ከባቢታት ንዓታቶም ኣገልግሎት ዘብጽሕ ናይ መጎዓዝያ መሳለጥያ ክህሉ ኣለዎ። ክንደይ ኣውቶቡሳት ነምጽእ፡ ካበይ ነምጽእ፡ ከመይ ጌርና ነምጽአን እዩ እቲ ሕጂ ዝዝረበሉ ዘሎ ሕቶ። እንተዘየለ፡ እዚ ሕጂ ዘሎ ኣገልግሎት ኣኻሊ’ዩ ኢልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ንሓደ ዜጋ ኣብ ዝደለዮ እዋን፡ ኣብ ዝደለዮ ቦታ ክንቀሳቐስ ብዘይ ሓረጣ እንድሕሪ ኣገልግሎት ከተቕርበሉ ክኢልካ፡ ኣብ ቍጠባን ኣብ ዕብየት ናይ’ቲ ቍጠባን ዘለዎ ኣበርክቶ ቀሊል ኣይኰነን። ናይ ሓደ ናይ ዓሰርተ ናይ ሽሕ፡ ናይ ዓሰርተ ሽሕ፡ ናይ ሚእቲ ሽሕ፡ ኢልካ ክትዛረብ ትኽእል፡ ናይ ልዕሊ ሚልዮን፡ ክልተ ሚልዮን፡ ሰለስተ ሚልዮን፡ ኣርባዕተ ሚልዮን ኢልካ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ፡ ኵሉ ዜጋ ምሉእ ኣገልግሎት ናይ መጎዓዝያ ክረክብ ከሎ፡ ክሳብ ክንደይ ኣብ ቍጠባ ናይ’ታ ሃገር ዕብየት ናይ’ቲ ቍጠባን ኣበርክቶ ይገብር ኣሎ፡ ሕጂ ኣገልግሎት መጎዓዝያ ምሉእ ምግባር ጥራይ ዘይኰነ ክድኅም ክኽእል ኣለዎ። ድኅማ ማለት ናቱ ሞኅት ኣለዎ፡ ናቱ ሎጂክ ኣለዎ፡ ካብዚኣ ናብዚኣ ክትንቀሳቐስ ምእንቲ ክንዲኣ ክፈል፡ ክንዲዚኣ

ወጻኢታት ይገብር ኣለኹ፡ ናይ ጎማን ናይ ነዳዲ ናይ ጉልበት ናይ ገለ መለ ኣይኮነን፡ ንነፍሲ-ወከፍ ዜና ተቐርበሉ ኣገልግሎት ብድኅማ ብሳብሲዲ ንዕኡ ኣሳልጦ ሂብካ፡ ንሱ ኣብ ቍጠባ ኣበርክቶ ከምዝገብር ምግባር'ዩ። ካልኦት ሴክተራት'ውን ከምኡ።

መጕዓዝያ ግን ወሳኒ'ዩ፡ መጕዓዝያ ንዝተፈላለየ፡ ማለት ይትረፍ ንሰብ ንጥሪት'ውን መጕዓዝያ ምሉእ ኣገልግሎት ክህሉ ክኽእል ኣለዎ፡ ካብ ርሑቕ ገጠር ናብ ከተማታት ዝገዓዓዝ ኣሕምልቲ፡ ዝገዓዓዝ ጥሪት ኣሎ እንተ ኰይኑ፡ ንዕኡ መሳለጥያ ከተብለሉ ክትክእል ኣለካ። ነዚ ሕጂ ዘሎ ኣብ'ቲ ናያ መወዳእታ ነጥቢ ናይ ንግድ ወይ ገለ ከም ኣርእስቲ ክትመጽእ'ያ፡ እንታይ'ዩ እቲ ጸገም ዝኸውን ዘሎ፡ ካብ ደገ ዝመጽእ ፍርያት፡ ካብ ደገ ዝኣቱ ኣገልግሎታት ጥራይ'ውን ዘይኰነ፡ ንገዛእ ርእሱ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝቀላቐል ዘሎ ዝቕባበ ወይ ኢንፊለሽን ዘየድሊ ክብሪ ናይ መሰረታውያን ሃለኽቲ፡ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ብግቡእ ስለዘየለዉ'ዩ። ሓደ ካብኦም መጕዓዝያ እዩ። ካብ'ዚ ከባቢ'ዚ ሓምሊ ኣሎ፡ ኣህላኺ ክጥቀመሉ ምእንቲ ነዚ ሓምል'ዚ ጽዒንና ኣብ ዕዳጋ ከነብጽሖ ኢና ክበሃል ከሎ፡ ዘፍረየ ክረብሓሉ ኣብ መወዳእታ ከኣ ኣህላኺ ብግቡእ ክጥቀመሉ ምእንቲ፡ መጕዓዝ ክትቕርብ ክትክእል ኣለካ። መጕዓዝያ ከኣ ናህሪ ናይ ዋጋታት ዘየዛይድ፡ ነቲ ዘፍሪ ዕድላት ዝኸፍተሉ፡ ነቲ ዘህልኽ'ውን ኣብ ዝደለዮ እዋን ዝደለዮ ከምዝረክብ ዝገብር ኣገልግሎት ክትቕርብ ኣለካ። እንታይ'ዮም እቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝፈርዩን ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣብ ዝተፈላለየ ዕዳጋታት ዝቐርቡን፡ እንታይ'ዩ ዋጋታቶም፡ ኣብ መነባብሮ ናይ ሰባት እንታይ ጽልዋ የምጽኡ ኣለዉ ሓዲሽ ፍልስፍና ኣይኰነን እዚ። ስለዚ፡ መሰረታዊ ፍታሕ ከተምጽእ ምእንቲ ኣብ ሞንጎ ኣፍራዩን ኣህላኽን ዘሎ ዝምድና ወይ ጕዕዞ ክሓጽር ኣብኡ ዝግበር ወጻኢታት ከኣ ኣደራዕ ናይ መነባብሮ ሓረጣ ናይ መነባብሮ ዘይፈጥር ዅነታት ከተምጽእ ምእንቲ ናይ መንግስቲ ኣገልግሎታት ብድኅማ ንዅሉ ህዝቢ ንዅሉ ዜጋ ክቐርበሉ ክኽእል ኣለዎ።

ኣውራ ነቶም ኣብ ምሕዱግ ከባቢታት ዘለዉ ክረኽቡ ክኽእሉ ኣለዎም። ኣውቶቡሳት ክንደይ ግዜ የድልዮ ሓደ ኣዝዩ ካብ ርሑቕ ገጠር ናብ ጎረቤት ናብ ዘመድ፡ ናብ ቤተሰብ ናብ ከተማ ናብ ካልእ ከባቢታት ክንቀሳቐስ ዝደሊ፡ ኣእምሮኡ ቀሲኑ ኣብ ዝደለዮ ሰዓት ትኬት ቆሪጹ ክንቀሳቐስ ክትገብር ክትክእል ምእንቲ ገጂፍ ኔትዎርክ ናይ ጽርግያ ናይ ኢንፍራስትራክቸር ዝበሃል ዘሎ ምስኡ ዝተኣሳሰረ'ዩ፡ ኣብ ጽርግያታ ጥራይ ተሓጺርካ ግን ኣይትተርፍን ኢኻ፡ ማዕሪኡ ኣገልግሎት ናይ መጕዓዝያ፡ ናይ ገማግም ባሕሪ ኣብ ግምት ኣእቲኻ'ውን። ኣብ

ገምግም ባሕሪ ንቱሪዝም ጥራይ ዘይኰነ፡ ንኽንቀሳቐስ ዝደለየ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብዘይካ ናይ መሬት ናይ ባሕሪ ምንቅስቓስ'ውን ክህሉ ክኽእል ኣለዎ። ኣልቲሜትሊ ናይ መወዳእታኡ ኸ ናብ ናይ ኣየር ምንቅስቓስ ከ ኣይንሓስብን ዲና፡ ዘቤታዊ ዶሞስቲክ ናይ መጐዓዝያ ኣገልግሎት ክነቕርብ'ውን ርሑቕ'ኳ እንተኾነ፡ ሕጂ ኣብኡ ስለዘይበጻሕና ደሓን ይጽንሓልና ኢልና ከነወዝፎ ንኽእል'ኳ እንተኾነ ብዛዕባኡ ኸ ኣይንሓስብ ዲና ክትብል ትኽእል ኢኻ። የግዳ፡ ቅድሚ ኵሉ፡ ንኹሉ ዝባጻሕ ናይ መሬት መጐዓዝያ ከተርቕርብ ክትክእል ኣለካ። ብሓፈሻዊ ገምጋም ምስ እንገልጾ ግንል ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ኣርብዓ ሚእታዊት ሳላሳ ሚእታዊት'ውን ኣይንሽፍንን ኢና ዘለና። ሚእቲ ካብ ሚእቲ ክንሽፍኖ ግን ክንክእል ኣለና።

**ክቡር ፕረዚደንት፡ ንግዳዊ ንጥፈታት ንምብርባር ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዱስትሪን ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣወሃህባ ሓዲሽ ፍቓድ ዋኒን ዝምልከት ዘውጽኦ ስተመሓየሽ መምርሒ ኣሎ። ምስ'ዚ ተኣሳሲሩ፡ ወፊር ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ናይ ዝርከቡ ዜጋታት ናይ ምትብባዕ እንታይ መደባት ኣሎ?**

እወ ሕጂ እቲ ንግዳዊ ዝበሃል ብሚኒስትሪ ዝግለጽ ዘሎ ነዞም ክጠቕሶም ዝጸናሕኩ ጉዳያት ዝምልከት እዩ። ዘይሕጋዊ ንግዲ ምቁጽጻር ዘይብሉ ንግዲ፡ ግብሪ ዘይከፍል ንግዲ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ እቲ ዝዓበየ ሃስያ እዚ ሕጂ ናይ ፖሊሲ ምምሕያሽ ክግበረሉ ኣለዎ ዝበሃል ዘሎ፡ ካብ ኣፍራዪ ናብ ኣህላኺ ዝበጽሕ ሃገራዊ ፍርያት ብኸመይ መገዲ'ዩ ዝንቀሳቐስ፡ እቲ ንግዳዊ ዘቤታዊ ዝበሃል ንግዲ ማለት'ዩ። ንኣብነት፡ በጊዕ ካብ ሃይኮታ ብሸውዓተ ሚእቲ ተገዚኣ ኣስመራ እንተ ደኣ ክልተ ሽሕ ስለስተ ሽሕ ትሽየጥ ኣላ ኢሎሙኻ በየናይ ሎጂክ? ሕጂ ዘፍረየ ሞሳኡ ክረክብ ክኽእል ኣለዎ፡ ደሕሪኤን መዋእሉ ዝጓሰየን ኣብ መወዳእታ ኣብ ዕዳጋ ከብጽሐን ክኽእል ኣለዎ፡ እቲ ሸማታይ ከኣ ብርትዓዊ ዝኾነ ዋጋ ክረክብ ክኽእል ኣለዎ፡ ኣብ ሞንጎ ዘበጻጽሕ ነጋዳይ እንተሎ ብርትዓዊ መኽሰብ እዚኣን መኽሰብ እዚኣን ኣለዎ፡ ካብ ኣፍራዪ ናብ ኣህላኺ ኣብጺሑወን ኢሉ ክዛረብ ክኽእል ኣለዎ፡ እንተዘየለ ብሓረጣ ሰብ ከተብል ኣይትኽእልን ኢኻ፡ መብዛሕቲኡ ናይ ንግድ ጸገማትና ከጋጥም ዝጸንሐ እንታይ'ዩ፡ ዘየድሊ ክብሪ ናይ ኣገልግሎታት፡ ዘየድሊ ክብሪ ናይ ፍርያት፡ ካብ ደገ ብኮንትሮባንዶ ይመጽእ ዝበሃል፡ ብዝተፈላለየ መገዲ ይኣቱ ዝበሃል፡ ኣብ መወዳእታ ነቲ ኣህላኺ ጽዕነት እዩ ዝፈጥረሉ ዘሎ፡ እዚ ኵሉ ሰራሕተኛ ናይ መንግስቲ ምስ ድሩት ደሞዙ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ዕዳጋ

ኵነታት ከዋጻጽኦ ኣይክእልን'ዩ፡ ስለዚ ንዕኡ ዘቃልል ርትዓዊ ዝኾነ ናይ ንግዲ ንጥፈታት ክህሉ ክኽእል ኣለዎ፡ እዚ ግን ንውሽጣዊ ንዘቤታው ጥራይ ዝበሃል ዘሎ እዩ።

ናይ ደገ ኸ? ናይ ደገ እቲ ዝዓበየ ብድሆ'ዩ፡ ነዊሕ ግዜ ተሰሪሕሉ፡ ነዊሕ ግዜ ተሓሲብሉ፡ ሓዲሽ ምህዞ'ውን የብሉን ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግን ኣብ ደገ ዘሎ ዜጋ ቍጠባ ማለት ናይ ውልቂ ይኹን ናይ ስድራኡ ይኹን ናይ ከባቢኡ፡ ናይ'ታ ሃገር ቍጠባ እዩ። ኣብ ዝተቐመጠ ይቀመጥ። ዘለዎ ዕድል፡ ካብ'ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ዜጋ ዝበለጸ ዕድል ስለ ዘለዎ ኣብ ወፍሪ ክሳተፍ ዝበለጸ ዕድል ኣለዎ። ኣብዚኣ ደረት ኣላ፡ ኣብዚኣ ሴክተር እዚ፡ ኣብ'ዚ ኢንዱስትሪ'ዚ፡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ መደብ ክሰርሑ፡ ኣብ ኵሉ መደብ ክኣትዉ ክኽእሉ ኣለዎም። ምጽእ ኢልካ ግን ከነተባብዕ ኣለና ኢልካ ኣብ ክሰርሕሉ ዘይክእሉ ዓውዲ ከተእትዎም ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብ ሆቴልን ኣብ ሪስቶራንትን ጥራይ ኣይኰነን ወፍሪ ዝግበር።

ኣብ ሕርሻ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ወፍሪ ኣሎ፡ ኣብ ምስናዕ ኣብ ነንበይኖም ዓውድታት ዝጽበየና ዓበይቲ ናይ ወፍሪ መደባት ኣሎ፡ ኣብ ዝተራቐቐ ካልእ ዓበይቲ ናይ ሓጺን ናይ ፕላስቲክ፡ ናይ ኤለክትሮኒክስ፡ ነንበይኖም ኢንዱስትሪያዊ ምዕባለታ'ውን ዓበይቲ ዓበይቲ መደባት ኣለዉና፡ ነዚ ዘድልየና ዓቕሚ መንግስቲ ከውፍር ይኽእል'ዩ፡ መንግስቲ ግን ኣብ ድሩት ከባቢታት ጥራይ'ዩ ክሰርሕ ዝኽእል። እዞም መሰጋገሪ ክኾኑና ይኽእሉ'ዮም ካብ ናይ ድጎማ፡ ካብ ናይ ዕንጋሎ፡ ካብ ናይ ሳብሲስተንሲ ዕዳጋ ወጺእና ናብ ናይ ማኒፈክቸሪን ክንከይድ ኢና ክንብል ከለና፡ ናብኡ ክንከይድ ምእንቲ ኣብ ኵለን ሴክተራት እንተላይ ዕደና ወፍሪ ናይ ኣብ ደገ ዘለዉ ዜጋታት ክህሉ ክኽእል ኣለዎ፡ ነዚ ሕጂ ቀጻሊ እገዳታት ቀጻሊ እገዳታት ክግበረሉ ስለ ዝጸንሐ እዚ ሳላሳ ዓመታት ዝረኣናዮ እገዳታት ከ ኣብኣ እያ፡ ዓቕምና ብግቡእ ከይንጥቀመሉ ምእንቲ ኣብ ደገ ዘሎ ዜጋ ከምዝለምስ ምግባር'ዩ፡ ኣብ ቍጠባ ሃገር ኣድማዒን ንጡፍን ተሳትፎ ከምዝህልዎ ምግባር እቲ ሃዋሁው ክዋደድ ክኽእል ኣለዎ፡ እዚ ከኣ ብሕጊ ብኣውጃት ብግብሪ ከኣ ንዕኡ ዝኸውን ምቹእ ኵነታት ክፍጠር ክኽእል ኣለዎ፡ ናይ ትሕተ ቅርጺ ናይ ማይ ናይ ጸዓት ናይ ዝተፈላለዩ ንዛረበሎም ዘለና ናይ ልምዓት መደባት ከኣ ነቲ ሃዋሁው ንምውዳድ ማለት'ዩ፡ ድሕሪኡ ከመይ ጌርካ ወፍሪ ትገብር፡ እንታይ ዓይነት ፍርያት ተፍሪ፡ ክንደይ ወጻኢታት ትገብረሉ፡ ዓይነት ናይ ፍርያትካ እንታይ ይመስል፡ ኣብ ዞባዊን ዓለማዊን ዕዳጋታት ከመይ ጌርካ ተቕርቦም ዝበሃል ኣካራኻሪ ሕቶታት የብሉን ቀሊል ነገር'ዩ። ነዚ ምቹእ ሃዋሁው ክትፈጥር ምእንቲ ከኣ፡ ጽርግያታት

ክህሉ ኣለዎ፡ ኣገልግሎት ኤለክትሪ ክህሉ ኣለዎ፡ ማይ ክህሉ ኣለዎ፡ ጉልበት ናይ ሞያውያንን ክኢላታትን ክህሉ ክኽእል ኣለዎ፡ ነዚ ወፍሪ'ዚ ክሕግዝ ምእንቲ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ሰብ ዘለዎ ዕድል ኣዝዩ ዝተደረተ'ዩ፡ እቲ ዝበዝሕ ኣብ ከምዚ ክዋሳእ ዝኽእል ከኣ ኣብ ደገ ዘሎ ስለዝኾነ፡ ንዕኡ ምቹእ ሃዋሁው ምፍጣር እዞም እንዛረበሎም ዘለና ናይ ልምዓት መደባት ዝበሃላ ብምውዳድ እዩ። ክንደይ ግዜ ክወስድ ይኽእል፡ ናይ ብሓቂ ኣብ ዝብጻሕ በጺሕና ዲና፡ ኣብ ደገ ዘለዉ ዜጋታት ዘለዎም ተገዳስነትን ንቕሓትን መዳርግቲ የብሉን።

ሕጂ ግን ዘይተዋደደ ሃዋሁው፡ ዘይተዳለወ ከባቢታት፡ ንዕኡ እነህለ ኣብዚ ግበሩ ኣብ'ቲ ግበሩ ኣይትብልን ኢኻ፡ ንሽምኡ ዝኸውን ኣይኰነን፡ ስለዚ ንገዛእ ርእሱ ነቲ ናይ ወፍሪ መደባትና ንሓዋሩ ካብ'ዚ ዘለናዮ ናይ ሳብሲስተንሲ ቍጠባ ኣውጺኡ ናብ ኣዝዩ ኢንዱስትሪያዊ ዝኾነ ናይ ምስናዕ ደረጃታት ዘሰጋግረና እሞ ብቕዓት ዘለዎ ቍጠባ ኣብ ምዕቡል ደረጃ ኣብጺሕና ኣለና ክንብል ምእንቲ፡ እዞም መደባት እዚኣቶም ኣንፈት ንሃቦም እሞ በብመንገዶም ክዋስኡ ይኽእሉ'ዮም ኩላቶም። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ሰብ'ውን ኣብኡ ኣትዩ ዘይሰርሓሉ ምኽንያት የለን፡ ግን ቅድም ክዋደድ ክኽእል ኣለዎ። ኪድ ፈትን ዕድልካ ርአ እናበልካ ኣይተብልን ኢኻ፡ መርሓ ክትህብ ኣለካ እቲ ዝድለ ዘሎ። እዚ ሕጂ ድኅማ ድኅማ ዝበሃል ዘሎ ንገዛእ ርእሱ። ሓደ ካብ'ቲ ከይተጠቕሰ ክሓልፍ ዘይብሉ ናትና ባንካዊ ኣገልግሎታት ከ እንታይ ይመስል? ኣብ ምንታይ ደረጃ ኣሎ? ንሽምዚኦም ዝኣመሰሉ ወፍሪታት ቅድሚ ሕጂ ዝተገብረ ፈተነታት ኣብ ምንታይ ደረጃ ኣሎ? ንግዳዊ ባንክ ኣሎ፡ ናይ ልምዓት ባንክ ኣሎ፡ ሓደ ኣሎ ሓደ ኣሎ ብዙሕ ነገራት ከተምጽእ ትኽእል ኢኻ። እዚ'ውን ንገዛእ ርእሱ ምስ'ዚ ዘሎ ቀጻሊ ጸቕጢ፡ ቀጻሊ ማሕለኻታት ናይ ደገ ክሳብ ክንደይ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ወፍሪ ናብ ዝተፈላለየ ዓውዲታት ከተባብዕ ይኽእል ዝበሃል'ውን ጎሲኻዮ ዝሕለፍ ኣይኰነን። ባንካዊ ኣገልግሎታት ማዕረ ማዕረ ዝተፈላለየ ናይ ወፍሪ ፖሊሲታት'ውን ተሰማሚዑ ክኸይድ ስለዘለዎ፡ ነዚ'ውን ግቡእ ባይታ ክፍጠረሉ ክኽእል ኣለዎ፡ እቲ ሃዋሁው ከብል ክኽእል ኣለዎ፡ ብቕዓት ኣሎ ዲዩ? እንታይ ብስልቲ ብቕዓት? ካብ ምቁጽጻር ወጻኢ ዝኸይድ ዘሎ ገንዘባዊ ዝርግሐን ኣገልግሎትን ብሽመይ ብሽመይ ክጥመት ይከኣል? ናይ ደገ ናይ ሽርሒ ናይ ገለ ገዲፍካ ማለት'ዩ።

ንሱ፡ ከም ልሙድ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ውሽጡ ዘሎ ኣሰራርሓ ግን ብቑዕ ዲዩ? እዚ ሕጂ ናይ ወፍሪ ናይ ወፍሪ ንግዲ ኢንዱስትሪ ዝበሃል ዘሎ ንዅሎም እዞም ጉዳያት ዘጠቓለለ ስለ ዝኸውን እዞም ክጠቕሶም ዝጸናሕኹ ናይ ልምዓት መደባትና ይኹን ጽላት ብጽላት ኢንዱስትሪ ብኢንዱስትሪ ሒዝናዮም

ዘለና፡ ነዚ ዕድል እዚ ዝፈጥር እዩ። ሚእቲ፡ ሽሕ፡ ዓሰርተ ሽሕ፡ ፍርቂ ሚልዮን ሰባት ተዋሲኦም እንተ ሰሪሖም፡ ንሳቶም ክፈጥሩዎ ዝኽእሉ ሓይሊ ናይ ቊጠባ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኵነታት ዘለኺ ክብል ኣይክእልን'ዩ። ንዕኡ ክትፈጥር ግን ንዕኡ ዝኸውን ባይታን ሃዋሁውን ከተዋድድ ስለዘለካ፡ እዞም ነተኣታትዎም ዘለና ኣዋጃት ፖሊሲታት ነመሓይሾም ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይኹን፡ ንዕኡ ዘድሊ ስትራክቸር ንዕኡ ዘድሊ ቅርጺ ኣርቲተክቸር ኮፍ ምባል'ውን ቀሊል ስለዘይኰነ ዝስርሓሉ ዘሎ እዩ። ምስታ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዋ ናይ ሞያ ጉዳይ ግን ዓባይ ብድሆ'ያ። ንዓኣ ክንሰግራ ስለ ዘለና እዚ ሕጂ ዝግበር ዘሎ መደባት ንንግዳዊ ንጥፈታት ይኹን ዝተፈላለየ ካልኦት ዕድላት ነዚን ንወዲ ኸምዚን ኣብ ግምት ኣትዩ፡ ናይ ፖሊሲ ምትዕርራይ ዝግበረሉ ይግበረሉ፡ ምምሕያሽ ዝግበረሉ ይግበረሉ፡ ቅርጻዊ ምትዕርራይ ዝግበረሉ ቅርጻዊ ወይ ስትራትክቸራል ምትዕርራይ ይግበረሉ፡ ልዕሊ ኵሉ ከኣ ኣብ ሪሶርስ ሞቢላይዜሽን ጸጋታት ኣብ ምጉስጓስ ክመጽእ ከሎ፡ ቅድሚ ሓደ ናይ ሰብ ጸጋኻ መዚንካ ዝከኣልን ዘይከኣልን ፈሊጥካ ንዕኡ ዘድሊ ጸጋ ክትጕስጕስ ኣለካ ስለዝኾነ ከይድና ከይድና እቲ ናይ ንግድን ወፍሪን ዝበሃል ዘሎ መደባትና ካብ ግዜን ናብ ግዜ'ውን ቀሲንናሉ ንኸይድ ኣለና ክንብል ኣይንኽእልን ኢና።

ተስፋ ዝህብ ነገር ኣሎ ጽቡቕ ፖተንሻል ከም ኣኽእሎ፡ ንሓዋሩ ግን እቲ ነዋድዶ ዘለና እናዓቀንና ክንፈልጦ ክንክእል ኣለና፡ ናይ ብሓቂ ነቲ ዝድለ ሃዋሁው ይፈጥር ኣሎ ዲዩ ኣይፈጥርን ኣሎ ትግባረ ናይቶም መደባት በቲ ወጺኡ ዘሎ ስሪሒታዊ ዝርዝራት እናተዓቀነ ስለ ዝኸይድ፡ ኣብ ዝጠዓመ እዋን እቲ ዘድሊ ስጕምቲ ክውሰድ ይከኣል፡ ኣብ ደገ ዘለዉ ዜጋታት ከኣ ቀዳምነት ናይ ቀዳምነት ስለዝወሃቦም፡ ኣንደራእ  ኢልካ ዝእቶ ዘይኰነ ኣብ ዝተጻንዐ መርሓ ኀደና ኣትዮም ክሰርሑ ዝኽእሉ ፖሊሲታት ኣብ ምምዕርራይ ኢና ዘለና ኣጻፊፍና ወዲእናዮ ክንብል ኣይንኽእል ኢና። ምናልባት ምስታ ናይ ኣባይቲ ኢልኩም ኣምጺእኩምዎ ዝነበርኩም፡ ዓንቶቦይ ጠቒሰያ ዝነበርኩ ግን፡ ናይ ኣባይቲ መደባትና ስለዘይተዓወተ ሪስትራክቸር ንገብሮ ኣለና ትካላትና ብምልኡ። ነዘን ሕጂ ተኀቲተን ደንጕየን ዘለዋ መደባትና ከኣ፡ ሓይልታት ምክልኻል ምሉእ ብምሉእ ኣትዩ ክሰርሓለን እዩ።